www. shalom 7.org/debora



# መጽሄት ዲቦራ

መጽሄት ዲቦራ ጥሪ 2018

ናይ እያሱ ወለዶ ንቅድሚት!

ከምቲ ኣብ ኢድ ጅግና ዘሎ ፍላጻ (ብሓይሊ ተወርዊሩ ዕላምኡ ዚወቅዕ)፣ ውሉድ ንእስነት (ናይ እያሱ ወለዶ) ከምኡ እዮም። ጉልድባኡ ብእኦም ዝመልአ ሰብኣይ (ኣቦ፡ ጓሳ፡ መምህር) ብጹእ እዩ (መዝ127፡4-5)።

# ትሕዝቶ

















4 ዓምዲ - እዋናዊ ቃል

ዘሩባቤል ክትንስእ እንተኾይኑ ግን፣ ቀጻሊ ዘይቲ ዝመልእዎ ክልተ ኣዋሊዕ (ነብያት) የድልይዎ

7 ዓምዲ - እዋናዊ ሕቶ

ንናኣዳን ንጸለመን ብማዕረ ዝቐበል ልቢ ይሃልኻ!

9 ዓምዲ - ቤተሰብ

ወርቂ ብሓዊ ከምዝሓልፍ ንገንዘብና ኸኣ ብመንፈስ ኣምላኽ ነሕልፎ።

11 ኣማንን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን

ብቋንቋታት ክንጽሊ ከለና ኣየራትና ንመንፈስ ቅዱስ ዝምቸኦ ነገራት ይመልእ።

14 ዓምዲ - ነፍሰየ

እምነት ካብ ተስፋታት ኣምላኽ እያ እትምንጩ እሞ ብተስፋታት ኣምላኽ ምላእ።

15 ዓምዲ - ሓድሽ ተኽሊ

ጎይታኹም በየነይቲ ሰዓት ከም ዝመጽእ ኣይትፈልጡን ኢኹም ኣሞ ንቐሑ!

17 ዓምዲ - ምስክርነት

እቶም ኣብ ኢድ ጎይታ ዘለዉ ሸውዓተ ከዋኽብቲ ንሕና (ኣገልገልቲ) ኢና።

24 ዓምዲ - ካብ ዘንበብናዮ

ኣብ ልቢ እግዝኣብሄር ዘሎ ጸጋ እምበር ሕጊ ኣይኮነን!

26 ዓምዲ - ትምህርቲ

ዕላማ ኢዛቤል ሰበይቲ ርእሲ ሰብኣይ ጌርካ ስርዓት ምፍራስ'ዩ

28 ዓምዲ - ተወርወርቲ ፍላጻታት

ናይ ቤት ሓሞር ርኽሰት ናብ ቤት ኣምላኽ ኣይነትኣታቱ!

29 ዓምዲ - ኣነቓቓሕቲ ስብከታት

ቂም፣ ዓመጽ፣ ጽልኢ፣ ትዕቢት፣ ፍትወት ስጋ ወዘተ መንፈሳዊ ስሕበት እዮም።

30 ኩርናዕ - ምኽርን ማዕዳን

ነቲ ሰማያዊ ጻውዒትካ ተላበሶ!

31 ኩርናዕ - ጥቕስን ሒደት ብዛዕባን

ትዕግስቲ ልብሲ ቅዱሳን እያ

33 ሕብራዊት ዓምዲ

ምእዛዝ እቲ ዝዓበየ ደረጃ ኣምልኾ እዩ!

34 ዓምዲ - ህጻናት

ምስ ኣሕዋትካ ምውድዳር ዘይኣምላኻዊ ባህሪ እዩ!

# መልእኽቲ ዲቦራ

ዲቦራ” ትብል እብራዊት ስም፡ “ንህቢ” ዝብል ቀጥታዊ ትርጉም ክህልዋ እንከሎ፡ ነታ ምርሒት ወሲዳ ተንሲኣ ብሓይሊ ንቕድሚት ትግስግስን፡ ንጸላእታ ረጊጻ እትዝምርን ቤተክርስትያን ዝውክል፡ ካብ መንፈስ ነብዩት ዲቦራ ዝርዓመ ተወሳኺ ምሳሌያዊ ምግላጽ ድማ ኣለዋ (መሳ4፡ 1-24 ፡ መሳ5፡ 1-31)፡፡

መጽሄት ዲቦራ፡ እግዝኣብሄር ነዚ ዕዮ እዚ ኢሉ ብዘንቅሖም፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሕብረታት ዘገልግሉን ዝግልገሉን ኣሕዋት እትዳሎ፡ ሰለስተ ወርሓዊት መጽሄት ኮይና፡ ከምተን ኩለን ኣሓት መጽሄታት፡ ስጋ ክርስቶስ ንምህናጽን ንህዝቢ ኣምላኽ ንምጽኣት ንምድላውን ዝዓለመት እያ (ኤፌ4፡11-13)። ነዛ መጽሄት (ከም ልሳን መንግስቲ ኣምላኽ መጠን)፡ ብጸሎት፡ ብምኽሪ፡ ጽሑፋት ብምብርካት፡ ስእልታት ብምስዳድን ብኻልእ መገድን ክትድግፉ እግዝኣብሄር ዘነቓቕሓኩም ኣመንቲ፡ ሓንጎፉይ ኢልና ከም ንቕበለኩም እናገለጽና፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻና ክትረኽቡና ከም እትኽእሉ ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ኩሉ ሕታማት ኣብ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቡ ትኽእሉ

ዳውንሎድ ክትገብሩ
www.shalom7.org/debora

ናብ ፌስቡክና ክትጽሕፉልና ከኣ
www.facebook.com/debo-rahwordoftruthmagazine



## “ዎ ! መጽሄት ዲቦራ፡ ብሓይሊ ንቕድሚት ገስግሲ።”

መጽሄት ዴቦራ ቦኽሪ ዓመታ ኣብ ተብዕለሉ ዘላ እዋን፣ ሓሙሽተ ሕታማት ንምዝርጋሕ ካብ ኣምላኽ ኮይኑላ ኣሎ።

ነዘን ሓሙሽተ ሕታማት ንምድላው ብጸጋን ምሕረትን ኣምላኽ እንተዘይከውን፣ ኣብ ትሕቲ እዚ ኣስራዚ ዝኾነ ሰማያት፡ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ዝኸሰት ከቢድ ተጻብኦታት፡ ቁጠባዊ ጸገማት፡ ሕጽረት መሳርሒታትን ሶፍት ዌይራትን፡ ድሩት ናይ ኢንተርነት ዕድላት፡... ዝኣመሰሉ ማሕለኻታት እናሃለዉ፣ ነዚ ዕዮ ምዕያይ ዘይክኣል ምኾነ።

በቲ ኹሉ ዝኽእል ኣምላኽ ግና ዘይክኣል ነገር የለን! ኤብን-ዔዘር! እግዚኣብሄር ክሳዕ ኣብዚ ረድኣና (1ሳሙ7፡12)።

መጽሄት ዲቦራ፣ ንህዝቢ ኣምላኽ ውዑይ ሕብስቲ (ሬማ ቃል) ብምሃብ ንምጽኣት ከተነቓቕሖ፡ ቤተክርስትያን ኣብ ቃል ሓቂ ንኽትጸንዕ ኣብ ምምእዛን ተርኣ ክትጻወት፡ ነቶም ከም ኣብ ኢድ ጅግና ዘሎ ፍላጻ ዝኾኑ ውሉድ ንእስነት (ናይ እያሱ ወለዶ)፣ ንኽትንስኡን ንኽውርወሩ መገዲ ክትጸርግን ደፋኢት ሓይሊ ክትከውንን ራኢ ኣለዋ።
ነዚ ዓሊሙ ኣብቲ ዛጊት ዝተሰርሐ ንእሽቶ ስራሕ፣ ድኻም ወይ ጉድለት ክህሉ ከም ዝኽእል እኳ እንተዘይስሓትና፣ ከምቲ ቃል ኣምላኽ፡ “እቲ ድኹም ‘ኣነ ጅግና እየ!’ ይበል” ዝበለ (ዮኤ3፡10)፣

ንሕና ዘይንጠቅም ባሮት ክነስና፣ ግናኸ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ኣባና ብርቱዕ ስለዝኾነ፣ ብብርታዔኡ ውን ኣባና መመሊሱ ከም ዝግለጽ ስለ እንተኣማመን፣ ብጸጋ ኣምላኽን ሽዑ ብዝግለጽ ክብሩን፣ ኣብ መጻኢ ካብዚ ዝበልጽ ዕዮ ከም እንዓዩ ብእምነት እናርኣና፣ ኣብ መንፈስ ናይዚ ቃልዚ ኴንና፡ “ዎ! መጽሄት ዴቦራ፣ ብሓይሊ ንቕድሚት ገስግሲ።” ንብል ኣሎና (መሳ5፡21)።

በዚ ኣጋጣሚ፣ ርሑስ ዓመት ንኹልና! 2018 እግዚኣብሄር ጣልቃ ዚኣትወላ ዓመት፣ ብቕብኣት፡ ብኽብሪ ብፍሉይ ሓይሊ እግዚኣብሄር ኣብ ህይወትና፡ ነገርናን ሃገርናን ዚግለጸላ ዓመት ትኹን! ክንብል ንደሊ። ሰላም!



# እምነት እንተሎካ ብጸግኡን ብምሕረቱን ክም ዘሩባቤል ክትበርህ ኢካ!

2017 ብምሕረት ኣምላኽ ሓሊፍካዮ ኣሎኻ። ብዙሕ ውረድን ደይብን ኣሕሊፍካ ኣሎኻ። ናይ ባህሪ ሽግር፡ ናይ ኣካይዳ ሽግር፡ ምስ እግዚኣብሄር ክህልወካ ዝግብኦ ቅርበት ከምቲ ዝግብኦ ዘይምኧን፡ ብግዚኡ ዝተዋህበካ ናይ ምሕረት ዕድል ዘይምጥቃምን ዝኣመሰለ ግድፈታት ክህልወካ ይኽእል ይኸውን።

ተመኩሮታትካ እንተድኣ ርኢኻዮ ውን ዘስሕቕ ክኸውን ይኽእል እዩ። 2017 ኣበይ ከምዘሕለፍካዮ እናርኣኻ፡ "ኣብ ናቱ መለኮታዊ መደቡ ድየ ነይረስ ወይስ ድራማ እየ ክሰርሕ ጸኒሐ፧" ክትብል ትኽእል ኢኻ። ግን እግዚኣብሄር ብኣኻ ተስፋ ኣይቆርጽን እዩ። ምኽንያቱ ነገርካ ዝልውጥ ጸጋ ኣለዎ። ንዓኻ ዝልውጥ ጸጋ ተዳልዩ ኣሎ።

ኤርምያስ ክጽዋዕ ከሎ ቆልዓ እዩ ነይሩ፣ ጳውሎስ ማለት ንእሽቶ ማለት እዩ። እግዚኣብሄር ግን ንኹነታቶም ዘይኮነስ ንኽኣልነቱ ርእዩ እዩ ተጠቒሙሎም። እግዚኣብሄር ነዚ ሎሚ ዘሎ ናትካ ድኻም ኣይምልከትን እዩ። ንኣብነት ታሪኽ ጴጥሮስ ክንርኢ ንኽእል ኢና።

ኣብ ዮሃ 21፡15 እንተተዓዚብና ጎይታ ንጴጥሮስ፡ "ስምኦን ወዲ ዮና" ኢሉ እዩ ጸዊዕዎ። ገና መንፈስ ኣምላኽ ዘይወረደ ስለ ዝነበረ ስምኦን ጴጥሮስ ኣይኮነን ነይሩ። ጴጥሮስ ዝገብሮ መንፈስ ኣምላኽ እዩ። ጎይታ ጸግኡ ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ለቐቐ እዩ ስምኦን ጴጥሮስ ኮይኑ። "ፔትራ" ማለት ብግሪኽ ከውሒ ማለት እዩ። ስምኦን ማለት ከኣ ሻምብቆ ማለት እዩ። ጎይታ ብመንፈሱ ነዚ ሻምብቆ እዚ እዩ ናብ ከውሒ ዝቐየሮ።

ንሕና ንቅድመ ታሪኽ ናይ ጴጥሮስ ምስ ረኣና፣ "ጴጥሮስ ሲ ከውሒ!" ክንብል ንኽእል ንኸውን። ግናኸ ኣብ ዮሃ21፡15-22፣ ጎይታ ንጴጥሮስ ክዛረቦ ከሎ እንተንቢብና ነቐፉን ክስን ኣይነበሮን። እዚ ብምኽንያት ምሕረት ክርስቶስ የሱስ ካልእ ዕድል ስለ ዝረኸበ እዩ። እግዚኣብሄር ብምኽንያት ጸግኡ ኣብ ውሽጢ ስምኦን ሓደ ሕቡእ ዝኾነ መንነት እዩ ተመልኪቱ። ክርስቶስ ኣብኡ ከምዝነብር።

እዚ ምሕረትን ጸጋን ኣምላኽ፣ ኣብ ጴጥሮስ ከምዝነበረ ኣባኻ ውን ከምኡ እዩ። ጎይታ ከም ኣብ ጴጥሮስ ክርስቶስ ኣባኻ ውን ይነብር ኣሎ። ንሰብ ኣይትመልከት። እግዚኣብሄር ከም ሰብ ብደገ ኣይዕዘብን እዩ። ናይ ውሽጢ (ነቲ ኣባኻ ዘሎ መንነቱ) እዩ ዝርኢ። ንኹነታትካ ወይ ንርእስኻ ውን ኣይትመልከት። ናትካ ንጥፈታት ርእዩ ኣይኮነን ጸዊዑካ። እግዚኣብሄር ዝምልከቶ ነገር ተሎ ነቲ ናቱ ክኣልነት እዩ። ብኽኣልነቱ ክምልከተካ እዩ።

ስለዚ ድኻምካ ኣይትመልከት፣ ሓደ ነገር ግን ፍለጥ። ሎሚ ናይ ትማሊ ነገር መወዳእታ ይኹን። ትማሊ ዝነበረ ሎሚ ግን ዘቋረጸ ጸጋኻ ርኢኻ ተስፋ ኣይትቑረጽ።
ኣብቲ መጽሓፍ እዝራ እንተድኣ ኣንቢብካሲ፣ ነቲ ተበራበር! ሰብ ኩሉ ደቂሱ ኣሎ፣ ንስኻ ግን ተንስእ። ሰብ ኩሉ ተስፋ ቆሪጹ ኣሎ፣ ንስኻ ግን ተንስእ። ንስኻ እንተደቂስካ ስራሕ ኣምላኽ ክቦኩር እዩ።

እቲ እግዚኣብሄር ንዘካርያስ ኣተንሲኡ ዘርኣዮ ራኢ፣ ሓንቲ ዘይትን ሸውዓተ መብራህትን ዘለዋ ብወርቂ ዝተሰርሐት ቀዋሚት ቀንዴል ኮይና፣ ኣብ የማንን ጸጋምን ናይቲ እንዳዘይታ ኸኣ ክልተ ኣዋሊዕ ነይረን (ዘካ4፡1-13)።




ዘሩባቤል ዝጀመሮ ምህናጽ ቤት መቕደስ፣ እቲ ዕዮ ከይተወድአ ገና እናዓየዩ ከለዉ፣ ጸላእቱ ብሓይልን ብኽእለትን እዮም ደው ኣቢሎሞ (እዝ4፡23-24)። ሽዑ ዕዮ እታ ኣብ ዮርሳሌም ዘላ ቤት እግዚኣብሄር ቦኺሩ።

እግዚኣብሄር ነቲ ዘቋረጸ ዕዮ ክቕጽሎ እንተኾይኑ መጀመርታ መንፈስ ዘሩባቤል ከሐድስ ነይርዎ። ነዚ ክገብር ከኣ ነቲ ደቂሱ ዝነበረ ነብዪ ዘካርያስ ኣባራቢሩ ራኢ ኣርእይዎ።

ነብዪ ክድቅስ እንተጀሚሩ ሽግር እዩ። ነብዪ እንተደቂሱ ሰብ ክመውት እዩ። ስለዚ ኣታ ነብዪ ተበራበር! ...

እታ ብወርቂ ዝተሰርሐት ቀዋሚት ቀንዴል፣ ምሳሌ ናይቲ ናይ ወርቂ ኣገልግሎት ዝነበሮ ግናኸ ቦኺሩ ዝነበረ ዘሩባቤል እያ። ዘሩባቤል ክትንስእ እንተኾይኑ ግን፣ ቀጻሊ ዘይቲ ዝመልእዎ ክልተ ኣውሊዕ (ነብያት) የድልይዎ ነይሮም።

እግዚኣብሄር ነዞም ክልተ ነብያት ማለት ንነብዪ ሃጌን ነብዪ ዘካርያስን ተማላላኢ መልእኽቲ ሂቡ ኸኣ ኣተንሲእዎም (ዘካ4፡1)።
ከም ውጽኢቱ ድማ ዘይቲ (መንፈስ ቅዱስ) ብመገዲ እቶም ክልተ ኣውሊዕ (ሃጌን ዘካርያስን) ናብቲ እንዳ ዘይቲ ናይቲ ቀዋሚ ቀንዴል (ዘሩባቤል) ክውሕዝ ጀሚሩ።

ሽዑ ንዘሩባቤል፡ “እዚ እቲ ንዘሩባቤል ዝኸውን ቃል እግዚኣብሄር እዩ፣ ብመንፈሰይ እምበር ብኽእለትን ብሓይልን ኣይኮነን’ ይብል እግዚኣብሄር ጎይታ ሰራዊት” ዝበል መልእኽቲ መጺኡሉ (ዘካ4፡6-7)። በቲ ዝመጸሉ ቃል ውን እቲ ደው ዘበሎ ቅልጽም ተወቒዑ፣ ዘሩባቤል ከኣ ተንሲኡ በሪሁ።

ናይ ዘሩባቤል ብርሃን ምብራህ ንብዘሎ እስራኤል ተስፋ እዩ ነይሩ። እግዚኣብሄር ከኣ ንደቂ እስራኣኤል፡ “መንፈሰይ ኣብ ማእከልኩም ይነብር ኣሎ...” ኢሉ ኣጸናኒዕዎም (ሃጌ2፡5)። እቲ ዓቢ ከረን ከኣ ጎልጎል ኮይኑ።

ንስኻ ድማ ሎሚ ኣብ ህይወትካ ዝቦኾረ ነገር እናርኣኻ ተስፋ ኣይትቑረጽ፣ ኣብ እዝራ 5፡1-2 እቶም ክልተ ነብያት (ነብዩ ሃጌን ዘካርያስ ወዲ ዒዶን) ብስም ኣምላኽ ተነብዮም፣ ዘሩባቤል ወዲ ሸኣልትኤልን እያሱ ወዲ ዮጻድቅን ተንሲኦም ኣብ የሩሳሌም ቤት ኣምላኽ ኪሰርሑ ከም ዝገበሩ፣ ኣነ ኸኣ እግዚኣብሄር ብዝሃበኒ ቃል፣ ብስም ኣምላኽ እንበየልካ ኣለኹ።

ሎሚ ንኣኻ ዝኸውን መልእኽቲ ኣሎኒ። ኣነ ኣብ ልዕሌኻ እዛረብ ኣሎኹ። ጎይታ ሎም መዓልቲ ብመንፈሱ ክድርኸካ እዩ። ኣባኻ ሓድሽ ነገር ክጅምር እዩ። መንነትካ ወይ እቲ ዝሓለፍካዮ ሽግራት ብዘየገድስ፡ እቲ ዘገድስ ቅልጽም እግዚኣብሄር እዩ።

እግዚኣብሄር ብመንፈሱ ንመንፈስ ዘሩባቤል ከም ዘንቅሖ፣ ዘሩባቤል ውን ተንሲኡ ዕዮ ቤት ኣምላኽ ከምዝቐጸለ፣ ንስኻ ድማ (በቲ መጺኡልካ ዘሎ ቃል) ተንስእ እሞ ህይወትካ ህነጽ! ተንስእ እሞ ኣካይዳኻ ለውጥ! ተንስእ እሞ ወንጌል ተዛረብ! ተንስእ እሞ ነገርካ ክለወጥ እዩ።

እዚ ኣባታቶም ብምኽንያት መንፈስ ቅዱስ ከም ዝኾነ ኣባኻ ውን ብምኽንያት መንፈስ ቅዱስ ከምኡ ክኸውን እዩ።

ተንስእ! ናይ 2017 ኣይትኹን። ትማሊ ትማሊ ኣይትጭኖ። ትማሊ ይሕለፍ። ናይ ትማሊ ነገርካ ኣይኮነን ንእግዚኣብሄር ዘገድሶ። ሎሚ ሓድሽ ነገር ይሃልኻ። ሎሚ ህያው ነገር ይሃልኻ።

ነብዩ ኢሳይያስ ኣብ 53፡1 “ነዚ ምስክርና መን ኣመኖ፧ ቅልጽም እግዚኣብሄር ንመን ተጋህደሉ፧” ከም ዝበለ፣ ክትኣምን እንተኽኢልካ ንዓኻ ንምትንሳእ ዝተጋህደ ቅልጽም እግዚኣብሄር ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ የሱስ እዩ። ብምኽንያት ትንሳኤኡ ንስኻ ህያው ኴንካ ኣሎኻ።

ንስኻ ምእንቲ ክትትንስእ እዩ ንሱ ተንሲኡ እሞ ድኻምካ ኣይትርአ። ድኻሙ ዝምልከት ሰብ ምስ ድኻሙ እዩ ዝጣበቕ። ቀንዲ ሃንዳሲ ናይ ድኻም ከኣ ሰይጣን እዩ። የሱስ ግን፡ “ኣነ ተንሲአ እንተኾይነ ንስኻ ኸኣ ህያው ኢኻ። ብኣይ ትኣምን እንተ ኴንካ ኣባኻ ጽድቂ ኣምላኽ ኣሎ።” እዩ ዝብለካ ዘሎ።

ሎሚ እዚ ቃል እዚ ንኣኻ እምበር ንኻልእ ኣይመጸን። እንተድኣ ኣሚንካ ከምቲ ብምኽንያት ህልውና መንፈስ ቅዱስ ኣባታቶም ዝኾነ፣ ኣባኻ ውን ከምኡ ክኸውን እዩ። ከምቲ ነገሮም ነገርካ ውን ናብ ዓወት ክበጽሕ እዩ። ንስኻ ብርሃን እዛ ዓለም ኢኻ። እዚ ግዜ እዚ ትብርሃሉ ግዜ እዩ። ክትበርህ ጥራይ እዩ ዘሎካ። ብምንም ትኣምር ጸልማት ክትከውን ኣይትፍቶ። ብርሃን ኩን።

ሎሚ እግዚኣብሄር ከምቲ ንዘካርያስ ካብ ድቃሱ ዘበራብሮ የበራብረካ ኣሎ። እግዚኣብሄር ምሳኻ ክሰርሕ ደልዩ ኣሎ፣ እምቢ እንተድኣ ኢልካ ግን ዝተንስእ እዩ ክደሊ። በሪህካ ካልኦት ከኣ ንኽበርሁ መገዲ ክትከውን ተደሊኻ ግን ድኻምካ ኣይትርአ።

ጸጋ ኣምላኽ ኣባኻ ክግለጽ ከሎ ንስኻ ከምቲ ክትኮኖ ዝግብኣካ ክትከውን ኢኻ። ንዘሩባቤል ደው ዘበሎ ቅልጽም ክኸውን ይኽእል እንድዩ፣ ካልእ ቅልጽም ግን ተጋሂዱ ኣሎ። ስለዚ ጎይታ ብጸግኡ ከምቲ ንስምኦን ንኣኻ ውን ብመንፈሱ ኣዕጢቑ ናብቲ ስጋኻ ዝደልዮ ዘይኮነስ ናብቲ ንሱ ዝደልየካ ኪወስደካ እዩ። “ሕራይ” በል ክጥዕመካ። ናይ ትማሊ ነገርካ ክልወጥ ደሊኻ ኣሎኻ፡ ሰባት ክልወጡ ደሊኻ ኣሎኻ፡ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ንመንግስተ ሰማያት ብምንታይ ከም ዝወከላ ኣብ ማቴ 13፡33 ኣዕሙቕ ኣቢልካ እንተጽኒዕካዮ፣ መንግስተ ኣምላኽ ብማይ ብሑቕ (ለቢቶ) ከም ዝተመሰለት ክተስተውዕል ኢኻ።

ለቢቶ ነቲ ዝወደቐ ነገር ናይ ምትንሳእ ባህሪ ኣለዎ። ንስኻ ለቢቶ ኢኻ። ሰባት ንኽትንስኡ መገዲ ክትከውን እንተ ኼንካ ግን መጀመርታ ንስኻ በዚ መጺኡልካ ዘሎ ቃል ተንስእ።

ኣስተውዕል! ኣብ ህይወት ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ መለክዒ ክህልወካ የብሉን። ናትካ ዓወት ዝምዘን ምድራዊ ነገራት ብምርካብካ ኣይኮነን።

ናትካ ዓወት ዝምዘን ኣብ ላዕሊ ዘሎ መደብ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ኣባኻ ብምስርሑ እዩ። መደብ ኣምላኽ ዝሰራሕ ከኣ ብሓይልን ብኽእለትን ዘይኮነስ ብመንፈሱ እዩ። ኣሜን ድዩ!

እስከ ሎሚ ሓደ ኣዋጅ ኣውጅ። “ኣብ መንፈሱ ክድገፍ እየ።” በል። “ኣብ ገዛእ ርእሰይ ኣይኮነን። ኣብ ክእለተይ ኣይኮነን። መንፈሱ ኣባይ ምስ መጸ፣ ኣብ 2017 ዘይገበርክዎ ኣብ 2018 ክገብሮ እየ።” በል። ኣብዚ ዓመት እዚ ብጸጋ ኣምላኽ ዘይክኣል ክክኣል እዩ። ሓድሽ ነገር ክኸውን እዩ። ድኻምካ ወይ ጀሚሩ ዘቋረጸ ነገርካ ኣይትርአ፡ ውድቀትካ ኣይትመልከት፡ ሓድሽ ነገር ኣሎ ኣብ ቅድሜኻ። ሓድሽ ነገር ኣሎ ኣብ ህይወትካ።

ምስ ጸልማት ክትሰማማዕ እንተጀመርካ ግን ናይ መንነት ቅልውላው ኣጋጢሙካ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ከቢድ ሽግር እዩ። እግዚኣብሄር ሎሚ ኣብዚ ጸልማት ከብርሃካ ደልዩ ኣሎ። ከብርሃካ ክደሊ ኸሎ መጀመርታ ስለ ህይወትካ እዩ እምበር ምእንቲ ከተገልግል ኣይኮነን።

ኣገልግሎት ካብ ምዃን እዩ ዝጅምር። ጎይታ ብህይወትካ እዩ ዝግደስ። ኣገልግሎት ነጸብራቕ ናይ ህይወት እዩ። ጎይታ ኣብ ህይወትካ ክግለጽ እንተድኣ ደሊኻ፣ ህይወትካ ህነጽ። ኣካይዳኻ ህነጽ።

ሎሚ ቅሩብነት ኣብ ውሽጥኻ ኣሎ ‘ዶ፡ ሎሚ ብጸጋ ኣምላኽ ከምቲ ክትኮኖ ዝግብኣካ ክትከውን፣ ናብቲ ክትከዶ ዝግብኣካ ክትከይድ ተዳሊኻ ‘ዶ ኣለኻ፧ እግዚኣብሄር ኣባኻ ዕላማ ኣለዎ። ኩነታትካ ብዘየገድስ፡ እቲ ዘጋጠመካ ሽግራት ብዘየገድስ፡ ኣካይዳኻ ብዘየገድስ፡ ትማሊ ዝነበርካዮ ብዘየገድስ፡ ሕጂ ሓድሽ ነገር ክገብር ዝኽእል ጎይታ ኣብዚ ኣሎ።

ሕጂ ውን ተስፋ ኣሎ። ሕጂ ውን ረዲኤት ኣሎ። ሕጂ ውን ጸጋ ተዳልዩ ኣሎ። እቲ ቃል፡ “ነዚ ምስክርና መን ኣመኖ፧ ቅልጽም እግዚኣብሄር ንመን ተጋህደሉ፧” እዩ ዝብል እሞ (ኢሳ53፡1)፣ እምነት እንተለካ ብጸግኡን ብምሕረቱን ካብ ሻንብቆ (ካብ ስምኦን) ናብ ከውሒ (ጴጥሮስ) ክትቅየር ኢኻ።

እምነት እንተድኣ ኣለካ ብሓይሊ እዚ ቃል እዚ፣ እቲ ንእሽቶይ ወይ ቆልዓ ዝበልካዮ ነገራትካ ብመንፈስ ቅዱስ ክዓብን ንብዙሕ በረኸት ክኸውንን እዩ።

እምነት እንተድኣ ኣለካ ብጸግኡን ብምሕረቱን ንጸልማትካ ከብርሆ እዩ፡ ንብርሃንካ ከድምቖ እዩ (መዝ18፡28)፡ ከም ዘሩባቤል ክትበርህ ኢኻ፡ እቲ ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ ዓቢ ከረን ውን ኣብ ቅድሜኻ ጎልጎል ክኸውን እዩ።

እቲ ንዘሩባቤል ኣጀሚሩ ዘወድኦ ኣምላኽ ኣምላኽካ እዩ። እቲ ጀማሪን ደምዳምን እምነትካ ከምቲ ዝጀመረካ ከወድኣካ እዩ። ሽዑ ከምቲ ኣቶም መንእሰያት ዝተሓጎሱ እቶም ዓበይቲ ድማ ዝበኸዩ፣ ኣባኻ ውን ከማኡ ክኸውን እዩ።

እቲ ጉዳይ ብጸጋ እዩ። ክእለትካን ሓይልኻን ዝምዘነሉ ኣይኮነን። ስለዚ ካብ ምሕረቱ ዝተሓዕለ ክትትንስእ ኢኻ። “እዚ እቲ ንዘሩባቤል ዝኸውን ቃል እግዚኣብሄር እዩ፣ ብመንፈሰይ እምበር ብኽእለትን ብሓይልን ኣይኮነን” ይብል እግዚኣብሄር ጎይታ ሰራዊት (ዘካ4፡6-7)። ሻሎም!

# ግደ ሓቂ ንብርኽ እምበር ኣይንወርድን ዘሎና!!

“ጥበብ እቲ ለባምሲ መገዱ ምፍላጥ እዩ…” -ምሳሌ 14:8

ዮሴፍ ማለት “እግዚኣብሄር ይወስኽ” ማለት እዩ። ታሪኽ ናይ ዮሴፍ ወዲ ያቆብ እንተደኣ ኣንቢብና፣ እተን ናይ መጀመርያ ዓሰርቶው ሸውዓተ ዓመታቱ፣ ብጣዕሚ ብሉጻትን ኣብ ቤቱ ኸኣ ዝሓንቀቐለን ዓመታት እየን ኔረን። ኣብ ልቢ ኣቡኡ ካብ ዝነበሮ ቦታ ዝተላዕለ ውን፣ ኣሕዋቱ ኣዝዮም ይቐንኡሉ፡ (ብፍላይ ድማ ድሕሪ እተን ክልተ ሕልምታት ዝነገሮም መዓልታት) ክቐትልዎ ይደልዩ ከምዝነበሩ ንዝክር።

እዚ ኾይኑ እቲ ግን፣ እዘን ናይ ሕንቃቐ ዓመታቱ ነዊሕ ከይቀጸላ፣ ደሃይ ኣሕዋቱ ክሓትት ናብ ዶታን ምስ ከደ፣ ኣሕዋቱ ነቲ ወለል ዝብል ቀምሹ ቀንጢጦም ናብ ቃፍላይ እስማኤላውያን ከምዝሸጥዎ ንነብብ። እቶም እስማኤላውያን ንዮሴፍ ኣብ ግብጺ ናብ ጶጢፋር (በዓል መዋእል ፈርኦን ሓለቓ ዘብዔኛታት) ከምዝሸጥዎ ንነብብ።



እቶም እስማኤላውያን ንዮሴፍ ኣብ ግብጺ ናብ ጶጢፋር (በዓል መዋእል ፈርኦን ሓለቓ ዘብዔኛታት) ከምዝሸጥዎ ንነብብ።
ኣብቲ ናይ ቤት ጶጢፋር ጻንሖቱ፡ “እግዚኣብሄር ምስ ዮሴፍ ነበረ እሞ፣ ንሱ ዕዮኡ ዝቐንዓሉ ሰብኣይ ኮነ” ይብለና ቃል ኣምላኽ።

ዮሴፍ ዋላኳ ኣብ ቤት ጶጢፋር ሞጎስ እንተነበሮ፣ ግን መሪር ናፍቖት ኣቡኡ፡ እናሻዕ ቁልጭ ዝብሎ ሕንቃቐ ናይ ቤቱ፡ ብዓቢኡ ድማ እቲ ሃረር ኢሉ ዝጽበዮ ዝነበረ ዘይተፈጸመ ሕልሙ፣ ንልቡ ብሕቶታት ከይመልኦ ኣይተረፈን ይኸውን።

ዮሴፍ በተን ኣቐዲሙ ዝሓለመን ሕልምታቱ፣ ኣብ ልዕሊ ኣሕዋቱ ክነግስ እናሓሰበ ኸሎ እዩ፣ ካብ ትጽቢቱ ወጻኢ ዝኾነ ሰፍ ዘይብል መከራ ገጢምዎ። ግን ከኣ ናብ ካልእ ምዕራፍ ናይ ሂወት (ናብቲ እግዚኣብሄር ዝመደበሉ ብሉጽ ጽሕፍቶ (destiny)) ዝወስዶ ሓድሽ ጎደና እዩ ተሰጋጊሩ።

ከም ባርያ ምሻጡ ከይኣክል ከኣ፣ ጽንሕ ኢላ ሰበይቲ ጶጢፋር፣ ንዮሴፍ ብዝሙት ክትፈታተኖ ከላ ንርኢ። ኣብዚ መድረኽ እዚ ውን፣ ንኣምላኽ ተኣሚኑ ካብ በደል ምፍጻም ዓዲ ዊዒሉ ክነሱ፣ ካብ ማእሰርትን መከራን ግን ኣየምለጠን። ነገር ዮሴፍ በዘራርባ ሰብ፣ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ እዩ ወሪዱ። በዘራርባ ኣምላኽ ግን፣ ካብ ዝሓሸ ናብ ዝበለጸ እዩ በሪኹ። ምኽንያቱ ዮሴፍ እዩ ዘይፈልጥ ዝነበረ እምበር ኣምላኽሲ ናብቲ ቀንዲ መፍጠሪኡ ዕላማ እዩ ዘበርኾ ዝነበረ።

ምናልባት ዮሴፍ እዚ ማእሰርቲ ምስ ኣጋጠሞ፡ “እዋእ ኣታ ኣምላኽ ሕጂኸ እንታይ እየ ኣቢሰ፤ ክንዲ፡ ‘ኣይዝሙን እየ!’ ኢለ ዝተኣመንኩኻ እዚ ኹሉ ሸግር ክመጸኒ፤ ወረ እቲ ዘሕለምካኒ ሕልሚኸ መዓስ ኢኻ ክትፍጽሞ፤” ኢሉ ሞጊቱ ክኸውን ይኽእል እዩ።
ኣምላኽ ግን ንዮሴፍ ኣብ ቅድሚኡ፣ ዓይኑ ዘይረኣየቶ፡ እዝኑ ዘይሰምዐቶን ኣብ ልቡ ውን ሓሲብዎ ዘይፈልጥ እዩ ኣዳሊሉ ዝነበረ።
ዮሴፍ፣ ብኸምዚ ከልበትበት ሓሊፉ፣ በቲ ዝነበሮ ናይ ሕልሚ ምፍታሕ ጸጋ፣ ነቲ እቶም ኣብ ግብጺ ዝነበሩ ፈላጣትን ጠቢባንን ምፍትሑ ዚሰኣኑ ሕልሚ ንጉስ፣ ብልክዕ ከምዝፈትሖ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና።

ድሕርዚ ዮሴፍ፣ ናብቲ እግዚኣብሄር ዝኣመመሉ ናይ ስልጣን ጽፍሒ እዩ ደይቡ። ፎርኦን ንጉስ ግብጺ ኸኣ ቀለቤቱ ኻብ ኢዱ ኣውጺኡ ናብ ኢድ ዮሴፍ ብምግባር፡ ሻሹ ከዲኑ፡ ኣብ ክሳዱ ውን ድሪ ወርቂ ጌሩ፡ ኣብ ካልኣይቲ ሰረገልኡ ብምውጣሕ ኣብ ልዕሊ ኩላ ሃገር ግብጺ ከምዝሸሞ ነንብብ።
ለካስ ዮሴፍ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ ዝወርድ ዘሎ ዝመስሎ ዝነበረስ፣ ካብ ደሓን ናብ ዝሓሸ፣ ካብ ዝሓሸ ኸኣ ናብ ዝበለጸ እዩ ዝድይብ ዝነበረ።

እዚ ዝኸውን ዘሎ፣ ድሕሪ ዓሰርተው ሰለስተ ዓመት ካብ ቤት ኣቡኡ ምውጽኡ፡ ዮሴፍ ከኣ ወዲ ሰላሳ ዓመት ምስ ኮነ እዩ።
እዚ ኹሉ ዝተሓልፈ ሸግር፣ ዮሴፍ ንናይ ብዙሓት ሃገራት ሂወት ንምድሓን ምእንቲ ክኸውን እዩ።
ብመከራ ትሓልፍ ስለ ዘለኻ ኣምላኽ ምሳኻ የለን ኣየስምዕን እዩ። እኳ ደኣ ኣብቲ ቃል፡ “እግዚኣብሄር ምስ ዮሴፍ ነበረ” እዩ ዝብል።
ኣብ 1 ጴጥ 1:6-7 ውን፡ “እቲ ምፍታን እምነትኩም፣ ብምግሃዶ የሱስ ክርስቶስ፣ ንምስጋናን ስብሓትን ክብርን፣ ብሓዊ ካብ ዝኹላዕ ሓላፊ ወርቂ ኣዝዩ ኸቢሩ ምእንቲ ክርከብ፣ እንተ ኣድለየስ ሕጂ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ምስ ጉሄኹም፣ ብእኡ ክትሕጎሱ ኢኹም” ይብል።

ምናልባት ዮሴፍ ዝሓለፎ ጎደና ጽቡቕ ኣይነበረን ክኸውን ይኽእል እዩ። መወዳእትኡ ግን ንምስጋና እዩ ኮይኑ። ኣምላኽ ይመስገን!



እዚ ንሓልፎ ዘሎና ውን ከምኡ እዩ። ከምቲ ዮሴፍ ንብዙሓት ሃገራት ንምድሓን ዝኾነ፣ ንሕና ውን ንብዙሓት ሃገራት በቲ መንፈሳዊ ነገር (ብወንጌልን ብኻልእን) ምእንቲ ንምድሓን ክንከውን እዩ።

ምልስ ኢልና ኩነታትና እንተርኢና፣ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ ንኸይድ ዘሎና ክመስል ይኽእል እዩ። እቲ ሓቂ ግን፣ ናብቲ እግዚኣብሄር ዝመደበልና ብሉጽ ዕላማ እናበረኽና ኢና ንኸይድ ዘሎና።
እቶም ሞቱ ዝኣወጁ፡ “ዮሴፍ ብሂወት ኣሎ! ንኹላ ሃገር ግብጺ ዝገዝእ ዘሎ ውን ንሱ እዩ!” ኢሎም ከም ዘበሰሩ፣ ነገርና ብሂወት እዩ ዘሎ፡ ንኹለን ሃገራት ምእንቲ ክኸውን ከኣ ይቑረስ (ይባረኽ) ኣሎ (ዘፍ45:26)።

ስለዚ በቲ ብክርስቶስ ኩሉ ሳዕ ናብ ዓወት ዝመርሓና፡ ብኣናውን መኣዛ ፍልጠቱ ኣብ ኩሉ ቦታ ዝገልጽ ኣምላኽ ንትባዕን ንጽናዕን።
ድሕሪ ሕጂ፣ ንሕና በቲ ኻብቲ ብምጥባር ሰብን ንምፍሓስ ስሕተት ዚኸውን ተንኰልን ዚመጽእ፣ ናይ ትምህርቲ ኾሉ ንፋስ ንየው ነጀው እንድፋእን እንኽብከብን ቈልዑ ምእንቲ ኸይንኸውንሲ፣ ብፍቕሪ ንሓቂ እናሰዓብና፣ ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ (ኤፌ 4:14-15)።

በቲ እግዚኣብሄር ዝህበና ተስፋታት እናተሓጎስና፣ ኣዒንትና ካብ ናብ ኩነታትና ምጥማት ኣልጊስና፣ ናብቲ ጀማርን ደምዳምን እምነትና ዝኾነ ክርስቶስ የሱስ ንጠምት። ናብ ዝበለጸ ኣቢልና ኢና ንድይብ ዘሎና። ኣምላኽ ምሳና እዩ። ኣሜን!!



# ዓምዲ - እዋናዊ ሕቶ

ነዚ ሕቶታት ንኽምልሰልና ግዜ ንኽህበና ምስ ሓተትናዮ፣ ብምቕሉል መንፈስ እዩ ተቐቢሉና።ኣቐዲሙ ዝሓዞ መንፈሳዊ መደባት ስለ ዝነበረ ግን ንክልተ ኣዋርሕ ዝገማገም ግዜ እዩ ቆጺሩና። ብዛዕባ ህይወቱን ኣገልግሎቱን ዘለዎም ምስክርነት ክህቡና ንገለ ኣሕዋት ሓቲትናዮም ኔርና። ንትሕትንኡ፡ ንግርህነቱ፡ ምቕልንኡ፡ ንሰብ ዘለዎ ፍቕርን ዝምልከት ውን ገለ ኢሎምና ኔሮም። ንዝተፈላለየ ኣርእስታት ዝኾነና ትሕዝቶ ንኽነዳሉ፣ ኣብ ሰለስተ እዋናት ብድምር ንኣስታት 20 ስዓታት ብሓደ ኣብ ዝነበርናሉ ግዜ፣ እቲ ኣብኡ ብዓይንና ዝርኣናዮ፡ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ መንፈስና ዝገለጾን ግና ልዕሊ እቲ ምስክርነቶም ኮይኑ እዩ ጸኒሑና። ምስዚ ሓው ዝገበርናዮ ቃለ-መሕትት ብተኸታታሊ ክነቕርቦ ሙኧንና ኣናገለጽና፣ ምስዚ ኣርእስቲ ዝተሓሓዝ ሕቶታት እንተለኩም ናብ ኣድራሻና ልኢኽኩም ምላሽ ክትረኽቡ ከም እትኽእል ክንሕብረኩም ንፈቱ!

## ምንጋፍን ምስ ምንጋፍ ዝተተሓሓዙ ሕቶታትን (3ይ-ክፋል)

## ጻውዒት እግዚኣብሄር ናይ ምሕረቱ ወርሒ እዩ እሞ ሰብኣዊ መንነትካ ቁበር!

**ሕቶ**- ሓደ ሓደ ኣገልገልቲ ርእሶም ምስ ካልኦት ኣገልገልቲ ከነጻጽሩን ብልጭኦም ከውርዩን ንሰምዕ ኢና። ብዛዕባዚ ትብሎ፧

**መልሲ**-ኣባኻ ፍሉይ ነገር የለን። ከምቲ ናይ ኣሕዋትካ እዩ። ፍሉይ ነገርና የሱስ እዩ። እቲ ኣብኦም ዘሎ የሱስ ክስርሕ ጸኒሑ፣ ብኣኻ ገይሩ ድማ ነቲ ዝጀመሮ ቀጺልዎ። "እቲ ሓደ ይዘርእ እቲ ሓደ ይዓጽድ" ከም ዝተባህለ፣ ተቐባቢልካ ትሰርሖ ስራሕ እምበር ብርእስኻ ዝስራሕ ስራሕ ኣይኮነን።

እቲ ኣብቲ ኾይኑ ዝሰርሕ ዘሎ ኣባኻ ኾይኑ ኸኣ ይሰርሕ ኣሎ። ሓደ መንፈስ እዩ። መንፈስ ቅዱስ እዩ። እቲ ኣብኡ ዝሰርሕ ዘሎ ኣባኻ ድማ ይሰርሕ ኣሎ። ንርእስኻ ምስ ሰባት ኣይተመዛዝን። ኣምላኽ እስራኤል እዩ ብኣኻ ገለ ዝገብር ዘሎ። ስለዚ ኣይትንዓቆ ወይ ውን ምስኡ ክትወዳደር ኢልካ ኣይትፈትን። ናይ ውድድር ጉዳይ ኣይኮነን።

ናይ ገዛእ ርእስኻ ጉዳይ እንተኾይኑ ናብ ውድድር ክትኣቱ ኢኻ። ሰይጣን ብናይ ትዕቢት ቫይረስ ከይለኽፈካ ተጠንቀቕ። "እከለ" ጸልዩ ዘየውጽኦ መንፈስ ኣነ ኣውጺኦዮ!" እናበልካ ኣይትመካሕ።

ነቲ ጋኒን ብስም የሱስ እምበር ብስምካ ኣየውጻእካዮን። ብጽድቅን ሰብኣዊ መንነትን ክርስቶስ የሱስ እምበር ብሰብኣዊ መንነትካን ጽድቕካን ኣየውጻእካዮን። ስለዚ ሰብኣውነትካ ቅበሮ። ገዛእ ርእስኻ ምስ ኣሕዋትካ ካብ ምንጽጻርን ርእስኻ ካብ ምብላጽን ተጠንቀቕ። ርእስኻ ሓሉ።

**ሕቶ**- ሰይጣን ንዘሸገሮ ኣገልገሊ ናይ ምጽላም ልምዲ ኣለዎ። ብመጠን እቲ ዘስለጦ ጸለመ ኣብ ከባቢኡ ኣሎ። እዚ ኣገልገሊ ኣብ ከምዚ እዋን እንታይ እተገበረ እዩ ዝሓሸ ትብል፧

**መልሲ**-ሓደ ኣገልጋሊ (ስሙን ኣገልግሎቱን) ኣብ ናይ ጸለመ ዓንኬል ኣብ ዝኣትወሉ ግዜ፣ ስለ ርእሱ ክጣበቕ የብሉን። እንታይ ደኣ ኣብነት ናይ ጎይታኡን መድሓኒኡን እዩ ክኽተል ዘለዎ። ጎይታ የሱስ እናተዋረደ ኸሎ ስለ ርእሱ ክጣበቕ ኣፉ ኣይከፈተን። ንጥብቅነት ሓቂ እምበር ንጥብቅነቱ ደው ኣይበለን። ንጥብቅነት ርእሱ ዝትንስእ ዘበለ ንኽብረት ርእሱ እዩ ዝትንስእ። እቲ ንጥብቅነት ርእሱ ዝትንስእ ነቲ ዘዋርዶ ዘሎ ምእንቲ ከዋርድን ንርእሱ ምእንቲ ልዕል ከብልን እዩ ዝብገስ።

ሓደ ኣብ ናይ ጸለመ ዓንኬል ዝኣተወ ኣገልጋሊ፣ ከጸልምዎ ኣብ ዝጀመሩ ሰባት ዘለዎ ኣረኣእያ እናተበላሸወ እንተኸይዱ፣ ንሱ ውን ንእኦም ከጸልሞም ክጅምር እዩ። ኣገልግሎት ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰብ ኣይዓብን እዩ። ስለዚ ንጥብቅነት ርእስና ምውጻእ ደው ነብሎ።

ንነፍሲ ወከፍ ዘረባኻ ጠውዩ ዝትርጉም መንፈስ ክሳብ ዘሎ፣ ጸለመ ካብ ህዝቢ ኣምላኽ ኣየቋርጽን እዩ። ሰብ ክሳብ ዝፈልጠካ ዝኾነ ክብል ይኽእል እዩ። እቲ ትማሊ ዚንኣደካ ሎሚ ከጸልመካ ይኽእል እዩ። ወይ ውን እቲ ሎሚ ዘጸልመካ ዘሎ ጽባሕ ክንእደካ ይኽእል እዩ። ስለዚ ንጸለመ ልብኻ ኣይተውድቐሉ።

ሓደ ኣገልጋሊ ኣብ ገጽ ምድሪ ክዕወት፡ ኣገልጉሎቱ ኸኣ እናበየ ክኸይድ እንተኾይኑ፣ ንናእዳን ጸለመን ማዕረ ተቐባልነት ክህልዎ ኣለዎ። ንዘፍቅሩና ጥራይ ዘፍቅር ፍቕሪ ድዩ ዘለና፧ ወይስ እንተላይ ንዝጸልኡና እዩ፧ ናይ ኣገልግሎት ዶብ ክህልወና ይኽእል ይኸውን፣ ናይ ፍቕሪ ዶብ ግን ክህልወና የብሉን።

**ሕቶ**-ነቶም መሳርሒ ጸላኢ ዝኾኑ ዘለዉ ኣሕዋት ትብሎ እንተሎ፧

**መልሲ**- "ድያብሎ" ዝብል ቃል፣ ብግሪኽ ኮይኑ ትርጉሙ ኸኣ፡ ጸሎሎ ቀባኢ፡ ኣጸላሚ፡ ጠቃኒ፡... ማለት እዩ። ንሓደ ሰብ (ግብሪ) ምጥቃን ወይ ምጽላም እዩ።

ንሰብ ከተጸልም እንተጀሚርካ ግብሪ ድያብሎ ኢኻ ትገብር ዘለኻ። ወዲ ኣምላኽ ግብሪ ድያብሎስ ከፍርስ እዩ ተገሊጹ እሞ፣ ስለዚ ምስኡ ኳንና ደኣ ግብሪ ድያብሎ ነፍርስ እምበር ግብሪ ድያብሎስ ሲ ኣይንግበር ደኣ።

**ሕቶ**- ኣብ ቤት ኣምላኽ ጸለመ ጥራይ ዘይኮነስ ክሲ ውን ዝውቱር እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ንኣሕዋትካ ምኽሳስ ከመይ ትርእዮ፧

**መልሲ**- ሰይጣን ከምቲ ንእያሱ ነቲ ዝረስሐ ክዳኑ እናመልከተ ዝኸሰሶ፣ ንኣመንቲ ክኸስስ ከሎ ሓቂ ሒዙ እዩ ዝኸስስ። ኣብ የማን ግርማ ዘሎ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ከኣ፣ ኩነታት እቲ ሓው ከምኡ እናሃለወ እዩ ነቲ ምእንትኡ ዘፍሰሶም ደም ሒዙ ዝጣበቕ።

ጎይታ ብዛዕባ እቲ ዝረስሐ፣ ብደሙ ተሓጺቡ ከመይ ይጸሪ እዩ ዝሓሳብ፣ ድያብሎስ ግን ነቲ ዝተጸየቐ ነገር መሊሱ ክብርዝ መሳርሕቲ ይደሊ።



ሰይጣን ነዚ ክገብር ዝተፈላለየ መስዋእተ እዩ ዝስውእ። እቲ መስዋእቲ ምእንቲ ክሰብሓሉ ካብ ናቱ ኣገልገልቲ ንላዕሊ ንቕዱሳን እዩ ዝደሊ። ብፍላይ ሰይጣን ብሰብነት ክርስቶስ ገይሩ ክዓዪ ኸሎ፣ እግዚኣብሄር ኣዝዩ እዩ ዝጉሂ። ምኽንያቱ ናይ ሰይጣን ዕዮ ብመገዲ ደቂ ይፍጸም ስለ ዘሎ።

ንኹሲ ብዝምልከት ሰብ ክጥንቀቕ እዩ ዘለዎ። ሰይጣን ንብዙሓት ሰባት ከይተረደኦም ኣብ ክሲ የእትዎም እዩ። ሓደ ኣማኒ ብናይ ክሲ ቫይረስ እንተድኣ ተጠቒዑ ሓደገኛ እዩ። ኣብ ህይወቱ ከቢድ ዝኾነ ዕንወት የምጽኣሉ እዩ። ምስቲ ከሳሲ ውን ናይ ሓባር ረቛሒ ይህልዎ።

ሕቶ- እግዚኣብሄር ስለምንታይ እዩ ኣገልገልቱ ዘተንስእ፧ እቲ ተንሲኡ ዘሎ ሰብ ከ ከስተውዕሎ ዘለዎ ነገር እንታይ ኣሎ፧

መልሲ- ኣግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ ዘጽ3፡7-8 "ጸበባ እቲ ኣብ ግብጺ ዘሎ ህዝበይ ፈሊጠ እየ እሞ፣ ስቓዮም ኣጸቢቐ ርኤኹ፣ እቲ ብሰሪ መጨነቕቶም ዜእውይዎ ኸኣ ሰሚዔ ኣሎኹ። ስለዚ ኻብ ኢድ ግብጻውያን ከድሕኖም ወሪደ ኣሎኹ..." ከም ዝበሎ፣ እግዚኣብሄር ሰብ ከተንስእ ከሎ ንህዝቡ ምእንቲ ከበጽሕ፡ ክናግፍ፡ ክፍውስ... ኢሉ እዩ።

ሙሴ ኣብ ጥራይ ጎልጎል ኣይኮነን ተንሲኡ። ንሰኻ ውን ኣብ ጥራይ ጎልጎል ኣይተንሳእካን። ኣምላኽ ኣባኻ ንሓደ ዝተኣሰረ ሰብ ዝፈትሕ ናይ ምንጋፍ ጸጋ ኣቐሚጡ ኣሎ። እቲ ኣባኻ ዘሎ ፈውሲ ንዝሓመመ እዩ። እቲ ኣባኻ ዘሎ ናይ ምምህርና ጸጋ፣ ንሓደ ዝደንቆረ ግን ከኣ እግዚኣብሄር ክሰጋገር ንዝደልዮ ሰብ እዩ። እቲ ኣባኻ ዘሎ ናይ ጉስነት ጸጋ ንሓንቲ በጊዕ እዩ። እቲ ናይ ወንጌላውነት ጸጋ ንሓደ ዝጠፍአ ህዝቢ እዩ። ነፍስወከፍ ጸጋ ንገለ እዩ ኣባኻ ተቐሚጡ ዘሎ።

እግዚኣብሄር ነዚ ጸጋ ኣብ ህይወትካ ክቕምጥ ከሎ፣ ዝተኣስረ (ዝሓመመ፡ ዝደንቆረ፡ ዝጠፍአ...) ኣካል ርእዩ እዩ እምበር ንዓኻ ኢሉ ኣይኮነን። ጸጋ ሽልማት ወይ ሓብል ኣይኮነን። ጸጋ ትንየተሉ ክዳን ኣይኮነን። እቲ ኣባኻ ተቐሚጡ ዘሎ ጸጋ ዕላማ ኣለዎ። ስለዚ ኣታ ተንሲእካ ዘለኻ ንኻልእ ከም ዝተንሳእካ ዘክር።

ሕቶ- እቲ ተንሲኡ ዘሎ ብቑዑን ካብ ካልኦት ዝበለጸን ስለ ዝኾነ ድዩ ተንሲኡ ዘሎ፧

መልሲ- ኣብ ሉቃስ 10፡30-34 ዘሎ ጎይታ ዝመሰሎ ምስላ እንተድኣርኢና፤ "...ሓደ ሰብኣይ ካብ የሩሳሌም ናብ ያሪኮ ኺወርድ ከሎ፣ ኣብ ኢድ ከተርቲ ወደቐ። ገፊፎምን ከትከትዎን፡ ዳርጋ ምዉት ገይሮም ከኣ ገዲፎምዎ ኸዱ። ኰነ ኸኣ፡ ሓደ ካህን በታ መገዲ እቲኣ ኺወርድ ከሎ፣ ርእዩዎ ሓለፈ። ከምኡ ድማ ሓደ ሌዋዊ ኣብታ ቦታ እቲኣ ምስ ብጽሑ፣ እናረኣዮ ሐለፈ። ሓደ ሳምራዊ ሓላፍ መገዲ ግና ናብኡ መጸ፣ ምስ ረኣዮ ኸኣ ደንገጸሉ። ናብኡ ቐሪቡ ኣቑሳሉ ሰፈፈሉ፡ ዘይትን ወይንን ከኣ ኣፍሰሰሉ፡ ኣብ ኣድጉ ኣወጢሑውን ናብ ማሕደር ኣጋይሽ ወሲዱ ኣለዮ።" ይብል።

ካብዞም ዝሓለፉ ሰለስተ ሰባት፡ "መን'ዩ እቲ ብቑዕ እንተድኣ ኢልና፧" እቲ ዘይትን ወይንን ዘለዎ ንምልዓል ደቂ ሰባት ከኣ እግዚኣብሄር ብሞንጎኛነት ዘቐመጦ ካህን እዩ። እቲ ብቑዕ እቲ ካህን እዩ ነይሩ። እቲ ኣብ ኢድ ከተርቲ ዝወደቐ፣ ካብ ኣህዛብ ስለዝኾነ ኣይኮነን ገዲፍዎ ኸይዱ። ካብ ዮርሳሌም ናብ ያሪኮ ምኻዱ ገለ ምስ ኣይሁድ ምትሕሓዝ ከም ዘለዎ የርእየካ እዩ። እቲ ካህን ብድኻሙ ነቲ ዝተንስኣሉ ዕላማ ኣይገበረን። እቲ ሌዋዊ ውን ከምኡ።

እቲ ሳምራዊ ምስ መጸ ግን ደንጊጹሉ፡ ዘይትን ወይንን ገይሩ ድማ ንቑስሉ ሰፊፉሉ። ነቲ ሳምራዊ ብመበቆሉ፡ ብዓሌቱ፡ ብወለድኡ ብኹሉ ሸነኽ መምዘኒ ናይ ሰባት እንተርኢናዮ፣ እግዚኣብሄር ረዲኤት ኣብኡ ስለ ዘቐመጠ እምበር፣ ነቲ ዝወደቐ ንምትንሳእ ብቕዓት ስለ ዘለዎ ኣይኮነን ኣተንሲእዎ።

ስለዚ ልክዕ ከምቲ ኣብቲ ሳምራዊ ዝገበሮ፣ እግዚኣብሄር ኣብቲ ተንሲኡ ዘሎ ኣገልጋሊ፣ ድንጋጸ ኣቐሚጡ፡ ጸጋ ኣቐሚጡ፡ ወይንን ዘይትን ኣትሒዙ፡ ኣድጊ ሂቡ ንሓደ ዕላማ እዩ ዝሰዶ ዘሎ። ሳምራዊ ምትንስኡ ዘነይቶ የብሉን፡ "ኣነ ዓሌተይ ከምዚ ስለዝኾንኩ" ዝብሎ የብሉን። ናይ ምሕረት ዕድል እዩ። ነዚኣ ንምግባርሲ ምሕረት በዚሑሉ። ስለዚ እቲ ኣብ ምንጋፍ ብፍላይ (ብሓፈሽኡ ኸኣ ኣብ ኩሉ ኣገልግሎት) ዝነጥፍ ዘሎ ኣገልጋሊ፣ ኣምላኽ ምሕረት ከም ዘዕበየሉ ክፈልጥ ኣለዎ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ዝረኸቦ ናይ ምሕረት ዕድል ክገልጽ፡ ".... ስለዚ ምሕረት ከም ዝወረደና፣ እዛ ኣገልግሎት እዚኣ ኻብ እትሀልወና፣ ኣይንሓለለን ኢና።" ኢሉ ነይሩ (2ቆሮ4፡1-2)።

ነቲ ተንሲኡ ዘሎ፣ ሓለፋ ኻልኦት ካልእ ዋጋ ስለዝኸፈለ ወይ ካብ ድሕሪ ባይታኡ ዘይኮነስ፣ እግዚኣብሄር ንርእሱ ርእዩ እዩ ንኸቡር ኣገልግሎት ጸዊዕዎ ዘሎ። እቲ ተንሲኡ ዘሎ ኣገልጋሊ ተቐቢልዎ ዘሎ ኣገልግሎት፣ ናይ ምሕረቱ ምልክት እዩ። ይትረፍ ንምግልጋል፣ ብህይወት ምንባር ይኹን ስሙ ንምጽዋዕ ዕድል ምርካብ ውን ናይ ምሕረት ዕድል እዩ።

ጳውሎስ፡ "እቲ ዘለኽዎ ብጸጋ ኣምላኽ እየ ዘለኹ።" ከምዝበለ፣ እዚ ኣገልግሎት ናባኡ ምምጽኡ ናይ ምሕረት ጉዳይ እዩ። ካብ ካልኦት ዚበልጸሉ ዝኾነ ነገር የለን። ኣታ እተገልግል እዚ ናይ ምሕረት ዕድል ምዃኑ ኣስተውዕል።

ሕቶ- እቲ ተንሲኡ ዘሎ ኣገልጋሊ ውሑስ ዝኾነ ኣገልግሎት ምእንቲ ከገልግል ክጥንቀቐሎም ካብ ዘለዎ ገለ ነጥብታት 'ዶ ሰው ከተብለልና፧

መልሲ- እቲ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ክፋላት ዝዘርዘርክዎ ነጥብታት ኣብ ቦትኡ እናሃለወ፣ እቲ ተንሲኡ ዘሎ ኣገልጋሊ፣ ውሑስ ዝኾነ ኣገልግሎት ምእንቲ ከገልግል፣ ነዘን ሰለስተ ሕጂ ዝጠቐስን ነጥብታት ኣተኩሮ እንተገበረለን ጽቡቕ እዩ።

1- ንጥቕሚ ረብሓኻ ኣይትጠቐመሉ

2- ንኻልኦት ኣይትንዓቐሉ

3- ንርእስኻ ምስ ካልኦት ኣይተመዛዝነሉ

ኣታ ተንሲእካ ዘሎኻ ኣገልጋሊ፣ እዚ ናይ ምሕረት ዕድል ምዃኑ ተስተውዕል እንተኺይንካ፣ ኣብ ርእስኻ ኣይትውከልን ኢኻ። ነቲ ትማሊ ዝተገብረ ነገር ውን ልብኻ ኣይተውድቐሉን ኢኻ።

እዚ እንተገበርካ፣ ኣብ እግዚኣብሄር እናተወከልካ፣ ሎሚ መዕልቲ ውን ናይ ምሕረት ዕድል ክህበካ ንእግዚኣብሄር ዝጽብ ልቢ እዩ ዘሎካ። ዕድመ ናይ ኣገልግሎትካ ውሑስ እዩ።

ጻውዒት እግዚኣብሄር ናይ ምሕረቱ መርኣያ እዩ። ኣብ ቤቱ ምእታውካ ምሕረት እዩ። ስምካ ኣብቲ ናይ ህይወት መዝገብ ምጽሓፉ ናይ ምሕረት ዕድል እዩ። ስለዚ ብርእስኻ ኣይትመካሕ። እቲ ዝምካሕ ብእግዚኣብሄር ደኣ ይመካሕ።

------- ይቕጽል -------

ኣብ ዝቕጽል ክፋል ካብ ዝስዕብ ሕቶታት ገለ

1 -ሓደ ኣገልጋሊ ነቲ ከውጽኦ ዝደለየ ጋኒን ከወጽእ ምስ ኣዘዞ ከም ዝወጸ ብምንታይ የረጋግጽ፧

2 -ኣገልገልቲ ብኣጋንንቲ ዝተኣስሩ ሰባት እናናገፉ እንከለዉ፣ ከገብርዎም ዘለዎም ጥንቃቐታት ከመይ ዚበሉ እዮም፧

3 -"ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ናይ ስልጣን ደረጃታት ስለ ዘሎ፣ ናይ ምንጋፍ ጸጋ ዘይብሉ ሓደ ክርስትያን፣ ንስልጣናት ወይ ሕልቅነታት ከውጽእ ምስ ዝፍትን ከውቃዕ ተኽእሉ ኣሎ።" ዝብሉ ኣለዉ። ብዛዕባ እዚ ዘለኻ ሓሳብ እንታይ እዩ፧

4 -ሓደ ኣማኒ ኣብ ማእሰርቲ እናሃለወ (ከይተናገፈ) ከገልግል ይኽእል 'ዶ፧ ከገልግል ዝኽእል እንተኾይኑ እንታይ ጽልዋ የምጽእ፧

5 -ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ብፍላይ ንተምሃሮ ካልኣይ ደረጃ (ንተማሃሮ መባእታን ማእከላይ ውን ብምጥቕላል) ኣብ ተገልግሉሉ ግዜ፣ ብዙሓት ካብ ደቂ ኣመንቲ ብኣጋንንቲ ተኣሲሮም ይጸንሑ እዮም። እዚ ስለምንታይ እዩ ዝኸውን ዘሎ፧ ወለዲ እንታይ ጥንቃቐታት እዮም ክገብሩ ዘለዎም፧





ኩርናዕ - ጸገኛ ሰበይቲ

# ምሕደራ ጸጋታት

ሓንቲ ሓብቲ ንብዓል ቤታ፡ “ከምዚ ስኢነ፡ ከምቲ ተወዲኡ” እናበለት ተሸግሮ እሞ፣ እቲ ሰብኣይ፡ “ብሓቂ ድዩ ዝጎድላ ዘሎስ ዋላስ ኣመሓዳድራ ጸጋታት እዩ ጠፊእዋ፧” እዩ ይብል። እቲ ገንዘብ እኹል ምዃኑ ብዝፈለጠ ድማ እቲ ጸገም ኣብ ሰበይቱ ከም ዘሎ፣ ጸጋታቶም ውን ኣብ ቀንጠመንጢ ይውዳእ ከም ዘሎ ይርዳእ።

ሽዑ ንሳ፡ “እዚ ደኣ እንታይ ክኸውን!” ክትብል ንሱ፡ “እኹል እዩ። ኣካይዳኺ ድኣ ኣጸብቒ!” ክብል ኣብ ገዛ ጭቕጭቕ ኮይኑ። እዚ ጭቕጭቕ ዝወለዶ ግርጭት ይስዕብ። ኣብ ሞንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ከኣ ዘይምስምማዕ ይመጽእ።

ኣብ ከምዚ እዋን ከኣ እታ ሓብቲ ናባይ ትመጽእ። ኩነታት ሓዳራ ድማ ተዕልለኒ። ኣነ ድማ እቲ ጸገም ኣብኣ ከም ዘሎ ምስ ተረዳእኩ፣ ብዛዕባ ናተይ ህይወትን ተመኩሮን ኣዕሊለያ። ነቲ ዝተላዕለ ግርጭት ምእንቲ ክትፍውስ ከኣ፣ ንብዓል ቤታ ትሕት ኢላ እናጸለየትሉ እግሩ ክትሓጽቦ መኺረያ። ብመጠን እቲ ንሳ ዝተሓተቶ፣ ብዓል ቤታ ውን ኣብ ቅድሚኣ (ብፍቕሪ) ትሕት ከምዝብል ነጊረያ። ገዝኣ ከይዳ ነቲ ምኽሪ ምስ ኣተግበረቶ ኸኣ፣ ሓዳራ ኣብ ምስትንባር ክትዕወት ጀሚራ።

ኣብዛ ምኽሪ ደልያ ናባይ ዝመጸት ሓብቲ ካብ ዝነበረ ጸገማት ገለ፡-

1-ንበረኸትካ ብኣፍካ ምውቃዕ
2-ቅድመ ኹነታትካ ዘይምስራዕ
3-ጠለባትካ ብኽቡር ዋጋ ካብ ከባቢኻ (ዱኳን) ምዕዳግ
4-ስርዓት ዘይብሉ ምሕዝነትን ርክባትን ምግባር ዝኣመሰለ እዩ ነይሩ።

እምባኣርከስ ነዘን ነጥብታት ብመንጽር ናይታ ኣብ ምሳሌ ዘላ ደገኛ ሰበይትን ገለ ካብ ውልቃዊ ተመኩሮታትን ኣብነት ብምሃብ ገለ ክብል ክፍትን እየ።

1 -ንጸጋታትካ ኣብ ክንዲ ትባርኾ ንበረኸትካ ብኣፍካ ምውቃዕ

ነቲ ኣብ ኢድና ዝኣተወ ጸጋታት ሒዝና ናብ ኣምላኽ ቀሪብና ብጸሎት ኣብ ክንዲ ንባርኾ፣ ገና ሰብኣይ ዝኾነ ነገር ከምጽእ ከሎ፡ “እዚ ደኣ እንታይ ክኸውን! እንታይ ክኣክል ድኣ እዚ!” ንብል እንተኾይና፣ እቲ ጸጋታታ ካብ ኣፍና ብዝወጸ ቃል ስለ ዝውቃዕ፣ ኣይባረኽን ኣይኣክልን ከኣ።

ምኽንያቱ እቲ ቃል፡ “ብቓላት ኣፍካ ተትሓዝካ፣ ብቓላት ኣፍካ ተፈንጠርካ።” ስለ ዝብል (ምሳሌ 6፡2)፣ ብገዛእ ኣፍናን ብገዛእ ቃላትናን በረኸትና ይወቃዕ።

እንታይ ደኣ፣ ምብዛሕን ምውሓድን ጸጋታት ከይርኣና፣ ትሕዝቶና ሒዝና ናብቲ ንዘየሎ ከም ዘሎ ዝጽውዕ ንሒደት ከኣ ዘብዝሕ ኣምላኽ ኢና ክንቀርብ ዘለና። ከምዚ እንተ ገይርና ጸጋታትና ክባረኽ እዩ። ክጸንሕ እዩ። ክኣክል ውን እዩ። እግዚኣብሄር ነቲ ብሩኽ ዝበልናዮ ዝኾነ ነገር ስለ ዝባርኾ።

ኣብ ቤተይ ዘጋጠመ ነገር ከዕልለኩም። ኣብ ገዛውትና ብዙሕ ሰብ ስለ ዘሎ ማይ ቦጥ ክንመልእ ብዝወጻእናሉ ሰዓት ጭቕጭቕን ባእስን መሊኡ እዩ። ኣነ ኸኣ ነዚ ኣዝየ እየ ዝጸልኦ። ዘይምውጻእ እየ ዝመርጽ። ብዘይ ማይ ከኣ ኣይከውንን እዩ። ግድን ገለ ክገብር ነይሩኒ።

ነቲ ነገር ተጻዊረ፣ ደገ ወጺአ፣ ማይ ክወርድ ግን ኣይመረጽኩን። ክጽሊ እየ ወሲነ። “እቲ ነቲ ሓርጭ ናይታ መበለት ዝባረኸ ሕጂ ውን ህያው እዩ። እቲ ንዘይቲ ናይታ መበለት ዘብዝሐ ሕጂ ውን ህያው እዩ። ሕጂ እዚ ጎማይ ክንደይ ዝኣክል ትሕዝቶ ኣለዎ ኢለ ቁሊሕ ኣይብልን። ግን ብስም የሱስ እባርኾ ኣለኹ። ብስም የሱስ መመሊሱ ይፈልፍል። ብስም የሱስ መመሊሱ ይብዛሕ።” ኢለ ኣብቲ ጎማ መትሓዚ ማይ ኢደይ ኣንቢረ ጸለኹ።

ካብ ሽዑ ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ እቲ ኣብኡ ዝነበረ ማይ ኣይተወድአን ዘሎ። ጎረባብትና ማይ ቦጥ ምውራድ ከም ዝገደፍክዎ ምስ ረኣዩ፣ ገሊኤን፡ “ብለይቲ ‘ዶ ማይ መጺኣ ነይራ እያ፧” ይብላኒ። ገሊኤን፡ “ኣብ ገዝኣ ዝፍልፍል ዒላ ኣለዋ።” ይብላ። ገሊኤን ድማ፡ “ለይቲ ማይ ምስ መጸት፣ ብሞተር ገይራ እያ ካብ ቡንባ ማይ ትመልእ ዘላ።” ኢለን ከሲሰናኒ። ሓንሳብ ውን፡ “ኣብዚ ገዛ ዒላ ኣሎ።” ኢለን ጠቒመናኒ። ዝምልከቶ ኣካል ኣምጺኤን ውን ገዛይ ኣፈቲሸንኦ። ኣብ ገዛይ ግን ትፍልፍል ዒላ ወይ ካብ ቡንባ ብሞተር ዝተሳሕበ ማይ ኣይጸንሐን። ብዘይካ ጎይታ መመሊሱ ዝባርኾ ዘሎ ማይ።

ሓደ ግዜ ውን ሓደ ነብዪ ንሓደ ኣማኒ፡ “ደሞዝካ 5000 እዩ። ግናኸ ናብራኻ ናይ ሚእቲ ሽሕ እዩ።” ኢሉ ክምስክረሉ ምስ ሰማዕኩስ ተገሪመ። ናይ ቤተይ ነገር ውን ከምኡ እዩ። ደሞዝና ሽዱሽተ ሚእቲ፣ ደቅና ዝምሃሩሉ ግና ዝበለጸ ቤት ትምህርቲ። ናይ ሰርቪስ፡ ናይ መነባብሮ፡ ... ተወሰኽዎ ኸኣ እቲ ወጻኢ ኣዝዩ ይትዓጻጸፍ። ኣምላኽ ጥንቲ መንበሪና ስለ ዝኾነ ኸኣ ኣይጎድለናን። ብምሕረቱ ንኹሉ ይምልኦ።

ትንብርከኽ ሰበይቲ ኣብ ዘላቶ ቤት ኩሉ ግዜ ዓወት ኣሎ። ኩሉ ግዜ ምስላጥን ምቕናዕን ኣሎ። ሰብኣያ ኣብ ኩሉ ዕይኡ ዕዉት እዩ ዝኸውን።

ሓደ እዋን ኣብ ዓዲ ሹማይ ከለኹ ዘጋጠመኒ ከዕልለኩም። ሓንቲ ትግረ ዝብሄራ ሰበይቲ እያ። ኣማዕድየ እየ ዝርእያ ነይረ። እቲ ሰብኣይ ምስኣ ከሎን ተሰናቢትዋ ካብ ጥቕኣ ምስ ርሓቐን ናብኡ ገጻ ገይራ ኢዳ ሓፍ ኣቢላ ትዛረብ ነይራ።

ኣነ ኸኣ ገሪሙኒ፡ "እቲ ሰብኣይ ከይዱ ከሎ ድኣ እዛ ሰበይቲ እንታይ እያ ትገብር ዘላ፧" ኢለ ነቶም ምሳይ ዝነበሩ ሰባት እሓቶም። ንሰም ድማ እቲ ሰብኣይ ብዓልቤታ ከምዝኾነ ትምርቓ ከም ዘላ ኸኣ ነጊሮምኒ። ብሓቂ ሰብኣያ ምርኡይ እዩ ነይሩ። እንታይ ስለ ዝኾነት፤ ስለ ትባርኾ።

ሽዑ ኣነ ኣዝየ ተገሪመ። "ንሕና ክርስትያናት ደኣኸ ስለምንታይ ኢና ከምኡ ዘይንገብር፤ ስለምንታይ ኢና ንብዓል ቤትና መሪቕና ዘይነፋኑ፧" ኢለ ክሓስብ ጀሚረ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ምጽላይን ንነገራትና ምብራኽን ከነቛርጽ የብልናን።

## 2-ቅድመ ኹነታትካ ዘይምስራዕ

ገለ ካብቲ ጽቡቕ ጎድኒ ናይታ ኣብ ምሳሌ 31፡10- ዘላ ደገኛ ሰበይቲ፡ "ንብረት ቤታ ትሕሉ፣..." ዝብል እዩ (ምሳ31፡27)። ኣብ ቤትና ዝኣተወ ጸጋታት ሰይጣን ከይወቕዖ ክሕሎ ኣለዎ። ወርቂ ብሓዊ ከም ዝሓልፍ ነቲ ገንዘብ ከኣ ብመንፈስ ኣምላኽ እንተዘይ ኣሕሊፍናዮ ኣዚና ክንሸገር ኢና። ሰይጣን ኣብ ናብራ ምእንቲ ከይንዕወት፣ ቀዳምነት ዘይስራዕ ነገራት እናምጽአ ጸጋና ክነባኽና እሞ በቲ ሽዑ ዝኽሰት ዘይምዕጋብ ወይ ክንፋታሕ ወይ ድማ እናተጨቓጭቕና ክንነብር እዩ ዝደሊ።

እግዚኣብሄር ብወገኑ ክህበና ከሎ ብወገንና ኸኣ ነቲ ዚሃበና ክነምሓድሮ ይደልየና እዩ። ሓደ ሓው፡ "እግዚኣብሄር ደንጕኩም እንተሃለዩ፣ ኣካይዳኹም ኣዕርዩ። ምኽንያቱ እግዚኣብሄር እቲ ዝህቦ ኣብ በቦትኡ ክእቱ ይደሊ እዩ።" ይብል ነይሩ።

ኣብነት ክኾነና ሓደ ፍጻሜ ንርአ። ገለ ኣሕዋት ልቓሕ ስለ ዝነበሮም እግዚኣብሄር ክሓልፎ ብሓደ ኼንና ንጽሊ ኔርና። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ነቲ ገንዘብ ሂብዎም። ንሳቶም ግና ኣብ ክንዲ ዕድኦም ዝኸፍልሉ ናብ ካልእ ምዓላ ኣውዒሎሞ። ሽዑ እቲ ዘለቅሖም ሰብ ክህውኾም ጀሚሩ። እቲ ጸገም ብሰንኪ ኣብ ምሕደራ ጸጋታቶም ዝገበርዎ ጉድለት እዩ ተኸሲቱ።

ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ነቲ ቅድም ዝለመንዎ እሞ ኸኣ ቀዳምነት ክሰርዕዎ ዝግባእ ሂብዎም እዩ። እቲ ኻልእ ክጸንሕ ዝኽእል ከኣ ብግዚኡ በቲ ሽዑ ዝልቀቕ ጸጋ ካልእ ግዜ ምገበርዎ።

ብዛዕባ ውልቃዊ ተመኩሮታተይ ከካፍለኩም ኣፍቕዱለይ። ብዓል ቤተይ ወርሓዊ 600 ናቕፋ እዩ ዝህበኒ። "እንታይ ተገበርክዎ ይሓይሽ፧" ኢለ ምስ ዝሓቶ ኸኣ፡ "ንስኺ ጥበቡ ኢኺ፣ ባዕልኺ ኣስተናብርዮ።" እዩ ዝብለኒ። እቲ ገንዘብ ዝሃበኒ ናብ ኣምላኸይ ኣቕሪበ፣ ብጸሎት እባርኾ እሞ ሽዑ ቀዳምነተይ ሰሪዐ እጥቀመሉ።

ገንዘብ ኣብ ኢድና ምስ ኣተወ ከነምሓድሮ እዩ ዘለና። ምምሕዳር ማለት ከኣ ንጸጋታትና ኣብ ዘዝግብኦ ምዓላ ምውዓል ማለት እዩ። እግዚኣብሄር ጻድቕ እዩ። ነቲ ክኾና ዘለዎ ሂቡና ኣሎ። ኣብቲ ግቡእ ምዓላኡ ምውዓል ከኣ ናትና ግደ ይኸውን።

ስለዚ እግዚኣብሄር ገንዘብ ምስ ሃበና፣ ነቲ ዝሃበና ገንዘብ ንምስትንባሩ ምስትውዓል ክህበና ንለምኖ። ሽዑ ከመይ ከም ንገብር፤ እንታይ ከም ንገብር፤ ምእንቲ ክንፈልጥ እግዚኣብሄር መስተውዓልቲ ክገብረና እዩ።

እታ ሓብቲ፡ "ሰብኣየይ ምስማዕ ኣብዩኒ እምበር፣ ኣነስ 'ንብዓል ዕዳና ንኽፈሎ' ኢለ ነጊረዮ ነይረ እየ።" ኢላትኒ። እሂን ምሂን ዘይምብህሃል ብዙሕ ነገር እዩ ዝጎድለካ። ንሳ ካልእ ንሱ ካልእ ክብል ከሎ፡ "እስኪ ንጸልየሉ" ኢልካ ናብ ጸሎት ክትኣቱ ኣሎካ። እግዚኣብሄር ከኣ ናብ ሓደ ሓሳብ የምጽኣካ እዩ። ሽዑ እቲ ቀዳምነት ክኸውን ዘለዎ ድማ ይኸውን።

ንኣብነት ምስ ብዓልቤተይ ሓደ ሓደ ፍልልይ እንተ ኣጋጢሙና፣ እሞ ኸኣ እቲ ናተይ ሓሳብ ቅኑዕ ምዃኑ ተኣሚነ። "ጎይታ ኣረድኣዮ" ኢለ እየ ዝጽሊ። ብርግጽ ከኣ ጎይታ ልክዕ ከምቲ ብዛዕባ ኩነታት ማርያም ንዮሴፍ ከም ዘረድኦ፣ የረድኣለይ እዩ። እግዚኣብሄር ንሕና ብቕንዕና ንዝገበርናዮ ነገራት ኩሉ የቕንዓልና እዩ።

ንሓደ ነገር እናለመንና ከለና ካልእ ብጎድኒ ዝመጽእ ነገር ኣሎ። እዚ ነገር ነቲ ምስ ኣምላኽ ዝተሰማማዕናሉ ከፍርስ እሞ ንሓዳርና ኸኣ ህውከት ከእትወሉ እዩ ዝመጽእ። ኣብ ከምዚ እዋን በቲ እግዚኣብሄር ዝሃበና ምርሒት ጥራይ ኢና ክንከይድ ዘለና። ካብቲ ዝሰራዕናዮ ቅድመ ኩነታት ፍንትት ክንብል የብልናን።

## 3-ጠለባትካ ብኽቡር ዋጋ ካብ ከባቢኻ (ዱኳን) ምዕዳግ

ኣብ ምሳሌ 31፡14-16 እንተርኢና፡ "ንሳ ኸም መርከብ ነጋዶ እያ፣ ካብ ርሑቕ ምግባ ተምጽእ።... ገና ለይቲ ኸሎ ትትንስእ... ግራት ትምልከት እሞ ትዕድጎ" ዝብል ቃል ኣሎ።

ብተወሳኺ ውን ኣብ ምሳ31፡27 "እንጌራ ትህኪት ከኣ ኣይትበልዕን።" ዝብል ቃል ኣሎ። ኣዴታትና ንዱኳን፡ "ዕዳጋ ሃካያት" ወይ፡ "ዕዳጋ ጡኑሳት" ኢለን ከም ዝሰምይኦ ንፈልጥ ኢና። ብኣንጻር ናይዛ ደገኛ ሰበይቲ ካብ ጥቓና ዘሎ ዱኳን ብኽቡር ዋጋ ንዕድግ እንተኺይድና፣ ዘይከምዛ ደገኛ ሰበይቲ እንጌራ ትህኪት ኢና ንበልዕ ዘሎና። እቲ ጸጋታትና ኸኣ ኣብ ሒደት ነገራት ጥራይ እዩ ክውዕል። ሕጽረታት ክመጽእ ድማ ብግዲ ይኸውን።

ስለዚ ከምታ እታ ደገኛ ሰበይቲ ኣንጊህና ተንሲእና መግብና ካብ ርሑቕ (ዕዳጋ ኬድና)፡ ዕዳጋ ተመልኪትና፡ ዘድልየና ዓዲግና ናብ ቤትና ክነምጽኦ እዩ ዘሎና።

## 4-ስርዓት ዘይብሉ ምሕዝነትን ርክባትን ምግባር

ምሓዙት ምብዛሕን እናሻዕ እናሻዕ ምርኻብን ከኣ ኣሎ። ሽዑ እከሊት መጺኣ ኢልና ከምቲ ክንገብር እከሊት መጺኣ ከምዚ ክንገብር ንውዕል።

እዚ ግን ጌጋ እዩ። ናይ ግዜን ናይ መደብን ሰባት ኢና ክንከውን ዘለና። ብምዱብ ግዜ ኢና ክንራኸብ ዘለና። መጺኣትኒ ከይደያ ዝብሃል ነገር የለን። ኩሉ ኣካይዳና ስርዓት ክህልዎ ኣለዎ። ከምዚኣ ምዓልቲ ናይ ከምዚ መደብ ኢልና ግዜ ፈሊና ንራኸብ። ርክብና ድማ ቃል ኣምላኽ ንዘራረበሉ፡ ብምዝርራብና ንህነጸሉ፡ ኣብ ቤትናን ኣብ ሓዳርናን ለውጢ ንገብረሉ ክኸውን እዩ። ካብዚ ወጻኢ ዝምስረት ምሕዝነታት ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ እዩ ዝዓዝዝ።

ስለዚ ብሰንኪ ጉድለት ምሕደራ ዝመጽእ ብዙሕ ዘየድሊ ነገራት ስለዘሎ፣ ሰበይቲ ማለት ከኣ ደጋፊት ስለ ዝኾነት፣ ንሰብኣያ ኣብ ድኻሙ ኣትያ ጎደልኡ ክትሽፍን እንተድኣ ኾይና፣ መጀመርታ ጉድለታ ክትእርም እዩ ዘለዋ።

ስለዚ ኣካይዳና ነጸብቕ። ሽዑ ነቲ ኣባኣ ዘሎ ጸጋ ርእዩ፣ ነታ ደገኛ ሰበይቲ ሰባኣያ ከም ዝተኣመና፣ ነቲ ኣባና ዘሎ ጸጋ ብዝራኣዩ ንኣና ውን ሰብኡትና ክእመኑና እዮም። ብብቕዓት ከስተናብርኦ ይኽእላ እየን ንዝብልዎ ኩሉ ነገር ውን ንኣና ክገድፉልና እዮም።

ሓደ ግዜሲ፣ ምስ ብዓል ቤተይ ኣብ ሓደ እንዳ ስጋ ንኣቱ እሞ፣ እቶም ብዓል ዱኳን ንብዓል ቤተይ፡ "ኣታ እንታይ ገዲሹካ፣ እዘን ኣንስቲ እኮ ከም ገለ ጌረን እየን ነዛ ዘንቢል ዝመልኣኣ፣ ንኣኣ ኣሕልፉ።" ኢሎሞ።

ምሕደራ ማለት ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበልናዮ ጸጋታት፣ በቲ ንሱ ዝሃበና ጥበብን ምስትውዓልን ብብቕዓት ምምሕዳር ማለት ክንድዝኾነ፣ በረኸት ንምቕባል፣ ነቲ ዝተዋሃበና በረኸት ንምምሕዳር ዝኸውን ጥበብን ምስትውዓልን ንምቕባል ገጽ ኣምላኽ ንድለ። ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዝርኣናየን ኣርባዕተ ጉድለታት ድማ ክንርሕቕ ኣሎና።

# ዓምዲ - ኣማንን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን



"ጸጋ ጎይታና የሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኩላትኩም ይኹን። ኣሜን!" - 2 ቆሮ 13 ፥13

## "ብቛንቋታት ምዝራብ ኣይትከልክሉ"

ብቋንቋታት ምዝራብ ምስጢራት ብመንፈስ ምስ ኣምላኽ ምዝራብ ኮይኑ፣ ንርእስና ክንሃንጸሉ ንነፍስወከፍና ዝተዋህበ ናይ እግዚኣብሄር ዝዓበየ ጸጋ እዩ። ሰማያትና (ኣትሞስፌርና) ድማ ንመንፈስ ቅዱስ ዝምችእ ይኸውን።

ቋንቋታት ናብቲ መንፈሳዊ ዓለም ዘእትወናን ኣብኡ ዝለቅናን ውህበት እዩ። መንፈሳዊ ዓለም ንነፍስወከፍ ብኽርስቶስ የሱስ ኣሚኑ ዳግም ዝተወለደ ሰብ ዝተዋህበ ዓለም እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ: "ንቕሑን ጸልዩን" ኢሉና ኣሎ። ምንቃሕ ምጽላይ ኣይኮነን ምጽላይ ከኣ ምንቃሕ ኣይኮነን። ምንቃሕ ቋሕ ምባል: ወይ ምክትታል እዩ። ብዛዕባ ሓደ ነገር ምስትውዓል: ምርዳእ: ብፍልጠት ምጕላ እዩ። ብዛዕባ ሓደ ነገር ንፈልጥ ከኣ ብቋንቋታት ጸሊና ምስጢራት እንተገለጽና እዩ።

ኣምላኽ ዝኾነ ነገራት ክህበና እንከሎ ጥቕሙ ርእዩ እዩ ዝህበና። ብቋንቋታት ምዝራብ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝኾነ ጥቕሚ ኣለዎ። ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ከም ነጻ ህያብ እዩ ሂቡዎ። ህያብ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና ጠቕሊልና ከነቐምጦ ውን ንኽእል ኢና። እዚ ነጻ ህያብ ናይ ቋንቋታት ግን ነቶም ዝተቐበልዎ ዘበሉን ብስሙ ንዝኣመኑን ጥራይ እዩ ዝሰርሓሎም።

*መንፈስ ቅዱስ ሰለስተ ዓይነት ቋንቋታት እዩ ሂቡና። ንሳቶም ከኣ:-*

1- ማሕበር ንምህናጽ ንውሑዳት ኣመንቲ ዝተዋህበ ዚትርጎም ውህበት ቋንቋታት (1ቆሮ14፡5)

2- ውልቀ ኣማኒ ንምህናጽ ንዅሉ ኣማኒ ዝተዋህበ ውህበት ቋንቋታት (ማር16፡16 (ናይ ምልክት ቋንቋ), 1ቆሮ14፡2,4)

3- ናይ ኣገልግሎት ቋንቋ (ምድራዊ ቋንቋ ኮይኑ ብዘይትፈልጦ ቋንቋ (ብዓረብ፡ እንግሊዝ፡ ጽርኢ ወዘተ።) ከተገልግል ዝወሃብ (ግብ2፡4,10-11)

*እቲ ሎሚ ከነተኩረሉ ተደልዩ ዘሎ እቲ ንነፍስወከፍ ኣማኒ ዝተዋህበ ዉህበት ቋንቋታት እዩ።*

ንቋንቋታት ዋታ ኣለዎ። ብቋንቋታት ኪንዛረብ እንከሎና ጣዕሚ ክስምዓና ኣለዎ። "ገለ ሰባት ስለምንታይ እዩም ሕጊግ እናበለ ዘውጽእዎ፧" እንተድኣ ኢልና፣ ዋሕዲ ቃል ኣምላኽ እዩ። ምስ ቃል ኣምላኽ ዘሕልፍዎ ግዜ ውሑድ እዩ። ኣብ ውሽጦም ዘሎ ቃል ኣምላኽ ዉሑድ እዩ። ብቋንቋታት ተመሊኦም እናሃለዉ ግናኸ ይስልቸዎም። ቋንቋታት ዘብዝሐ ቃል ኣምላኽ እዩ። ቃል ኣምላኽ ክህልወና ኣለዎ። ክንድቲ ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ዝወሰድናዮ ግዜ እዩ ዝዓቢ። ብፍላይ መጽሓፍ ቅዱስ ንነዊሕ ሰዓታት ከነንብብ እንከለና፣ ገና እናንበብና ከለና እዩ ካብ ኣፍና: "ትትትትትት" እናበለ ዝወጽእ።

ብፍላይ እቲ እንዛረቦ ቋንቋታት እናበዝሐ ክኸይድ ኸሎ ከም ዘረባ እዩ ዝኸውን። ንኣብነት ክንዋጋእ ከለና ነውጽኦ ቃላት ይርድኣና እዩ። ክነምልኽ ከለና ንጥቀመሉ ቋንቋታት ድማ ኣሎ። ክንግልድ ከለና: ክንምህለል ከለና: ክንቓትት ከለና... ዝወጽእ ቋንቋ ኣሎ። ቋንቋታት ብመጠን እቲ ዝተዛረብናዮ እዩ ዝበዝሓልና። ብፍላይ ህያባት ናይ ኣምላኽ ኩሉ ህያው ነገር እዩ። ከም ዳንጋላ ኣይኮነን። ዝዓቢ እዩ። እናወሰኸ ዝኸይድ።

ቋንቋታት ኣምላኽ ከነሽርፎ ዝሃበና ህያብ እዩ። ጳውሎስ ዓሰርተ ሽሕ ኣብጺሒዎ እዩ። ብቋንቋታት ምዝራብ ክንክልከል የብልናን። እዚ ክኸውን ግን ብዛዕባ ብቋንቋታት ምጽላይ ዘሎ ምርዳእ ክዓቢ ኣለዎ።

ሃዋርያ ጳውሎስ: "ብቋንቋታት ምዝራብ ኣይትከልክሉ!" ዝበለ (1ቆሮ14፡39)፣ ኣመንቲ ነዚ እንተተጠቐሙሉ ንዓቢ በረኸት ዝኾኖም ውህበት መንፈስ ቅዱስ፣ ከይጥቀሙሉ ዝዕንቅጽ ዝተፈላለየ ከልካሊ ኣተሓሳስባታት ከም ዝኸሰተ ስለ ዝፈለጠ እዩ። ገለ ካብቲ ናብ ሰረተ እምነት ዝማዕበለ ኣተሓሳስባታት: "ቋንቋታት ነታ ናይ ሃዋርያት ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን ጥራይ ዝተዋህበ እዩ።" ወይ ድማ: "ንሒደት ኣባላት ናይ ሓንቲ ቤተክርስትያን ጥራይ ዝተዋህበ እዩ።" ዝብል ይርከቦ።

ግናኸ እቲ ቀንዲ ተልእኾ ውህበት ቋንቋታት ንምህናጽ ቤተኽርስትያንን ንምህናጽ ውልቀ ኣማንን ክሳዕ ዝኾነ፣ እቶም ክህነቱ ዘለዎም እታ ናይ መጀመርታ ቤተክርስትያንን ሃዋርያትን ጥራይ ኣይኮኑን። እዛ ኣብ ገጽ ምድሪ ዘላ ቤተክርስትያንን ኣመንትን ውን ምህናጽ የድልዮም እዩ።

ናይ ቋንቋታት ውህበት ነቶም ብሓደ ተኣኪቦም ዝነበሩ 120 ሰባት (ንነፍስወከፎም) ምዕዳሉ (ግብ2፡4)፣ ነፍስወከፍ ኣማኒ ክህልዎን ክባረኸሉን ዘለዎ ውህበት ከም ዝኾነ ንምጉላሕ እዩ።

*ጥቕምታት ውህበት ቋንቋታት ኣብ ውልቀ ኣማኒ*

1- ብቋንቋታት ክንጽሊ ከለና ንኣየራትና ንመንፈስ ቅዱስ ዝምችኦ ነገራት ኢና ንመልእ። ንጽዕኖ ኢና ዘለና። በቲ ሓደ ወገን ከኣ ኣየራቶም ንዝተበላሸወ ኣሕዋት፣ ኣብ ኣየራቶም ብቋንቋታት ብምጽላይ ንኣየራቶም ከነጽርዮ ንኽእል ኢና። ምኽንያቱ ብቋንቋታት ምስ እንጽሊ፣ እቲ ልሳን ሓዊ እናጉሃረ እናጉሃረ ነቶም ኣብ ኣየራት ዝንቀሳቐሱ ኣጋንንቲ ይልብልቦም እሞ ኣየራትና (ሰማያትና) ኸኣ ንመንፈስ ቅዱስ ዝምችእ ይኸውን።

2- ብቋንቋታት ክንዛረብ እንከለና ርእስና (መንፈስና) ንሃንጽ። ብቋንቋታት ምጽላይ ንቐጻሊ ዕቤት ናይ ሓደ ኣማኒ ይኹን ኣገልጋሊ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ስለዚ ብዘይምቁራጽ ብቋንቋታት ክንጽሊ ኣሎና።

3 - ብቋንቋታት ክንጽሊ ከለና ምስጢራት ምስ ኣምላኽ ብመንፈስ ንዛረብ

ብቋንቋታት ክትዛረብ ከለኻ ብዘይካ እግዚኣብሄር መልእኽቲ ይኹኑ ኣጋንንቲ፣ ንሕና ውን እንተኾንና ኣይንፈልጦን ኢና። ብቋንቋታት ክንዛረብ ከለና ብዛዕባ ዝተፈላለየ ነገራት (ምስጢራት) ኢና እንዛረብ። ምናልባት ብዛዕባ ድሕሪ ክልተ ዓመት ዝፍጸም ክኸውን ይኽእል እዩ። ምናልባት ሎሚ ድሕሪ ሰዓት ዘጋጥም ይኸውን፡ ምናልባት ውን ኣብዛ ሰዓት ዘጋጥም ክኸውን ይኽእል እዩ።

ስለዚ ምስ ኣምላኽ ምስጢራት ምዝራብ ክነቋርጽ የብልናን። እቲ ገመድ ኪብተኽ የብሉን: ክንድቲ ብቋንቋታት ዚተዛረብናዮ ብእኡ መጠን እዩ ምስጢራት ዝቕለዕ። ብእኡ መጠን እዩ መፈንጠራታት ዝብተኽ። ብእኡ መጠን ኢና ድማ ንሕና እንናገፍን ሓራ እንኸውንን። ሽዑ ኣብ ህይወትና ርኡይ ለውጢ እዩ ዝመጽእ።

ስለዚ ካብ ኣምላኽ ዘየቋርጽ ምስጢራት ክንቅበል እንተ'ኴንና፣ ብቛንቋታት ምዝራብ ከነቋርጽ የብልናን። ብቛንቋታት ምዝራብ እናቋረጽናዮ እንተኼድና ግና፣ ናብ ህይወትና ዝልቀቐ ምስጢራት ድማ እናንጎደለ እዩ ዚኸይድ። ምስጢራት ካብ ሰማይ ክመጸልኣልና ንደሊ 'ዶ፧ ብቛንቋታት ንዛረብ ።

ብቛንቋታት ክንጽሊ ከለና ገለ ካብቲ ዝግለጽ ምስጢራት ከምዚ ዝስዕብ እዩ፦

### ሀ. ውልቃዊ ምስጢራትና ይግለጽ

ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ውሽጥና ምስርሳር ይሰምዓና፡ ሓጎስ ይሰምዓና፡ ጓሂ ይሰምዓና፡ ፍርሕ ፍርሕ ንብል ወይ ምኽኽ ወይ ድማ ጸዋ ንብል። እንታይ ኢና ንኸውን ዘለና፣ ክንፈልጥ እንተኴንና ነቲ ምስጢር ንምፍላጥ ብቛንቋታት ክንዛረብ ኣለና።

### ለ. ምስጢራት መንፈሳዊ ዓውደ ኣዋርሕ ይግለጽ

ብቛንቋታት ንዛረብ ተለና፣ እቲ ኣብ ሞንጎ መንፈስናን ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ኣምላኽ ዘለና ሕብረትን ኣይቁረጽን እዩ። እግዚኣብሄር እቲ መንፈሳዊ ዓለም ኣበየናይ ግዜ በጺሑ ኣሎ ይፈልጦ እዩ። ንውሉዱ ኸኣ ከፍልጦና ይደሊ እዩ። ኣበየናይ ካላንደር ኣሎና፣ ይወግሕ ድዩ ዘሎ ይመሲ፧ ብቛንቋታት ንጽሊ እንተ'ኴንና መንፈስና ንቑሕ ስለ ዝኸውን ምልላይ ዘመናትን ክግበር ዘለዎ ነገራትን ኣይሰወረናን እዩ።

### ሐ. ኣብ ልቢ ኣምላኽ ዘሎ ምስጢራት (ናይ መጻኢ ኣጀንዳታት) ይግለጽ

ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ዘሎ ሓሳብ (ምኽሪ) ኣምላኽ ክነለሊ እንተ'ኴንና፡ ግድን ብቛንቋታት (ብመንፈስ) ክንጽሊ ኣሎና።

### መ. እቶም ነገልግሎም (ነናግሮም) ኣሕዋት ከይባረኹ (ከይናገፉ) ዘዓንቀጾም ምስጢራት ይግለጽ

ብዛዕባ ነናግሮም ዘለና ሰባት ምስጢራት ምእንቲ ክንረክብ፣ እሞ ነቲ ጽኑዕ ዕርድታት ኣለሊና ብምውቃዕ ከነናግሮም እንተ'ኴንና ብቛንቋታት ብምጽላይ ካብ እግዚኣብሄር ምስጢራት ክንቅበል ኣሎና።

ሽዑ ምስጢራት ካብ ሰማይ ናብ መንፈስና ክመጽእ እዩ። ናብ መንፈስና ዝመጸ ምስጢራት ግን ኣእምሮና ብዝርድኦ ቃላት ምትርጓም ከድልዮ እዩ። ከመይሲ መንፈሳዊ ነገር ብመንፈሳዊ ነገር ጥራይ ኣይኮነን ዝርድኣና። ንኣእምሮ ክርድኦ ብዝኸእል ቛንቋ እዩ ዝርድኣና።

ብቛንቋታት ክንዛረብ ከለና መንፈሳዊ ምስጢራት ካብ መንፈስ ቅዱስ ናብ መንፈስና፡ ካብ መንፈስና ናብ ነፍስና ወይ ናብቲ ናትና ምርዳእ ክመጽእ እንተኾይኑ ግን፣ ኣብ ነፍስና መዝገበ ቃላት ክህልወና ኣለዎ። ንሱ ኸኣ ቃል ኣምላኽ እዩ። ቃል ኣምላኽ ኣብ ሓሳብና፡ ኣብ ኣረዳድኣና ኣብ ፍልጠትና፡ ክህሉ ኣለዎ። ብመገዲ ቃል ኣምላኽ እዩ መንፈሳዊ ነገራት ክትርጎመልናን ክርድኣናን ዘለዎ። ብዘይ ቃል ኣምላኽ ግን ክርድኣና ኣይክእልን እዩ። ስለዚ እቶም ብቛንቋታት እንዛረብ ምትርጓሙ ምእንቲ ክክኣለና፣

1- ምስ ቃል ግዜ ንውሰድ

2- ኣብ ኣእምሮና ድማ ፍረ ናይቲ ብቛንቋታት ንጽልዮ ዘለና ምእንቲ ክንረክብ ውህበት ምትርጓም ቋንቋታት ክወሃበና ንጸሊ (1ቆሮ14፡ 13-14)።

ስለምንታይ እዩ ግን ኣብ 1ይ ቆረ 14፡15 "ብመንፈስ ክጽሊ፡ ግናኸ ብእምሮይ ድማ ክጽሊ እየ፡ ብመንፈስ ክዝምር፡ ግናኸ ብእምሮይ ውን ክዝምር እየ።" ዝበለ፧ ስለምንታይ እዩ ብኣእምሮ ጀሚሩ ብ መንፈስ ዘይቀጸለ፧

ብዙሕ ግዜ ስለምንታይ ኢና እንዳኸም፧ ጸሎትና ብኣእምሮ በቲ ንፈልጦ ኣርእስትታት ስለ ንጅምር እዩ። ነቲ ብኣእምሮ ሕጊግ ክንብለሉ ዘውዓልና ትወቅዕ ሓንቲ ቃል ቋንቋ ነይራ ክትከውን ትኽእል እያ። ንሓደ ነገር ምንጩ ረኺብና ክንወቕየ እንተ'ኴንና ብቛንቋታት ምጽላይ የድልየና። ሽዑ ብዙሕ ዘይተመለሰ ኣርእስታት ምንጩ ስለ ዝተረኸበ ይምለስ።

ጸሎት ነቲ ኣብ ልቢ ኣምላኽ ዘሎ ነገር ኣስተውዒልና ከም ፍቓድ ኣምላኽ ስሌናን፡ ስለ ንፈልጦምን ዘይንፈልጦምን ሰባት ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ብመንፈስ ቅዱስ ምሃብ እዩ። ካብ ሰማይ ሓበሬታ (ምስጢራት) ክንረክብ እንተ'ኴንካ ግና፣ መጀመርታ ብቛንቋታት ምጽላይ ከድልየና እዩ።

ብቛንቋታት ምስ ጸለና ብድሕሪኡ ናብ መንፈስና ገለ ሓበሬታታት ይመጽእ። ኣብ ኣእምሮና ምስ ተተርጎመ ኸኣ፡ "በሉ ብዛዕባ ከምዝን ከምትን ንጸሊ" ንብል።

ብቛንቋታት ንጽሊ እንተለና ሓይልና ንከንቲ ኣይጠፍእን እዩ። ከምቲ ኣብ ልቢ ኣምላኽ ዘሎ ጌርና ንጽሊ ስለ ዘለና ሰማይ ይሕጎስ። ጉዳይና ዝፈትሑ ብርቱዕ መልኣኽ ይመጽእ። መልኣኽቲ እግዚኣብሄር ንጡፋት ዝገብርዎ ኣገልጋሊ ክመጽእ ከሎ እዮም ዝሕጎሱ። ሽዑ ይዋናጨፉ። ናብ ዓሌትካ፡ ኣቦኻ፡ ኣዴኻ፡ ኣዝማድካ ይኸዱ። ናብ ጸላእትኻ ይኸዱ። ሽዑ ዝሕሎ ይሕሎ፡ ዝዕየ ይዕየ፡ ዝጽገን ይጽገን፡ ዝውቃዕ ይውቃዕ፡ ዝዕቀብ ይዕቀብ።

ብቛንቋታት ምጽላይ ንኣምላኽ የስርሖ፡ ንመልኣኽቲ የበራብሮምን የስርሖምን፡ "እቲ ብመንፈሰይ ዘገልግሎ ኣምላኸይ" ዝበለ ጽሑፍ ከም ዘሎ (ሮሜ 1፡9-12)፣ ንሕና ውን የስርሓና። ብመንፈስ እንተጀሚርና እዚ ኹሉ ረብሓታት ኣለዎ። ስለዚ መጀመርታ ብመንፈስ ክንጽሊ ብድሕሪኡ ድማ ብኣእምሮ ክንጽሊ ኣለና።

ብኣእምሮና እንተጀሚርና ግና፣ ካብ ኣእምሮና ናብ መንፈስና ሓበሬታ ኣይከነሕልፍን ኢና። ምኽንያቱ ኣእምሮና ናይ ሓሙሽተ ህዋሳት ሓበሬታ እዩ ዘለዎ። ኣእምሮና ነዚ ሓበሬታታት እናተጠቕመ ንመንፈስና ክዶቕሶ እዩ ዘደሊ። ብመንፈስ እንተጸለና ግን፣ መንፈስና ንኣእምሮና ብቃል እግዚኣብሄር ገይሩ እዩ ዝረትዖን ዘንበርክኾን። "ከመይ ገይረ ክሓዊ!" ክብል ከሎ፡ "ኣነ ያሕዌ ሓውያ እየ!" ይብሎ። "መኺን እየ! ክወልድ ኣይክእልን እየ።" ክብል ከሎ፡ "ኣብርሃም ወሊዱ እዩ።" ዝበለ ቃል የምጽኣሉ።

በቲ ካብ መንፈስና ዝወጸ ንነፍስና ከድሕና ዝኽእሎ ትኹል ቃል ኣእምሮና ይሕደስ። ሽዑ ነፍስና ብፍልጠት እናድሓነት ትኸይድ። ሽዑ ንመንፈስ ቅዱስ ንምችእሎ። ሽዑ፡ "ንፋስ የለን፡ ዝናብ የለን ግን ጎዳጉድኻ ማይ ክመልእ እዩ።" ክንብል ንጅምር (2ነገ3፡16-17)። ሰማይ ንስለስተ ዓመትን መንፈቕን ተዓጽዩ፡ ምድሪ ደሪቓ እንከላ፡ "ደሃይ ብርቱዕ ዝናብ ይሰማዕ ኣሎ እሞ ተንሲእካ ብላዕ ስተ።" ክንብል ንጅምር (2ነገ3፡16-17)።

ስለዚ ኣመንቲ ንኹን ኣገልገልቲ ህይወትናን ህይወት መጓስናን ክህነትና፡ ቀጻሊ መንፈሳዊ ዕቤት ክንረኢ፡ ኣየራትና ጸርዩ ንመንፈስ ቅዱስ ዝምችእ ክኸውን፡ ቀጻልን ዘየቋርጽን ምስጢራት ካብ ኣምላኽ ክንቕበል እንተ'ኴንና፣ ብቛንቋታት ምዝራብ ክንክልከል የብልናን።

ኣምበኣርከስ፣ ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ወይ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ወይ ውን ኣብ ምዓልቲ ሓንሳብ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ክንኣቲ ክወንጽእ፡ ክንድቅስ ክንተስእ፡ ክንበልዕ ክንሰቲ፡ ኣብ ኩሉ ሰዓታት ብቛንቋታት ክንጽሊ ኣለና። ዝበዝሐ ሚእታዊት ካብቲ ንምዝራብ ንጥቀመሉ ሓይሊ ብቛንቋታት ንምጽላይ ንጠቐመሉ።

# ምስክርነታት ብቋንቋታት ምዝራብ




“ኣብ ዩንቨርስቲ ንኻልኣይ ዲግሪ ክወስድ መርመራ ክገብር ምስ ኣተኹ፣ እቲ መምህር ናይታ ዓውደ ትምህርቲ፣ ክምሃሮ ዝግብኣኒ ግዜታት ኣብ ክፍሊ ስለዘይተረኸብኩ፡ “እቲ ዝውሓደ ምዕቀኒታት ኣየማላእካን።” ኢሉ ካብ ናይ ፈተና ክፍሊ ሰጒጒኒ። እንተለመንክዎ ኸኣ ምስማዕ ኣብዩኒ። ኣነ ግና ተሰፋ ከይቆረጽኩ ኣብ ደገ ወጺኤ ብቋንቋታት ጸለኹ እሞ ተመሊሰ ናብ ኦፊሱ ኣተኹ። ሽዑ ንሱ ዝፍተነሉ ወረቐት ሂቡ ኣብ ወንበር ኮፍ ኣቢሉኒ። ተፈቲነ ኸኣ ሓሊፈ። ብቋንቋታት ምጽላይ ንዝተኸፈቱ ምዓጹ የርሑ እዩ እሞ ብቋንቋታት ምጽላይ ኣይተቋርጹ።”- ሃዋርያ ታምራት ታረቀኝ / Christ Jesus Church (C J - TV)



“ሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ሆቴል ጎይታ ከቕብሎ ኢለ ንሓደ ሰብ ክምስክረሉ ጀሚረ። ግናኸ እቲ ሰብ ምቕባል ኣበየኒ። ሽዑ ብቋንቋታት ክጽሊ ከም ዘለኒ ኣብ ውሽጠይ ይርድኣኒ እሞ ምስ ጸለኹ፣ እቲ ሰብ ክነብዕን ክንኽኽን ጀሚሩ። ሽዑ፡ “እንታይ ደኣ ኴንካ፧” ኢለ እንተሓተትክዎ፣ ብዘይካ ኣምላኽ ካልእ ማንም ክነግረኒ ዘይክእል ምስጢር፣ ብናይ ዓዱ (ናይታ ዝተወለደላ ቁሸት) ቋንቋታት ገይረ ከዛረቦ ከምዝጸናሕኩ። ክሳዕ ኣብሓጉሉ ከጽውዖ ክሎ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ስምን ኣብ ኣካላቱ ዝነበረ ምልክትን ውን ከም ዘጠቕስክዎ ኣዕሊሉኒ። ሽዑ ጎይታ ተቐቢሉ።”- ወንጌላዊ ዶክተር ገብሩ

“ኣብ ሓደ ክፍሊ ምስ ኣሕዋት እናጸሎና ከለና መንፈስ ቅዱስ ብሓይሊ ተገሊጹ። ኣነ ድማ ብቋንቋታት ንእግዚኣብሄር ኣመስግና ነይረ። ብራእይ ድማ ንብዙሕ ህዝቢ ኣብ ኣምልኾ ዘእቱ ዓቢ ምንቅቓሕ እርኢ ነይረ።



እቲ ብርሃን ድማ ክሳዕ ጸልማት ፈጺሙ ዝጠፍእ ወሰኸ። ኣብታ ምሸት፣ ድሕሪ ጸሎት ምውዳእና ሓንቲ ሓብቲ መጺኣ፡ “መንፈስ ቅዱስ ዝተገልጸሉ ግዜ፣ እግዚኣብሄር ስለ ዝሰርሖም ዝነበረ ዓበይቲ ተኣምራት፣ ብቋንቋ ኤርትራ ንእግዚኣብሄር ተመስግና ኔርካ። ብተወሳኺ ድማ፣ ብዛዕባ ዝመጽእ ዓቢ ምፍሳስ መንፈስ ቅዱስ፣ ንመላእ ዓለም ዝበጽሕን ንጎደናታት ከይተረፈ ብ ክብሪ እግዚኣብሄር ዝመልእ ምንቅቓሕ ትንበ ኔርካ።” ኢላትኒ።

“ጾምን ጸሎትን ወሲደ ብዛዕባ እቲ ብቋንቋታት ዝተነበኽዎ ምንቅቓሕ ንኣምላኽ ምስ ሓተትክዎ፣ ናይ መወዳእታ ምንቅቓሕን ሽዑ ዝግለጽ ክብሪ ኣምላኽን ከመይ ከምዝመስል ኣርእዩኒ።” - ብራይን ጆንስ (suddenly, all heaven broke loose! )



“ብመንፈስ ቅዱስ ተጠሚቐ ን5 ስዓታት ዝኣክል ብዘይምቁራጽ ብልሳን ምስ ጸለኹ፣ ሚኒስትረይ መሰረታዊ (ሱር በተኻዊ) ለውጢ ገይሩ። ካብታ እዋን እቲኣ ንድሓር ኣገልግሎተይ ተቐይሩ። እቶም ዘገልግሎም ሰባት ውን በቲ ለውጢ እናተገረሙ መስኪሮምለይ።”- ኬኒት ሃጊን




“ብቋንቋታት ክጽሊ ምስ ጀመረ ኣብ ትምህርቱ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ዝኾነ ቆልዓ ኢፈልጥ እየ።” ፓስተር ክሪስ

“ብዙሓት ኣሕዋት፡ ‘ምስጢር ናይዚ ዕዉት ኣገልግሎትካ እንታይ እዩ’ኢሎም ይሓቱኒ እዮም። ኣነ ኸኣ፡ ‘ብቋንቋታት ምዝራብ ኣየቋረጽኩን እየ ‘ኢለ እምልሰሎም።”- ረቨረንድ ዶክተር ተመስገን ፍስሃየ

(ረቨረንድ ዶክተር ተመስገን ፍስሃየ ኣብ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኣብ ኣፍሪቃን ሃገራት ዓረብን ብወንጌላዊ ኣገልግሎቱ ንብዙሓት ሰባት ንምድሓን ምኽንያት ዝኾነ፡ ንብዙሓት ኣሕዋትን ኣገልገልትን ዝድግፍን ዝጓስን፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዘገልግል ዘሎ ኾይኑ፡ ገለ ካብቲ ኣብዚ እዋን ዘሎ ኣገልግሎቱ ንኣስታት 5000 ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝሰርሓ ኣሓት ምግልጋል እዩ።

“ሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ካፈ ኮፍ ኢለ መንፈሳዊ ነገራት እናተዓዘብኩ ከለኹ፣ ኣተኩሮ ናይ ሰባት ከም ዝስሓብኩ እሞ እቶም ሰባት ከኣ ይከታተሉኒ ከም ዘለዉ ምስ ኣስተውዓልኩ፣ ብውሽጠይ ክጽሊ ጀመርኩ። ኣብ መንፈስይ ክብደት ናይቲ ነገር ምስ መዘንኩ፣ ኣፈይ ከፊተ ብዝስማዕ ድምጺ ብቋንቋታት ምጽላይ ቀጸልኩ። ድሕሪ ሒደት ደቃይቕ ከኣ ኣብ ውሽጠይ ናይ ዓወት ድሃያት ክመጽእ ጀመረ። ሽዑ እቶም ሰባት እናርኣዩኒ ወጺኦም። ዝስዓበኒ ሰብ ከኣ ኣይነበረን።

“ኣነ ድማ ሕጂ በዚ ዝተዋህበኒ ዕድል ተጠቒመ፣ ንኹሎም ብቋንቋታት ምዝራብ ዘይደፈሩ ኣሕዋት ብቋንቋታት ምጽላይ ንኽለማመዱ፡ እቶም ብቋንቋታት ዘይተመልኡ ድማ ቋንቋታት ክምልኡ ሃረር ክብሉን ተበግሶታት ክወስዱን ኣተባብዖም።”



# ዓሠዲ ነፍሰየ

## ተስፋታት ኣምላኽ ተረድኢ



ኣቲ ነፍሰይ ቅድሚ ሕጂ ንእምነት ብዝምልከት ፡ ምንጪ እምነት ኣብ ምምርማር እዩ ምስጢሩ እናበልና ተዘራሪብና ምንባርና ትርስዕዮ ኢኺ ኢለ ፍጹም ኣይሓስብን እየ። ብዘይ ብኡ ድማ እምነት ካብ ምስማዕ ከም ዚምንጩ ዘኪርና ነይርና። ስለምንታይ ብዛዕባ እምነት ክንዛረብ ከምዚመረጽኩ ብተደጋጋሚ እኳ ነጊረኪ እንተነበርኩ፣ ሕጂ ውን ክገልጸልኪ። ብዘይ እምነት ንኣምላኽ ከስምሮ ዚኽእል እዚ ማለት ንኣምላኽ ከኽብሮ ዚኽእል ፍጡር ውን ስለ ዘየልቦ እዩ።

ነፍሰየ! ኣጸቢቕኪ ክትርድእዮ ዘሎኪ ነገር፣ እምነት ኣብ እዋን ጸሎት ጥራይ ኣይኮነን ዘድሊ። ከም ክርስትያን ምኳንኪ መጠን ግና፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስጉምትኺ፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ጉዳይ እምነት የድልየኪ። ጎይታ ክትቅበሊ ብእምነት እዩ ዝኾነ፣ ኣብ ጎይታ ክትጸንዒ ውን ብእምነት እዩ ዚኸውን። ንሰይጣን ክትጻረሪ እምነት የድልየኪ፣ ወንጌል ክትምስክሪ እምነት የድልየኪ።

ብዛዕባ እዚ ነገር ብዙሕ ክንብል ንኽእል ኢና። ብዓቢኡ ግና ንኣምላኽ ከተስምሪ (ክብሪ ክትህቢ) እምነት የድልየኪ። ኣገዳስነት እምነት ክሳብ ክንድዚ ስለዝኾነ እዩ እምበኣር ሰይጣን፣ ወትሩ ነዛ ኣብ ጎይታ የሱስ ዘላትኪ እምነት ከጥፍእ፣ ሓንሳብ ማዕበላት ይገላብጥ፡ ሓንሳብ ሰይፊ የምጽእ፡ ሓንሳብ ናብ ሓዊ ይድርቢ ካልእ ነገራት እውን ዚገብር።

ብዘይ እዚ ግና ቃል እግዚኣብሄር። “ጻድቕ ብእምነት ይነብር።” ስለ ዚብለና (ሮሜ1፡17)፣ ኣገዳስነት እምነት ኣዝዩ ዓብዪ ምኳኑ በዚ ንርዳእ።

ሓደ እዋን ሓደ ኣቦ ንስራሕ ኣቢሉ ክወጽእ እንከሎ ነቲ ንእሽተይ ውሉዱ፡ “ደሓር ክምለስ እንከለኹ ኲዑሶ ክማልኣልካ እየ።” ኢሉ ኣተስፈዎ። እቲ ንእሽቶ ቆልዓ ድማ ኣብኡ፡ “ኲዑሶ ክማልኣልካ እየ።” ምስ በሎ፣ ኣብኡ ድላዩ ክገብር ከም ዚኽእል ገይሩ ስለ ዘቖጸሮ፡ “ባባየይ ኲዑሶ ክማልኣለይ እዩ።” እናበለ ንዘዝረኸቦ ሰብ ክነግር ጀመረ። ኲዑሶ ከምጽኣሉ ድማ ንኣቡኡ ክጽበዮ ኣምሰየ።

ኣቲ ነፍሰይ! ተስተውዕሊ‘ዶ ኣሎኺ፧ እዚ ቆልዓ ንኣቡኡ ኲዑሶ ከም ዘምጽኣሉ ኣሚንዎ ግና ስለምንታይ ኮን እዩ ኣሚንዎ፧ ምኽንያቱ እቲ ኣቡኡ ባዕሉ ተስፋ ስለ ዚሃቦ እዩ። ኣቡኡ፡ “ኲዑሶ ከምጽኣልካ እየ።” ዚብል ተስፋ እንተዘይህቦ ነይሩ ግና ካብ ምንታይ ተበጊሱ እዩ እሞ ኲዑሶ ክትመጽኦ ኢሉ ክኣምን ወይ ክጽበ፧

ስለዚ እንታይ ክብለኪ ከምዝደለኹ ድሮ ተረዲኡኪ ኣሎ። ንሱ ኸኣ እምነት ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር እያ። እዚ ማለት ኩሉ ጊዜ ቅድሚ እምነት ተስፋ ክትህሉ ኣለዋ። እምበር ተስፋ ከይተቐበልኪ ግና ንምንታይ ኢኺ እሞ ክትኣምኒ፧

እስከ ናብቲ ናይ እምነት ኣቦ ዝኾነ ኣብርሃም ተመልከቲ፣ ኣብርሃምሲ እግዚኣብሄር፡ “ኣነ ናብ ዘርእየካ ምድሪ ውጻእ፡ ንበረኸት ክገብረካ፡ መዓርን ጸባን እተውሕዝ ሃገር ድማ ከውርሰካ እየ።” ምስ በሎ እዩ ነዛ ተስፋ ኣምላኽ ኣሚኑ ቤቱንስድራቤቱን ሓዲጉ ዝወጸ (ዘፍ12፡1-5, ዘጽ13፡5)።

ደቂ እስራኤል ውን ንቐጽሪ ያሪኮ ሸውዓተ ጊዜ ምስ ዘርዎ'ዩ ብእምነት ዝወደቐ። ቅድሚኡ ግና ነዚ ኪገብሩ ከም ዘለዎም ዝሓበሮም እግዚኣብሄር እዩ እምበር፣ ባዕላቶም ተጣቢቦም ዝመሃዝዎ ኣይኮነን። እምበኣርስ እቲ ሓቀኛ እምነት እግዚኣብሄር ንዚሃበካ ተስፋ ምእማን እዩ።

ኣቲ ነፍሰየ! እስከ ክሓተኪ፣ ኣምላኽ ምሳኺ ከምዘሎ ብኸመይ ትኣምኒ፧ ቃል ኣምላኽ፡ “ኣምላኽ ምሳና እዩ” ስለ ዚበለ ኢኺ እምበር ባዕልኺ ዘምጻእክዮ ኣይኮነን። ድሕሪ ሞት ህይወት ከም ዘሎ ከምትኣምኒ እፈልጥ ኣለኹ። ምኽንያቱ ቃል እግዚኣብሄር፡ “እቲ ብኣይ ዚኣምን እንተ ሞተ እኳ ብህይወት ኪነብር እዩ።” ስለ ዚብል ኢኺ ድሕሪ ሞት ህይወት ከም ዘሎ እትኣምኒ ዘሎኺ።

ሓሶት ሓጢኣት ምኳኑ ውን ትኣምኒ ኢኺ። እዚ ውን ቃል እግዚኣብሄር ስለ ዝበለኪ እኺ ኣሚንክዮ።

እሞ ነፍሰይ! እምነት ካብ ተስፋ ኣምላኽ ትምንጩ ካብ ኮነት፣ ብዙሕ ተስፋታት ኣምላኽ ዝተረድአ ብዙሕ እዩ ዚኣምን እሞ፣ ንተስፋታት ኣምላኽ ብቐረባ ኣብ ቃል ኣምላኽ ክትረኽብዮ ስለ እትኽእሊ፣ ነዚ ቃል ኣምላኽ (ተስፋታት ኣምላኽ) ብዝግባእ ኣጽንዕዮ። ምኽንያቱ እምነት ካብ እምነት ዘይኮነት እትምንጩ እምነት ካብ ተስፋታት ኣምላኽ እያ እትምንጩ (እብ 11፡1)።



“ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሐዲግና፡ ብንስሓ ኻብ ምዉት ግብሪ፡ ብእምነት ብኣምላኽ፡ ብትምህርቲ ጥምቀት፡ ብምንባር ኣእዳው፡ ብትንሳኤ ምዉታት፡ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲውን ከም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ። “ እብ 6 ፥ 2

## 5. ብትንሳኤ ምዉታት

እቲ ሓሙሻይ መሰረታዊ ትምህርቲ ክርስትና ብዛዕባ ትንሳኤ ምዉታት ይምህር።

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ 1ይተስ4፥13-18 “ግናኸ ኣሕዋተየ ከምቶም ተስፋ ዜብሎም ካልኦት ምእንቲ ከይትሓዝኑ፣ ብዛዕባ እቶም ደቂሶም ዘለዉ ብዘይ ፍልጠት ክትኮኑ ኣይፈቱን እየ።” ይብል።



ኣገዳስነት ፍልጠት ብዛዕባ ትንሳኤ ምዉታት ንሓደ ኣማኒ፣ ኣዚዩ ልዑል ኢዩ። ምኽንያቱ፣ ሓንቲ ካብተን መልሕቕ ሂወቱ ዝኾነት እምነቱ፣ ኣብዚ ተስፋ’ዚ ዝተሰረተት ብምዃና፣ ብዛዕባ እቶም ደቂሶም ዘለዉ ብዘይ ፍልጠት ኪኸውን ኣይጽቡቕን።

ትንሳኤ ምዉታት፣ እቲ መዋቲ ዘይመውት ዝለብሰሉ፡ ሞት ብዓወት ዝወሓጠሉ፡ እቲ ሓላፊ ዘይሓልፍ ዝለብሰሉ፡ ነፍስወከፍ ኣማኒ ዓስቡ ዝቕበለሉ፡ ገጽ መድሓኒኡ ዝርእየሉን፡ ምስ ኩሎም ቅዱሳን ንዘልኣለም ብሓጎስ ዝነብረሉ፣ ዓሚቕ ትርጉም ዘለዎ ነጥቢ መቐይሮ ናይ ኣመንቲ ምዃኑ፣ ቃል እግዚኣብሄር ኣነጺሩ ይነግረና። እንበኣር ነዚ ትምህርቲ በብደረጅኡ ከፋፊልና ክንርእዮ ኢና።

እዚ ትንሳኤ ምዉታት በኹሪ ጀማሪኡ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ኮይኑ፣ ቀጺሉ ቀዳማይን ካልኣይን ትንሳኤ ምዉታት እናበለ ይቕጽል።

“ሕጂ ግና ክርስቶስ በኹሪ እቶም ዝደቀሱ ኾይኑ፡ ካብ ምውታት ተንስኤ። ስለዚ ከምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ዝመጸ፣ ከምኡ ኸኣ ትንሳኤ ምዉታት ብሓደ ሰብ ኢዩ ዝመጸ። ከምቲ ኩላቶም ብኣዳም ዝሞቱ፣ ከምኡ ድማ ኩላቶም ብክርስቶስ ህያዋን ኪኾኑ ኢዮም።

ግናኸ ነፍሲ ወከፍ በብስርዓቱ ኢዩ። ክርስቶስ ከም በኹሪ፡ ደሓር እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ብምጽኣቱ።” 1ይቆረ15፥20-23

### 1.ቀዳማይ ትንሳኤ

እዚ ቀዳማይ ትንሳኤ፣ ነቶም ብክርስቶስ ኣሚኖም ዘደቀሱን (ዝሞቱን)፡ ነቶም ብሂወት ዘለዉ ኣመንትን ዘጠቓልል ኮይኑ፣ ድሕሪ ትንሳኤ ናይ የሱስ ክርስቶስ፣ ኣብ ማቴ27፥52-53 ከም ዝሕብረና፣ ኣቐዲሙ እዚ ትንሳኤ ከም ዝጀመረ፣ ማለት የሱስ ክትንስእ ከሎ መቓብራት ከም ዝተኸፍቱን ስጋ ቅዱሳን እውን ንብዙሓት ከም ዝተራእየን፣ እዞም ቅዱሳን ናበይ ከም ዘበሉ እኳ ንጹር ሓበሬታ እንተ ዘይብልና፣ ትንሳኤ ዝብል ሓሳብ ግን ኣብዚ ከም ዝጀመረ ንጹር ኢዩ።

እዚ ቀዳማይ ትንሳኤ፣ ኣብ ካልኣይ ምጽኣት የሱስ ወይ ኣብ ምንጣቕ ከም ዝቕጽል ከብርሆ ኣብ 1ይተሰ4፥13-18 “ጎይታ ብናይ ትእዛዝ ጭድርታ፡ ብድምጺ ሊቀ መላእኽትን ብመለኸት ኣምላኽን፣ ካብ ሰማይ ኪወርድ እዩ። እቶም ብክርስቶስ ዝሞቱውን ቅድም ኪትንስኡ እዮም። ድሕርዚ ንሕና ብሂወት ጸኒሕና ዘሎና ንምቕባል ጎይታ ኣብ ኣየር ምሳታቶም ሓቢርና ብደበና ኽንለዓል ኢና። ከምኡውን ንሓዋሩ ምስ ጎይታ ክንነብር ኢና።” ይብል።

እዚ እቲ መርዓ እቲ ገንሸል ተባሂሉ ዚፍለጥ፡ ቤተ ክርስትያን ብፍላይ ድማ እቶም ተዳልዮም ዝጸንሑ ኣብ ኣየር ንሸውዓተ ዓመት ዝካየድ ምዃኑ መጽሓፍ ቅዱስ ይሕብረና።

እቶም ካብ ምንጣቕ ዝተረፉ ግን ከኣ ነቲ ኣራዊት ከይሰገዱ ማሕተሙ ድማ ከይተቐበሉ ብመስዋእቲ ንዝሓለፉ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣመንቲ፣ ኣካል ናይዚ ቀዳማይ ትንሳኤ ኮይኖም፣ እቲ ናይ መከራ ዘመን ኣብቂዑ ናይ ሽሕ ዓመት መንግስቲ ክጅምር ከሎ፣ ምስ ክርስቶስ ሓቢሮም ከም ዚነግሱን ከም ዘገልግሉን ብዙሓት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መምሃራን ይሰማምዑ።

*ረብሓ ናይዚ ቀዳማይ ትንሳኤ (ራኢ20፥6) እቶም ተዳልዮም ጸኒሖም ዝንጠቑን ዝትንስኡን

* ካብቲ ናይ ጸበባ ዘመን ሓራ ይኾኑ
* ኣብቲ መርዓ እቲ ገንሸል ይጽንበሩ
* በቲ ካልኣይ ሞት ኣይጉድኡን

“ስለዚ ጎይታኹም በየነይቲ ሰዓት ከም ዚመጽዕ ኣይትፈልጡን ኢኹም እሞ ንቕሑ።”

## 2. ካልኣይ ትንሳኤ

እዚ ካልኣይ ትንሳኤ ንኹሎም ብክርስቶስ ከይኣመኑ ዝሞቱን፡ ብሂወት ሂለዮምውን ዘይኣመኑን ዘጠቓልል ትንሳኤ ኮይኑ፣ ናይ ፍርዲ ትንሳኤ ኢዩ።

ራኢ.20፡10-15 "...ምዉታት ድማ፣ ዓበይትን ናኣሽቱን፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ዙፋን ደው ኢሎም፣ መጻሕፍቲዉን ተገንጸሉ። ካልእ መጽሓፍ ከኣ ተገንጸለ፣ እዚዉን እቲ መጽሓፍ ህይወትኢዩ። እቶም ምዉታት ድማ ከምቲ ኣብቲ መጻሕፍቲ ዝጸንሐ ተፈርዱ።"
ስለዚ እዚ ካልኣይ ትንሳኤ፣ ትንሳኤ ንፍርዲ ዘልኣለም ሞት፣ ወይ ዘልኣለም ሂወት ምዃኑ ካብዚ ቃል ንርዳእ። ኣብዚ ክንርድኦ ዘሎና እቶም ኣብ ቀዳማይ ትንሳኤ ዘርከቡ ግና በቲ ካልኣይ ሞት ኣይጉድኡን ኢዮም።

ስለዚ ኣብቲ ምንጣቕ ድልዋት ኮይንና ክንትስእ ወይ ተነጢቕና ክንከይድ ጎይታ ይደግፈናን የንቅሓናን (ሉቃ21፡25-36)።
"እቲ መንፈስን እታ መርዓትን ንዓ ይብሉ ኣለዉ። እቲ ዝሰምዕዉን ንዓ ይበል።..." ራእ22፡17
ኣሜን! ጎይታና የሱስ ንዓ! ማራንኣታ!

-------- \ \ --------

## ነዚ ናይ ፍቕሪ ጻውዒት ምላሽ ንሃብ

እስከ ንሓደ ደቒቕ ዝኣክል ኣብ ምድሪ ኣዝዩ ዘፍቅረና እሞ ኸኣ ህይወቱ ስሌና ክውፊ ዝኽእል ሰብ እንተሎ ንሕሰብ። እናጸላእናዮ ዘፍቅረና ኣሎ፤ እናበደልናዮ (ሕማቕ እናገበርናዮ) ፍቕሩ ዘይልወጥ ኣሎ፤ እናቐተልናዮ ካብ ፍቕሪ ምሕረት ዝገብረልና ኣሎ፤
ሓደኳ ኣብ ምድሪ የሎን። "ኣቦይን እኖይን እኳ እንተ ዚጥንጥኑኒ፣ እግዚኣብሄርሲ ይእርንበኒ እዩ።" ዝበለ ዳዊት (መዝ27፡10)፣ ናይ ኣደ ፍቕሪ ውን እንተኾነ ደረት ከምዘለዎን ኣብ ሓደ መድረኽ ውን ክጥንጥን ከም ዝኽእል ንምግላጽ እዩ።
ኣብ ሰማይ ግና ነዚ ረቛሒታት ዘማልእ ኣሎ። "ኣምላኽ፣ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፣ ከይጠፍእሲ፣ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፣ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።" ይብል ወንጌል ዮሃንስ ምዕራፍ 3፡16።

እግዚኣብሄር ክሳዕ ክንድዚ ዘፍቀረና ንኣይ፡ ንኣኺ፡ ንኣኻ፡ ማለት ነቶም ኣብ ዓለም ዘለና እምበር ንግኡዛዊት ዓለም ኣይኮነን። ኣነ፡ ንስኺ፡ ንስኻ ዝተፈቐረና ኢና፡ ኣነ፡ ንስኺ፡ ንስኻ ብፍቕሪ ኣብ ልቢ ኣምላኽ ፍሉይ ቦታ ዝሓዝና ኢና።

ኣምላኽ ከፍቅረና ኸሎ ግን ዘብህግ ወይ ክፍቀር ዘለዎ ባህሪ ስለ ዝነበረና ኣይኮንናን። ምኽንያቱ እቲ ጽሑፍ፡ "ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና፣ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፣ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ።... ጸላእቱ ኸሎና፣ ምስ ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዓረቕና፣..." እዩ ዝብለና (መልእኽቲ ሮሜ 5፡8-10)።

ስለዚ ንሕና ብዘይ ሓደ ግብሪ፣ ብኸምኡ ዝተፈቐርና፣ ካብ ውድቀትና ብምሕረት ክንልዓል ብክርስቶስ የሱስ ኣብ መስቀል ዝተፈጸመልና ዘርኢ ኣብርሃም ኢና። ብኸምኡ ብምሕረት ኣብ መስቀል ዝተወድኣልና፣ ናብቲ ዘዳለዎ ናይ ክብሪ ቦታ ክንከይድ ውን ዝተሓረና ሰባት ኢና።

እታ ናይ ዘልኣለም ህይወት ግና በቲ ሓደ ወዱ ብምእማንና ኢና ንረኽባ። ብርእሱ (ብናይ ገዛእ ርእሱ ግብሪ ጽድቂ) ዝኣምን ሰብ ኣሎ፡ ብደገፍ ቅዱሳን ወይ መላእኽቲ ዝኣምን ሰብ ውን ኣሎ። ግናኸ እዚ ጽሑፍ ከም ዘነጽሮ ግና፡ "በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ" ጥራይ እዩ ናይ ዘልኣለም ህይወት ዚረክብ (ወንጌል ዮሃንስ ምዕራፍ3፡16)።

ሰብ ብግብሪ ጽድቁ ወይ ብኣማላድነት ናይ ቅዱሳንን መልኣኽትን ክድሕን ዝኽእል ነይሩ እንተዝኸውን፡ ጎይታ የሱስ፡ ክብረቱ ሓዲጉ ነቲ ኣዝዩ ዘሰቅቕ ስቓይን ውርደትን ክቕበል ናብ ምድሪ ምምጻእ ኣይመድለዮን (ትንቢት ኢሳይያስ 53፡1-12, ፊሊ.2፡6)።

ኣብ ሰማይ ይኹን ኣብ ምድሪ፡ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ውን እንተኾነ፣ ንወድ ሰብ ክብጀ ብቑዕ ዋላ ሓደ ኣይነበረን። ብዘይካ ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ (ራኢ.5፡3-4)። ንኣና ካብ ዘለዎ ኣዝዩ ዓቢ ፍቕሪ ተደሪኹ ንኣና ምእንቲ ከልዕል ክኣ ካብ ሰማይ ወረዱ።

ዓለም ንኣና እቲ ልክዕ ፍቕሪ ከተርእየና ኣይትኽእልን እያ። ንሱ (ጎይታ የሱስ) ንህይወቱ ኣብ ክንዳና ስለ ዘሕለፈ፣ በዚ ንፍቕሪ ንፈልጣ ኣሎና (1ይ ዮሃንስ 3፡16)።
እሞኽድኣ ንሕና ነቲ ብናይ ዘልኣለም ፍቕሪ ዘፍቀረና ብምሕረት ከኣ ዘልዓለና ኣምላኽ እንታይ ውሬታ ንምለሰሉ፤




ነዚ ውዱእ ናይ ፍቕሪ ስርሑ፣ ምላሽ እንህበሉ እቲ እንኮ መገዲ ኸኣ፣ ንጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒና ተቐቢልና ብጸግኡ ብምንባርን ነቶም ገና ዘይድሓኑ ስድራና፡ ኣሕዋትና፡ ቤተሰብና፡ መተዓብይትና... ድማ ንኽድሕኑ ብምምስካር እዩ።

-------- \ \ --------

## ጎይታ ዝቕበል ሰብ ዝጽልዮ ጸሎት

ኣታ ነዚ ጻውዒት ትነብብ ዘለኻ ሰብ፣ ነቲ ኣምላኽ ብወዱ ኣብ መስቀል ዝገለጾ ፍቕሪ፣ ንወዱ (ንጎይታ የሱስ) ከም ናይ ግሊ መድሓኒኻ ብምቕባል ምላሽ ሂብካሉ'ዶ፧ መልስኻ፡ "ኣይፋለይን" እንተድኣ ኾይኑ፣ እሞ ኸኣ ንጎይታ የሱስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒኻ ክትቅበሎ ተወሲንካ፣ ብዝስዕብ ድምጺ ከምዚ ኢልካ ጸሊ።

እቲ ጽሑፍ፡ "ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኣይሐፍርን፡ ይብል እዩ እሞ፡ ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።" እዩ ዝብል እሞ፡ ብልበይ እኣምን ብኣፈይ ከኣ እምስክር ኣለኹ እሞ ከም ቃልካ ህያው ግበረኒ፡ ስመይ ኣብ መጽሓፍ ህይወት ጽሓፎ። ናይ ምድሓነይ ምልክት ዕርቡን መንፈስ ቅዱስ ሃበኒ። ኣሜን!!

ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኢኻ! ድሒንካ ኢኻ። ግናኸ ምእንቲ ሱር ሰዲድካ ደው ክትብል ኣብ ቃል ኣምላኽ ክትስረት ስለ ዘለካ፣ ናይ ድሕነት ትምህርቲ ንክትመሃር ምስ ትፈልጦም ኣሕዋት ሕበር። ናይ ዓወት ናብራኻ ኸኣ ንበር። ኣምላኽ ይባርኽካ!





# ዘደንቕ ምስክርነት ዝርግሐ ወንጌል ኣብ ማእከላይ ምብራቕ




እቲ እዋን ሰይጣን ብሓይሊ ዝተላዕለና ግዜ እዩ ነይሩ። 13 መንእሰያት ካባና ሓደ ሰብ ንክቐትሉ መዲቦም እዮም ናብ ገዛና መጺኦም።

ንሕና ስለ ዘይጸናሕናዮም ግና ነቲ ገዛ ኣፍሪሶም፡ ንውሽጢ ድኳንና ኣትዮም ነቲ ሽኮር ምስ ዘይቲ፡ ዘይቲ ምስ ሽኮር ሓዋዊሶም፣ ኮታስ ንኹሉ ነገር ገማጢሎሞ ከይዶም።

ብ1993 ኣብ እዋን ረፈረንደም ኣብ ዝነበረ ግዜ እየ ጎይታ ተቐቢለ። ሽዑ ናይ ሓድሽ ነጻነት ሓጎስ ነይሩ። ናይ ጓይላን ናይ ሳዕስዒትን ግዜ ነይሩ። ኣብታ እዋን እቲኣ ድማ ንዓና ጎይታ ረኺቡና። ኪረኽበና ኸሎ ከምዚ ይመስል ነይሩ።
ኣብ ነፋሲት ንእሽቶ ድኳን ነይራትና። ሽዑ ገለ ክፋል ስድራቤትና ኣብ ኣስመራ ገለ ክፋሉ ድማ ኣብ ነፋሲት ይነብር ነይሩ። ንዝተወሰነ ግዜ ብኽምኡ እኳ እንተኸድና፣ ድሓር ግና ጠቕሊልና ናብ ነፋሲት ኢና ግዒዝና።

ስድራቤትና 9 ሰባት ኢና ኔርና። ኣብ ኣደይ ዝነበረ ናይ ኣምላኽ ጽምኣትን ድሌትን ግና ልዕሊ ናይ ዝኾነ ሰብ ነይሩ። ስለዚ ውን ንኣምላኽ ክትረኽቦ ኢላ ብዙሕ ትጽዕር ነበረት።

ንኣብነት ኣብ ወርሒ ብዙሕ በዓላት ትገብር፡ ንቆልዑ ትጽውዕ፡ ንድኻታት ትጽውዕ፡ ኮታስ ንኣምላኽ ክትረኽቦን ክበጽሓን ኩሉ ቕኑዕ ዝመስላ መገዲ ትጥቀም ነይራ።
እግዚኣብሄር ኸኣ ኣይገደፋን። መጽሓፍ ቅዱስ ትረኽበሉ መገዲ ከፊቱላ። ሓደ ግዜ ኣደይ ኣስመራ ከይዳ ካብ ጽርግያ ብ 5 ቅርሺ መጽሓፍ ቅዱስ ገዚኣትልና መጺኣ።

ድሒርና ዝሓዝናዮ ናይ ቤት መግቢ ስራሕ ስለዝነበረ ብዙሕ ስራሕ እዩ ኔርዎ። ምሸት ምሸት ነቲ ቤት መግቢ ዝኸውን ስጋ እናመተርና ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ንከታተል ኔርና። ኣደይ ኣንቢባ ስለ ዘይትኽእል ንሕና ኢና ነንብበላ ነይርና።

ሽዑ ነቲ መጽሓፍ ቅዱስ ከንብብ ምስ ጀመርና እዩ ቀቁሩብ መንቋሕቋሕታ ክሓድረና ዝጀመረ።
እምበር ጎይታስ እኳ ኣይተቐበልናን። ሓደሽቲ ነገራት ንርኢ ኔርና። ብፍላይ ራኢ ዮሃንስ ከነንብብ ከለና ኸኣ ንፈርሕ ኔርና። ኣብ ሞንጎ ግን ናይ የሀዋ መሰኻኽር ምትእትታው ኣደናጊሩና ነይሩ።

መቸስ ሽዑ ግዜ ናጽነት ግዜ ሰላም ስለዝነበረ፣ እቶም ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ናብ ኤርትራ፣ እቶም ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ድማ ናብ ኢትዮጵያ ከም ድላዮም ዝመላለሱሉ ዝነበሩሉ ግዜ እዩ ነይሩ።

ሽዑ ሓደ ኣፈወርቂ ዝተባህለ ሓው፣ ኣብ ነፋሲት ናይ እንግሊዝኛ መምህር ኮይኑ ተመዲቡ መጺኡ። ንሱ ብእንግሊዝ እናመሃረ ከሎ፣ ገለ ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ ይጠቅስ ነይሩ። ሽዑ ንሕና መንፈሳዊ ከም ዝኾነ፡ ንኣምላኽ ከምዝፈርህ፡ ናይ ኣምላኽ ሰብ ከም ዝኾነን ተረዲእና ቀሪብናዮ። ምስ ቀረብናዮ ኸኣ ናብ ገዛና ሒዝናዮ መጺእና። ሽዑ (መምህር ኣፈወርቂ) ዘይከፈል ዋጋ እዩ ከፊሉ። ካብቶም መማህራንን ዳይረክተራትን ብዙሕ ስደት መጺእዎ። ንኣና ግና ናብ ጎይታ ኣምጺኡና።

ንሕና ምስ ኣዕሩኽትና ኢና ጎይታ ተቐቢልና። ጎይታ ክንቕበል ከለና ካልኦት ኣመንቲ ኣብ ዓለም ከምዘለዉ ውን ኣይንፈልጥን ኢና ዝነበርና።
ንሕና ኣብታ ገዛ ንሓቂ ተረዲእናያ፡ ንሓቂ ፈሊጥናያ፡ ዓቢ ብድሆታት ከኣ ነይሩና። ስለዚ እቲ ትምህርቲ ድሕነት ኣብ ገዛና ተጀሚሩ ማለት እዩ።

ከምዚ እናበለ ኸሎ ግን፣ ንሱ (መምህር ኣፈወርቂ) ውን ካብ ኣዲስ ኣበባ ምስ መጸ ኣብ ቤተክርስትያን ስለ ዘይተጠርነፈ ዝነበረ፣ ቀልጢፉ ዝገበራ ነገር ናብ ሓንቲ ማሕበር ምጥርናፍ እያ ነይራ። ምስ ምሉእ ወንጌል ቤተክርስትያን ከኣ ሕብረት ገይሩ።

ሽዑ ምሉእ ወንጌል ቤተክርስትያን ገና ከይተጠመቕና ኸለና፣ ብመንፈስ ክንምላእ ኣገልጋሊ ልኢኾምልና። በብግዚኡ ውን ብዙሓት ኣገልገልቲ ይልእኹልና ነይሮም። ኣብቲ ግዜ እቲ፣ ምስቲ ዝነበረና ጽምኣትን ድሌትን ንኹሉ ነገር ሃህ ኢልና ንቕበል ሰባት ኢና ነይርና። ብዙሕ እዋን ውን ናብ ኣስመራ ንድይብ ኔርና።

ሽዑ ይዝከረኒ ሓሙስ ሓሙስ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምምላእ ኣገልግሎት ነይሩ። ቀጻሊ ድማ ንሳተፍ ኔርና። ነዚ ኣገልግሎት ብዙሕ ተጠቒምናሉ ኢና። ጎይታ ብእኡ ገይሩ ኣትዩና እዩ። ካብታ ጎይታ ዝተቐበልናላ ስዓት ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ መንፈስ ተመሊእና ብጎይታ ደው ክንብል ክኢልና።

እቲ ንቕመጠሉ ዝነበርና ዓዲ (ነፋሲት)፣ ትሕቲ ደብረቢዘን ዝተደኮነ ብዙሕ ጸቕጥታትን ናይ ጠንቆልቲ ንጥፈታትን ዘለዎ ዓዲ እዩ። ነዚ ኹሉ ክንብድህ ግና እግዚኣብሄር እዩ ረዲኡና። እግዚኣብሄር ዝተመስገነ ይኹን።

ሽዑ ሓደሽቲ፡ ውዑያት ኢና ኔርና። ክንምስክር ገዛ ገዛ ኢና ንኩሕኩሕ ዝነበርና። ካባና ሓደ እኳ በጽሒ ኣይነበረን። መምርሒ ዘድልየና ሰባት ኢና ኔርና፣ ግን ክኣ እቲ ምሳና ዝነበረ መምህር ውን ክሕዘና ኣይክኣለን። ንብርትዖ ኔርና። እግዚኣብሄር ናብ ገዛና ምስ ኣተወ፣ ኣዕሩኽትና ውን ናብ ጎይታ ክመጹ ምስ ጀመሩ፣ ኣብ ገዛና ሳላሳ ኣርብዓ ሰብ ክእከብ ጀሚሩ። ሽዑ ብዘሎ እቲ ዓዲ ተላዒሉና። ሽዑ እዩ እቲ ናይ ብሓቂ ክርስትና ዝመጸ።

እቲ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ትምህርቲ፡ “ንመንግስቲ ኣምላኽ ብብርቱዕ ጸበባ ክትኣትውዋ ይግብኣኩም እዩ።” ዝብል እዩ ነይሩ (ግሃ14፡22)። ብዙሕ ግዜ ነዚ እናመሃርና ኢና ንሰባት ናብ ጎይታ ነምጽኦም ኔርና።

ንዝኾነ ሰብ ጎይታ ምስ መስከርናሉ፣ ኣብ ካልኣይ ምዓልቱ፡ “ሎሚ ንስኻ ጎይታ ተቐቢልካ ኣሎኻ፣ ናይ ጎይታ ምቕባልካ ምልክት ዓለም ክትጸልኣካ እያ። ክተሳድደካ እያ።” ኢልና ኢና መስቀል ንሰብኮ ኔርና። ቀበጥበጥ ዝብሃል ኣይነበረን። እቶም ጎይታ ዝተቐበሉ ዘበሉ ካብ ገዝኦም ቀልጢፎም እዮም ዝስጎጉ ነይሮም።

ሽዑ ኣብ ገዛና ብዙሕ ስደት ክመጽእ ጀሚሩ። ዓዲ፡ ምምሕዳር ኮታስ ኩሉ ዝተሳተፎ ዓቢ ስደት እዩ መጺኡና። ኣብ ቤት ትምህርቲ በየን መጺኣ እምኒ ከይፈለጥካያ ርእስኻ ክትሃርመካ ከላ እያ ትፍለጠካ። እቲ ሓደ ሰብ፡ “ጴንጠ” ኢሉ ክጸርፈካ ከሎ፡ እቲ መምህር ብጎቦ ዓይኑ ክጥምተካ ከሎ፡ ኮታስ ኣብታ ጸባብ ዓዲ እቲኣ ዘይሕለፍ ኢና ሓሊፍና። ከምዚ እናኾነ ኸሎ ንሕና ደቂ ዓሰርተው ትሽዓተ ዕስራ ዓመት መንእሰያት ኢና ኔርና።

ኣደይ ውን ክንድዚ ቀልዑ ሒዛ እሞ ኸኣ ሰብኣያ ምስቲ ዝነበረ ናይ መንፈሳዊ ኩነታት ካብኣ ርሒቑ፡ ቤተሰብ ብምልኣም ነጺጎማ፡ ኣስመራ ተኣተወት ውን ኩሉ ሰብ'ዩ ዝጸርፋ ነይሩ። ከምዚ ኢልና ግና ንጎይታ ተቐቢልናዮ።

ሓንቲ ካብቲ ዓባይ ነገር ኣብቲ ግዜ እቲ ዝነበረት፣ ንልበይ ውን ክብደት ዝፈጠረትሉ፣ መንበሪትናን መማሓደሪትናን እታ ንእሽቶ ዱኳን እያ። እታ ዝነበረትና ቤት መግቢ ናብ ዱኳን ኢና ቀይርናያ ኔርና። ሽዑ ኣብ ነፋሲት ብዛዕባና ኣኼባ ተጌሩ። ኣብቲ ኣኼባ፡ “ዝኾነ ሰብ ካብዛ ሰበይቲ ዝገዝአ ክውገዝ እዩ!” ተባሂሉ። እቲ ዓዲ ጽንብር ናይ ኣስላምን ክርስትያንን እዩ ነይሩ። ሓምሳ ሚእታዊት ክርስትያን ሓምሳ ሚእታዊት ኣስላም እዮም ነይሮም። ኩሎም ድማ ከምኡ ኢሎም ኣዊጆም።

“ካብዛ ሰበይቲ ኣይትግዝኡ!” ምስ ተባህለ፡ ኩሎም ንመራሕቲ ሃይማኖቶም ዝእዘዙ ሰባት ስለ ዝነበሩ፣ ካባና ምግዛእ ኣቋረጽዎ። ከም ውጽኢቱ ብቑጠባ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ እናወረድና ኢና እንኸይድ ዝነበርና። ቅድሚ እቲ እዋን እቲ ጽቡቕ ንሰርሕ ስለ ዝበበርና፣ ጎይታ ኣዳልዩና ገንዘብ ኣኪብና ስለዝጸናሕና ኢና እምበር፣ ብቑጠባ ናይ ብሓቂ ኢና ንወርድ ኔርና።

ምኽንያቱ ኣብ ገዛና ኣዝዮም ብዙሓት ቆልዑ እዮም ነይሮም። እቶም ጎይታ ዝተቐበሉ ዘበሉ፣ ካብ ገዝኦም ምስ ተሰጎጉ ኸኣ ናብ ገዛና እዮም ዝመጹ ነይሮም። ኮታስ እቲ ገዛና ቤተክርስትያን እዩ፡ እቲ ገዛና ዱኳን እዩ፡ እቲ ገዛና እንዳ ቆልዑ እዩ።

ሽዑ ከቢድ ቑጣባዊ ብድሆ እዩ ገጢሙና። ይዝከረኒ ኣብታ እዋን ኣብ ገዛና መጸለዪ ስለዘይነበረኒ (ገዛና ክልተ ክፍሊ ጥራይ ስለዝነበራ፣ ቆልዑ ኸኣ ብዙሓት ስለዝነበርና) ንኽጽሊ ናብ በረኻ ከይደ። ብፍላይ ናይተን ንኣሽቱ ኣሓተይ ተሓታትነት ወሲደ እየ ኣብ ጎቦ ወጺኣ ተንበርኪኸ ዝጸለኹ።

ኣብቲ እዋን እቲ፣ እቲ ኹሉ ነገራት ምስ ኮነ፣ ምምሕዳር ብዛዕባ ገዛና ክዛረብ፣ ነቲ ኹሉ ሰብ ጸዊዑ፡ “እንታይ እዮም እዞም ሰባት እዚኣቶም፧ እንታይ ንግበሮም፧” ምስ በሎም፣ ገለ ሰብ ተንሲኡ፡ “ኣነ ንሃይማኖተይ ክስየፍ እየ።” ይብል። ገለ፡ “ነዞም ሰባት ከነጥፍኦም ኣለና” ይብል ነይሩ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ሓንቲ ሰበይቲ ተንሲኣ ዘረባ ምስ ጸየቐት፣ እቶም ዘይተሓጎሱ ሰባት ልክዕ ካብታ ኣኼባ ምስ ወጹ፣ ናብ ዱኳንና እዮም መጺኦም። “እዚኣ ክንደይ እያ፧ እዚኣ ኸ ክንደይ እያ፧” እናበሉ ሓተቱና፡ ዋግኡ ምስ ነገርናዮም ከኣ ገንዘብ ሃቡና። እዚ ኹሉ ብኣንጻርነት እዩ ዝግበር ዘሎ። ካብታ ስዓት እቲኣ ኩሎም ዓማዊልና ኮይኖም። እቲ ጽንኩር እዋን ከኣ ብኸምኡ ተሰጊሩ።

እታ ኣብቲ ጎቦ ተንበርኪኸ ዝጸለኹዋ ንእሽቶ ጸሎት፣ ብኹምኡ ምላሽ ረኺባ ኣላ ማለት እዩ። ኣብቲ ግዜ ኣነ፡ ኣደይ፡ ኣሕዋተይ ኮታስ ኩላህና እንዲና ንጽሊ ኔርና፣ እታ ጸሎት ግና ኣብ ውሽጠይ ብፍሉይ ዝተፈለጠትኒ ክሳብ ሕጂ ኸኣ ዘይርስዓ እያ። ክንብርከኽ ከለኹ እዝክሮ፡ ዝነባዕኩዎ ንብዓት እዝክሮ፡ እቲ ዝነበረና ጸበባ እዝክሮ፡ ብኸምዚ ጸበባ ሓሊፍና ኢና ጎይታ ተቐቢልና።

ንጎይታ ምቕባል ዋጋ ከምዘኽፍል ኣዝየ እፈልጦ እየ። ብመሰረቱ ጎይታ ክቕበል ከለኹ፡ “ጎይታ ከምዚ ክገብረለይ እዩ። ከምዚ ክሰርሓለይ እዩ።” ኢለ ኣይኮንኩን ተቐቢለዮ። ንመንግስቲ ኣምላኽ ብብርቱዕ ጸበባ ክንኣትዋ ከም ዘለና ተረዲኡኒ፡ ኣብዚ ምድሪ እዚ ድማ ንወልሓደ ነገር ቀዳምነት ክህብ ከምዘይብለይ ፈሊጠ፡ ክሳዕ ሞት እሙን ክኸውን ኢለ እየ፣ ኣብቲ እዋን እቲ ጎይታ ተቐቢለ።

እንታይ እዩ፣ ናይ ጎይታ ነገር ቀልጢፉ ዝርድኦ ሰብ ኣሎ፡ ቀልጢፉ ዘይርድኦ ሰብ ከኣ ኣሎ። ንሕና ካብቶም ኩሉ ነገር ብቕልጡፍ ዝበጽሖም ሰባት ኢና። ንጎይታ ብዝተቐበልናለን ቀዳሞት ምዓልታት ኢና ብሞት ተሓቲትና። ስለዚ ንዓና ጎይታ ምቕባል ማለት ኩሉ ነገር እዩ። ነጥበ መቐይሮ እዩ።

ኣብቲ እዋን እቲ፣ ከቢድ ስደት ይበጽሓና እኳ እንተነበረ፣ ግን ጎይታ ብምቕባልና ተጣዒስና ኣይንፈልጥን! ይዝከረኒ ኣብቲ እዋን ናይ ምጽኣት ስብከታት ይስበኽ ስለ ዝነበረ፣ ጎይታ ድሕሪ ክልተ ሰለስተ ዓመት ክመጽእ እዩ ዝብል ትጽቢት እዩ ነይሩና። ሽዑ ዓቢ ድርኺት ስለዝነበረና፡ “ጎይታ ከይመጸ ኸሎ እንታይ ክንገብር ኣሎና፧” እናበልና ኢና ንሰባት ናብ ጎይታ ምምጻእ፣ ልዕሊ ትምህርትና፡ ስራሕና፡ ናብራናን መጻኢናን ቀዳምነት ሰሪዕና ንነቕሓሉ ዝነበርና።

ኣገልግሎት ክንጅምር ከለና፣ ከምዚ ናይ ሕጂ ትምህርቲ ኣገልግሎት ተማሂርካ ወይ ትምህርቲ ስነ ሞሎኮት ወሲድካ ወይ ብዙሕ ዝዓይነቱ ምድላዋት ጌርካ ትኣትዎ ዓይነት ኣገልግሎት፣ ኣይኮንናን ነገልግል ኔርና።

ንሕና ጎይታ ምስ ተቐበልና ሽዑ ኢና ኣገልግሎት ጀሚርና። ግን ኣብ ኣገልግሎት መቸም ጻውዒት ዝብሃል ኣሎ። ገሊኦም ምሉእ ግዚኦም ወፍዮም ከገልግልዎ እግዚኣብሄር ዝጽውዖም ሰባት ኣለዉ።

ኩልና ብገዛና ኣገልገልቲ እኳ እንተነበርና፣ ብፍላይ ኣነ ግና ናይ ምሉእ ግዜ ጻውዒት ዝነበረኒ ሰብ እየ ነይረ። ብዛዕብኡ ብዙሕ ፍልጠት እኳ እንተዘይነበረኒ፣ ንቤተክርስትያን ግን ነጊረያ እየ። እታ ሽዑ ዝነበረት ቤተክርስትያን፣ ነዚ ከምዚ ዓይነት ቋንቋ ጽቡቕ ገይራ ትርድኦ ዝነበረት ኣይመስለንን። እቲ ግዜ እቲ ብዙሕ ሰብ ናብ ጎይታ ዝመጽኣሉ ናይ ምንቕቓሕ ግዜ እዩ ነይሩ። እታ ቤተክርስትያን ንባዕላ ድልውቲ ኣይነበረትን።

ንሕና ናብ ጎይታ ምስ መጻእና ብኡንብኡ ኢና ኣገልገልቲ ዝኾንና። ይዝከረኒ ክፍልና ቅድሚ ምእታውና፣ ጸሊና ኢና እንኣቱ ዝነበርና። ኣብ ቤት ትምህርትና ኣብቲ ናይ መማህራን መንበሪ ሓንቲ ዝተበላሸውት እሞ ዝተዓጽወት ሽቓቕ ነይራ። ኣብኣ ጸሊና ኢና ንክፍልና ንኣቱ ዝነበርና።

ሓደ ምዓልቲ 5 ደቒቕ ክጽሊ ኢለ ናብታ ሽቓቕ ምስ ኣተኹ ግን፣ ጎይታ ብፍሉይ መገዲ ተራኺቡኒ። ዓቢ ናይ እግዚኣብሄር ክብሪ ኸኣ ናባይ ወሪዱ። እቲ ግዜ ብ1993 እዩ ዝኸውን ዘሎ። ልዕሊ ዕስራታት ዓመታት እኳ እንተገበረ፣ ኣብ ውሽጠይ ልክዕ ከምዚ ትማሊ ዝኾነ እምበር ክንድኡ ከም ዝገበረ ኣይኮነን።

እታ ፍጻሜ እቲኣ ኣብ ህይወተይ ትማሊ እያ። ዘይርትሳዕ ምስ ጎይታ ዝተቐባበልኩሉ ምዓልቲ እያ ነይራ።

ኣብታ እዋን እቲኣ እናጸለኹ ዓቢ ዝኾነ ክብሪ ናይ እግዚኣብሄር እዩ ወሪዱ። ሃለዋተይ ኣጥፊኤ ኣብ ምድሪ ወዲቐ እናሃለኹ፡ ግን ከኣ ምስ ጎይታ እዛረብ ነይረ። ዓቢ ዝኾነ ክብሪ፡ ብርቱዕ ዝኾነ ብርሃን፡ ብርቱዕ ዝኾነ ደበና፡ ኣብኡ ድማ ምስ ጎይታ እዘራረብ!

ሽዑ ኣብ ሮሜ ምዕራፍ 11:33 ዘሎ፡ “ወዳጇ መዓሙቕ ሃብቲ ኣምላኽን ጥበቡን ፍልጠቱን፣ ክንደይ ዘይምርመር ኮታ እዩ ፍርዱ፣ ክንደይ ብኣሰር ኣሰር ዘይርከብ ኣዩ መገዱ።” ዝብል ቃል ገና ዘይበጻሕክዎ ክንሰይ፣ እቲ ጥቕሲ ግን ይወሃበኒ። ምስጢር እግዚኣብሄር ማዕረ ክንደይ ምስጢርን ዘገርምን ምዃኑ ሽዑ እቲ ጥቕሲ ምስ ተውሃበኒ ይበርሃለይ።

ሽዑ እዩ እቲ ጻውዒት መጺኡኒ። ሽዑ እዮም እቶም ማእከላይ ምብራቕ መጺኦምኒ። ሽዑ እዩ እቲ ልዕሊ ዓቕመይ ዝኾነ ነገራት መጺኡኒ።

ሽዑ ከም ህጻን ከም ቆልዓ እናበኸኹ፣ ምስ ንብዓተይን ንፋጠይን፣ ንድሌተይ ስዒረ፣ ብፍታወይ ንኣምላኸይ ከም ዘገልግሎ ኣብ ኢደይ ፈሪመ።



ኣብታ ሽቓቕ እናጸለኹ ቃላት ክገልጾ ዘይክእል ምስጢር እየ ርእየ። ክሳዕ ሎሚ ድማ ክደክም ከለኹ፡ ተስፋ ክቖርጽ ከለኹ፣ ነታ ነገር እቲኣ ክዝክር ከለኹ ግን ብቕጽበት እየ ሓፍ ዝብል።

ጻውዒት ሃልዩካ ንጎይታ ከተገልግል ከለኻ፣ ዚመጸ ይምጻእ መከራ እንተመጸካ እግዚኣብሄር ባዕሉ ስለ ዝጸውዓካ፣ ሓላፍነት ወሲዱ፡ ዘሳግር ጸጋ ሂቡ እዩ ዘሳግረካ።

ስለዚ ድማ እዩ ካብታ ምዓልቲ እቲኣ ጀሚረ ክሳብ እዛ እዋን እዚኣ ንእግዚኣብሄር ቀዳምነት ሰሪዐ፡ ኩለንትናይ ሂበ ዘገልግል ዘለኹ።

ሽዑ ንጎይታ ርእሰይ ቀቢጸ ክስዕቦን ተወፍየ ከገልግሎን ቃል ኣትየ። ሽዑ ዝተወፈኹሉ ምዓልቲ እዩ። ሽዑ ብፍሉይ ዝተጸውዕኩ ምዓልቲ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ከኣ ከይተረድኣኒ፡ ድሮ ተመሃሮ ናብ ክፍሊ ኣትዮምሲ ድሮ እኳ ዕረፍቲ ኮይኑ ነበረ።

ምንኣሰይ ሓወይ ነተን ናይ ዕረፍቲ ግዚኡ ኣብ ጸሎት ከሕልፈን ኢሉ ምስ መጸ እዩ ኣብታ ሽቓቕ ደቂሰ ዝረኸበኒ ዘሎ።

ሽዑ፡ “እንታይ ደኣ ትገብር ኣለኻ፧” ኢሉ ኢደይ ሒዙ ኣተንሲኡኒ። “ሰዓት ክንደይ ኮይኑ፧ ኣበይ እየ ዘለኹ፧” ናይ ዕረፍቲ ሰዓት ከም ዝኣኸለ ነጊሩኒ። “ኣነስ ልዕሊ ዓለም ወጺኤ፡ ልዕሊ ጸሓይ ኮይነ እየ ነዚ ምድሪ ክርእዮ ጸኒሐ።” ኢለ ኣዕሊለዮ።

ሽዑ እዩ እቲ ሃገራውን ኣህጉራውን ኣገልግሎታት ዝተዋህበኒ። ከምዚ ክብል ከለኹ ግን ተማሃራይ 11 ክፍሊ እየ። ብቑጠባ ውን ኣዝየ ድኻ እየ። ኮታስ ዋላ ሓንቲ ነገር የብለይን። ብኣእምሮ ይኹን ብዝኾነ ረቋሒ ነዚ ኣገልግሎትን ሓላፍነትን ዘይበቕዕን ዘይሕሰብን ሰብ እየ ነይረ።

ብዘይካ ቋንቋ ትግርኛ፡ እንግሊዝኛ ዋላሓንቲ ዘይፈልጥ ሰብ እየ፡ ርክባተይ ድኹም እዩ፡ ስም ናይቶም ኣብ ኣስመራ ዚነበሩ ኣገልገልቲ እኳ ኣይፈልጦን እየ፡ ቤተክርስትያን ገና ኣይፈለጠትንን ነይራ ኣነ ውን ኣይፈለጥክዋን ነይረ።

ኮታስ ኣብ ኣዝዩ ድሩት ዝኾነ ኩነታት እየ ነይረ። ግን እግዚኣብሄር ካብቲ ድሩት ኩነታት ኣውጺኡ ናብ ዘይድረት ኩነታት ከእትወካ ባህሪኡ እዩ። ካብ ናይ ኖህ መርከብ ኣውጺኡ ዓለም ምሉእ ከውርሰካ ባህሪኡ እዩ። ስለዚ ንኣምላኽ ዝጨንቆ ነገር የለን። እግዚኣብሄር ክጽውዕ ከሎ ኸኣ ንመን ከምዝጽውዕ ይፈልጥ እዩ። ብኸመይ ከም ዝጽውዕ ይፈልጥ እዩ።

ከምቲ ዳዊት ብዘይካ ንምሕላው ኣባጊዕ ንኻልእ ክግምትዎ ዘይክኣሉ፡ እግዚኣብሄር ግን ካብኡ ኣውጺኡ ንጉስ ክኸውን እሞ ዘገርም ሰብ ክኸውን ዝገበረ፣ እግዚኣብሄር ንነፍስወከፍ ሰብ ከምኡ እዩ።

እግዚኣብሄር ምስ ጸውዓና ዝመደበልና መደብ ኣሎ። ኣብታ ንሱ ዝመደበና፡ ኣብኣ ኣቲና

ከንድምፅን ከነስልጥን ንኽእል ኢና። ኣብኣ እንተሎና ኸኣ ከለና ኣሎና። ንፅኡ ተወፊና ክንዓዪ ከለና ድማ እዩ እግዚኣብሄር ዓወት እናሃበ፡ ካብ ዓወት ናብ ዓወት፡ ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ዘሳግረና።

ንእግረ መንገደይ ንኹሎም ኣገልገልቲ ብፍላይ ድማ ነቶም ጸውዒት ኣሎና ዝብሉ ክዛረቦ ዝደሊ፣ እግዚኣብሄር ምስ ጸውዓካ ኣይጥዓስን እዩ። ካብታ ዝጸውዓካ ክሳብ እታ ዝወስደካ ዘሎ ግዜ ኣብ ኢዱ ምስ ተሓቖፍካ ኢኻ።

"እቲ ኣብ የማናይ ኢዱ ሸውዓተ ከዋኽብቲ ዝሓዘ፡ ኣብ ማእከል እተን ሸውዓተ ቀወምቲ ቀንዴል ወርቂ ውን ዚመላለስ" እዩ ዝብል እቲ ቃል (ራኢ.2፡1)። እተን ሸውዓተ ቀንዴላት እተን ሸውዓተ ማሕበራት ክኾና ከለዋ፡ እቶም ሸውዓተ ከዋኽብቲት ድማ እቶም እግዚኣብሄር ከመርሑን ከገልግሉን ዝሸሞም ናይተን ሸውዓተ ማሕበራት ኣገልገልቲ እዮም።

ስለዚ ከተገልግል ከለኻ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ኴንካ ኢኻ እተገልግል። ንሱ ናብ ዝወሰደካ እናኸድካ ኢኻ እተገልግል። ስለዚ ፍረ ክትርኢ ትኽእል ፍረ ዘይክትርኢ ትኽእል፡ እቲ ኣዝዩ ዘገድስ ነገር ግን ኣብ ኢዱ ምዃንካን ንሱ ከም ዝከላኸለልካን እዩ። ንሱ ፈቒዱ እንተዘይኮይኑ ብሓዊ ሓሊፍካ ውን ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ።

ሕጂ ውን ነቶም ዓቢ ጸውዒት ዘለዎም ከተባብዖም እደሊ። እግዚኣብሄር ናብቲ ዝጸውዓኩም ኣቢሉ ዝወሰድ መገዲ ኣለዎ። ተዓጊስካ ምጽባይ ዝመስልዎ የለን።

ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ጸውዒተይን ኣጀማምራ ኣገልግሎተይን ብሓደ እዩ ነይሩ። ማእከላይ ምብራቕ ከኣ ዝዓበየ ክፋል ናይቲ ጸውዒተይ እዩ። ብንጹር ናብዚኣን ናብዚኣን ዓዲ ኬድካ ኣገልግለኒ ኣይኮነን ኢሉኒ።

ኣብቲ እዋን እቲ፣ ዋላኳ ብስለት ኣይሃልወኒ እምበር፣ ካብ ኤርትራ ዝሓለፈ ኣገልግሎት ከገልግል ምዃነይ፡ ኣብ ምድሪ ዓረብ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ከገልግሎ ምዃነይ፡ እሞ ኸኣ ከመይ ዓይነት ከገልግሎት ከምዘገልግል እፈልጥ ነይረ። እዚ ኸኣ ንቤተክርስትያን ብግልጺ ነጊረያ እየ።

ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኤርትራ እናኸድኩ እየ ዘገልግል ነይረ። ብፍላይ ድማ ኣብ ብዓል ብሹኣ፡ ሻንብቆ ከይደ የገልግል ነይረ። ናብ ራሻይዳ ናብ ሳሆ እናኸድና ነገልግል ኔርና ኢና። እቲ ኣገልግሎት እቲ ኣብ ህይወተይ ብጣዕሚ ጽልዋ እዩ ኣምጺኡ። ንዓቢ ተመኩሮን መተባብዕን እዩ ኮይኑኒ።

እዚ ክብል ከሎኹ ብዝተወደበ መገዲ ኣይኮነን ዝኸውን ነይሩ። በቃ ብኸምኡ ብቕንኣትን ጽምኣትን ዝጀመርናዮ ጉዳይ እዩ። ቤተክርስትያን ከኣ የማነይቲ ኢዳ ሂባ ትሕግዘናን ብዙሕ መተባብዒ ውን ትህበና ነይራ።

ካልእ ነቲ ናይ ማእከላይ ምብራቕ ጸውዒተይ ዘረጋግጽ ክስተት ውን ነይሩ። ቅድሚ ካብ ኤርትራ ምውጽኣይ፣ ኣብ ኤርትራ ዓቢ ዝኾነ ኮንፈረንሳት ይግበር ነይሩ። ሓደ ዮሃንስ ዝስሙ ካብ ሽወደን ዝመጸ ኣገልጋሊ፡ "ንእግዚኣብሄር ካብ ሞንጎኹም ናብ ምድሪ ዓረብ ከይዶም ዘገልግሉ ሰባት ኣለውዎ" ኢሉ ክዛረብ ከሎ፣ ሽዑ እቲ ትንቢት ንዓይ ምዃኑ እዩ ዝፍለጠኒ።

ብዙሕ ግዜ ሃገራውን ኣህጉራውን ብዝኾነ ትንቢት ተነጊረ እየ። ኮይኑ ግን እታ ምዓልቲ ንዓይ ብፍሉይ ዝተሰምዓትኒ፡ እግዚኣብሄር ሓፍ ኮፍ ዘበለኒ ምዓልቲ እያ ነይራ።
እቲ ቀንዲ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ክኸይድ ዘበገሰኒ ንሱ እዩ ነይሩ። ኣብ ኤርትራ ጠጠው ምባል ሽዑ ንኢሱኒ፡ ውሒዱኒ፡ ኤርትራ ጸቢባትኒ።

ኣብታ እዋን እቲኣ፡ ብ1999 ንሳሆ ከገልግል ብ ኣውቶቡስ ናብ ዓዲ ቐይሕ እናኸድኩ ከለኹ፣ እግዚኣብሄር፡ "እቲ ኣትወጻሉ ግዜ ሕጂ እዩ።" ኢሉ ይዛረበኒ። እንታይ ክገብር ከም ዘለኒ፡ በየን ክወጽእ ከም ዘለኒ ንኹሉ ኣርእዩኒ።

ሽዑ እኒብዕ እሞ እታ ምሳይ ኮፍ ኢላ ዝነበረት ሰበይቲ ሰንቢዳ፡ "ድሓን ዲኻ ዝወደይ፧" ትብለኒ። ኣነ ኸኣ ንብዓተይ ሕብስ ኣቢለ፡ "ድሓን እየ" በልክዋ።

እቲ እዋን ቅሩብ ዝተደናገርኩሉን ዝደኸምኩሉን እዋን እዩ ነይሩ። ማለትሲ፡ "እግዚኣብሄር ይዛረበኒ እዩ። ናብ ገለ ቦታ ክወስደኒ እዩ።" ዘብለኒ ህሞት ኣይነበረን። ብብዙሕ ነገራት ዝተተሓዝኩሉ፡ ዝተደናገርኩሉን ግዜ እዩ ነይሩ። ኮታስ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝንኣደሉ ህይወት ኣይኮነን ነይሩኒ። እግዚኣብሄር ግና ድኽም በርትዕ ኣየገድሶን እዩ። ንጸውዒቱ ኸኣ ኣይጥዓሰሉን እዩ።

ግን ኣብ ከምዚ ቦታ ጎይታ ተዛሪቡኒ። ሽዑ ነቢዔ! በኺየ! ብድሕሪኡ ኣብ ዓዲ ቀይሕ ኣትየ። ንካልኣይ ሳልሳይ ግዜ እየ ኣብ ዓዲ ቀይሕ ዘገልግል ነይረ፣ ንዝተወሰነ ግዜ ኣገልጊለ ናብ ሱዳን ተበጊሰ።

ሱዳን ምስ ከድኩ ምስቶም ኣብኡ ዝነበሩ ኣሕዋት ሰለስተ ኣርባዕተ ወርሒ ኣቢለ ጸኒሔ። ድሕሪኡ ካብኡ ክንንቀሳቐስ ዝገበረና ናይ ሞሪስ ሰሬሎ ኮንፈረንስ ኣብ ስለ ዝነበረ፣ ገለ 25 ንኸውን ሰባት ናብ ዮርዳኖስ ኣቲና። ብድሕሪና ውን ካልኣይ ጉጅለ ስዒቦም ማለት እዩ።

ኣብታ ዝነበረትና ንእሽቶ ናይ ሓበሻ ቤተክርስትያን ድማ፣ ምስ ብዓል ባርናባስን ሳምሶም ኣፈወርቂ ዝተባህሉ ኣሕዋት ተኣኪብና፡ "ካብ ሓበሻ ሙኳን ንውጻእ" እናተበሃሃልና ንዘራረብ ኔርና።

ሽዑ ኣነ ናብ ዒራቕ ክኸይድ ጎይታ ይዛረበኒ እሞ፣ ሳምሶም ውን የረጋግጸለይ። ኣነ ግን እፈርሕ። ኣብቲ እዋን እቲ ሳዳም ሑሴን ኣብ ወንበሩ ኣሎ፡ ብዕድመ ገና ወዲ 25 ዓመት ቖልዓ እየ፡ ቋንቋ እንግሊዝ ኣይክእልን እየ፡ ዓረብ ኣይክእልን እየ፡ ኣብ ዒራቕ ከኣ ኣነ ዚፈልጦ ዋላ ሓደ ሓበሻ የለን።

ኮታስ ንዒራቕ ተኸድኩ ባይታ ዝኾነኒ ዋላሓንቲ ነገር ኣይነበረንን። ግን ጎይታ ይዛረብ ነይሩ።

ኣብ ዮርዳኖስ ከለኹ ካብ ሞንጎና ካብ ካልኦት ሚሽነሪታትን ዝተፈላለየ መልእኽቲ ይመጽእ ነይሩ። እቲ መልእኽቲ ኩሉ፡ "ኪድ!" እዩ ዝብል ነይሩ። ኣነ ግን ፈሪሐ። "ኣብኡ በይነይ እንታይ እየ ክገብር? ኣብዝስ እዞም ኣሕዋት እኳ ኣለዉ" እየ ዝብል ነይረ።

ኣብቲ ግዜ እዝክረኒ ሳምሶም መጺኡ፡ "ካብ ሰለስቴና ሓደ ናብ ዒራቕ ክኸይድ ከም ዘለዎስ ጎይታ ኣሕሊሙኒ።" ኢሉ ይዛረበኒ። ኣነ ድማ፡ "ሓሊምካ እንተዄንካ ንስኻ ኢኻ ትኸይድ እምበር ኣነ ኣይኮንኩን" እብሎ።

ግን ኣይጸንሐን ባርናባስ ናብ ሶርያ ክኸይድ፡ ኣነ ናብ ዒራቕ ክኸይድ ሳምሶም ድማ ኣብ ዮርዳኖስ ክጸንሕ ተሰማሚዕና።

ሽዑ ን ዒራቕ ከመይ ጌርካ ይኽየድ ዓቢ ብድሆ ነይሩ። ግን እግዚኣብሄር እንድሕር ደልዩዎ ዘይከውን የለን። ሓደ ምዓልቲ ኣብ መሪድያን ትብሃል ሆቴል፣ ንሓንቲ ሓደ ፍሊስጤማዊ ዓርኪ ዝነበራ ዒራቓዊት እምስክረላ እሞ ጎይታ ትቕበል። ክምስክረላ ከለኹ ብኮልታፍ ዝኾነ እንግሊዝኛ እየ ዝምስክረላ ነይረ። ኣጽኒዔ እየ ዝምስክረላ ነይረ። መቸስ ጎይታ ተቐቢላ። እቲ ዝነበረና መንፈሳውነት ከኣ ቀልጢፉ ዝስሕብ መንፈሳውነት እዩ ነይሩ።

ሽዑ ጎይታ ምስ ተቐበለት ነቲ ዓርካ ትገድፎ። ብሕቡእ እናተማሃረት ከላ እቲ ዓርካ ዚነበረ ሰብ፣ ፖሊስ ጸዊዑ፡ "ኣብዚ ንሰባት ናብ ኣይሁድነት ዝቕይር ሓደ ኣይሁዳዊ ኣሎ።" ኢሉ ነጊርዎም። ሽዑ ንሶም መጺኦም ሒዞምኒ። ወረቐት ኣይነበረንን፡ ገለ ኣይነበረንን፣ ሽዑ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእትዮምኒ።

ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ድማ ንሰለስተ ወርሒ ጸኒሐ። ኣብኡ ብቛንቋይ ዝዛረብ ሰብ ስለ ዘይነበረ በዘን ክልተ ቋንቋታት ክዘራረብ ግዲ ኮይኑኒ። ኣብተን 3 ወርሒ እምብኣር እየ ሰብ ከፊሉ ዓረብ ክመሃር ከሎ፣ ኣነ ግን ብኸምኡ ኮፍ ኢለ ቋንቋ ዓረብን እንግሊዝን ተማሂረ። ከምዚ መንፈሳዊ ምምላእ ኢኻ ክትብሎ እትኽል፣ ሽዑ ክልቲኡ ቋንቋታት ተዋሂቡኒ። ካብኡ ባህሎም ተማሂረ ንኹሉ ኣጽኒዐዮ።



ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ እናሃለኹ ፓስፖርተይ ናበይ ኣትያ ኣይፈልጥን፣ ናይ ኢራቕ ፓስፖርት ተሃሪሙላ ግን መጺኣትኒ። ኣእዳወይ ንድሕሪት ተኣሲረ ድማ ናብ ዒራቕ ተጠሪዘ።

ዒራቕ ምስ ኣተኹ ድማ፡ "እንኳዕ ብድሓን መጻእካ! እዚ ምድሪ ዓረብ እዩ። ንስኻ ዓረብ ኢኻ። እዚ (ሃገር) ንዓኻ ነጻ እዩ።" ኢሎም፣ ከምኡ ዓይነት ስነ ሓሳብ ስለ ዝነበሮም፣ ብዘይ ዝኾነ ሕቶ ኸኣ መእተዊ ቪዛ ወቒዖምለይ።

ኣብ ዒራቕ ዝኾነ ዝፈልጦ ኤርትራዊ ኣይነበረን። ንሰባት ምስ ሓተትኩ ግን ሓደ ኢብራሂም ዝብሃል ሰብ ኣብቲ ማእከል ሹቕ ጸኒሑ። ሰባት ድማ ናብኡ ወሲዶምኒ፡ ንሱ ኸኣ ናብ ገዝኡ ወሲዱኒ።
ብድሕሪኡ ኣገልግሎተይ እጅምር ማለት እዩ። ኣገልግሎተይ ክጅምር ከለኹ፣ ናይ ገንዘብ ምድላዋት ኣይገበርኩን፡ መንፈሳዊ ምድላዋት ኣይገበርኩን፡ ሓንቲ ነገር ግን ነይራ። ቋንቋ እንግሊዝ ቁሩብ ተማሂረ ኣለኹ፣ ክረዳዳእ እኽእል እየ። ዓረብ ከኣ ብዙሕ እኳ ኣይመልኽክዎን ግን ክሰምዕ እኽእል እየ።
ሽዑ ገለ ሰባት ረኺበ ክምስክር ምስ ጀመርኩ፣ ኣብ ዒራቕ ነዊሕ ዓመታት ዝገበራ ኣብያተ ክርስትያናት ከም ዝነበራ ፈሊጠ። ካቶሊኽ ኣለዉ፡ ናይ ሳቢኣ (ተኸተልቲ ዮሃንስ መጥመቕ) ኣለዉ፡ ካካኢን ዝብሃሉ ስዕብቲ ሰብኣ ሰገል ኣለዉ፡ ዘይዝድየን ዝብሃሉ ኣምለኽቲ ሰይጣን ኣለዉ፡ ብሓጺሩስ እስላም ጥራይ ዘይኮኑስ ብዙሕ ዓይነት ሃይማኖት እዮም ዘለዉ።

ካብቲ እናረኸብኩ፡ ካብቲ እናረኸብኩ ኮታስ ጉጅለ እናኾነ፡ ሆምሰል እናኾነ፡ ጸኒሑ ኣርባዕተ ሆም ሰል ኮይኑ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ውን ኣብ ኣርባዕቲኡ ክፋል ናይ ባቕዳድ ኣርባዕተ ሆም ሰል ነይሩና።

እዚኦም ዳግም ዝተወለዱ፡ መንፈስቅዱስ ዝተመልኡ ሰባት እዮም ነይሮም። ብሓይሊ እየ ዘገልግል ነይረ። እግዚኣብሄር ከኣ ብዙሕ ደጊታት ከፊቱለይ እዩ። ከም ጸሊም መልኣኽ እዮም ተቐቢሎምኒ። ገሊኦም ከሳብ ሕጂ ናብዚ ይመጽኡኒ እዮም። ኮታስ ዓቢ ስራሕ እዩ ተሰሪሑ።

ሳዳም ሑሴን ገና ኣብ ስልጣን ስለ ዝነበረ፣ እቲ መደባት ኣብ ትሕቲ ምድሪ ተሓቢእካ እዩ ዝግበር ነይሩ። ክርስትና ክልኩል እዩ ነይሩ። ብፍላይ ከኣ ኣስላማይ ወይ ካብቶም ካልኦት ናብ ክርስትና ምምጻእ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። እዚ ሕጊ ግን ኣነ ኣይፈልጦን እየ ነይረ። ኅይታ ክረድኣንስ፡ "ንሓደ ኣስላማይ ዘጠመቐ ሰብ ክርሸን እዩ!" ዝብል ሕግስ ኣነ ኣይፈልጦን እየ ነይረ።

ኣብቲ እዋን እቲ ወዲ ዕስራን ሸዱሽተን ኣቢለ እየ ነይረ። ብብዙሕ ሓይሊ እየ ዘገልግል ነይረ። ሕሙማት ይትንስኡ ነይሮም። ንእሽተይ ጸሎት ጸልየ ዓቢ ነገር ይኸውን ነይሩ። ዝገርመንስ ብዙሕ ተኣምራታት እዩ ዝግበር ነይሩ። ምኽንያቱ እቲ ነገር ናይ እግዚኣብሄር ድሌት ስለዝነበረ፣ እግዚኣብሄር ኣብኡ ክገብሮ ስለዝደለየ እዩ እምበር፣ ኣነ ፍሉይ ስለ ዝኾንኩ ኣይነበረን።

እግዚኣብሄር መጎስ ሂቡና ዓቢ ዝኾነ ስራሓት ንሰርሕ ነይርና። ከምዚ እናገበርና ከለና ናይ የሱስ ክኸተል ኢሉ 12 ደቂ መዛሙርቲ ገይረ። ብዓሰርተ ክልቴና ብሓደ ንኸይድ ነይርና። ድሒሩ ውን ሓንቲ ዕብይ ዝበለት ንኣርባዕቲኤን ሆም ሰላት ትጥርንፍ ኮንፈረንስ ክንገብር ፈቲንና።

ኣብታ ምዓልቲ እቲኣ ግን ናይ ሳዳም ሑሴን ጸጥታ ረኺቦምና። ወትሃደራት ምስ መኻይኖም መጺኦም ነቲ ንኹሉ ህዝቢ ኣኪቦም። ድሕሪ ዝተወሰነ ስዓት ከኣ ንዝበዝሐ እቲ መጓስ መዝጊቦም ናብ ገገዝኡ ሰዲዶሞ።
እቲ ሰደት ናይ ዒራቕ ካብዚ እዩ ዝጅምር። ናብ ሓደ ቤትፍርዲ ዘለዎ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣተና፣ ሽዑ ኣነ፡ "ኩላትኩም ንሱ እዩ ገይርዎ በሉ!" እየ ኢለዮም ነይረ። እቲ ተሓታትነት ኣነ ምስ ወሰድክዎ ንሳቶም ድሕሪ ሓደ ወርሕን ገለን እዮም ተፈቲሖም።

ብህጹጽ ክወጹ እዩ ተነጊርዎም። ምኽንያቱ ኣብታ እዋን እቲ ኣመሪካ ንዒራቕ ክትወቅዕ ትዳለወሉ ግዜ እዩ ነይሩ። መብዛሕቲኤን እተን ኣብ ኣመሪካ ዝነበራ ኣብያተ ክርስትያናት፡ ናይ ቫቲካን ጳጳስ ይኹን፡ ናይ ግብጺ ጳጳስ ይኹን ኣንጻር እቲ ክግበር ዝሕሰብ ዘሎ እዮም ጠጠው ኢሎም ነይሮም።

ሽዑ፡ "ኣብዛ እዋን ክርስትያናት ክርሸኑ ብፖለቲካዊ ዓይኒ ክርእ ከሎ ጽቡቕ ኣይኮነን! ቀልጢፍኩም ኣውጽእዎም" እዩ ተባሂሉ፣ ምኽንያቱ እቶም ብደገ ዘለዉ ክርስትያናት፣ ኣንጻር ኲናት ደው ኢሎም፡ "ብፖለቲካዊ መገዲ ይፈታሕ!" እዮም ዝብሉ ነይሮም።

ሓደ ምሸት ከኣ ነናብ ገዝኦም ሰዲዶሞም። ኣነ ግን ተሪፈ። ኣነ ተረሺነ ኣይተረሸኹነ ዋላሓንቲ ፖለቲካዊ ጽልዋ ኣየምጽእን እዩ። ናብቲ ናይ ፖለቲካ እሱራት፡ ግብረ ሸበራውያን፡ ገበነኛታት ወዘተ ዘለዉዎ ዝበርትዐ ቤት ማእሰርቲ እየ ኣትየ።
ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ፣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ንዝተወሰነ ግዜ ተኣሲረ ጸኒሔ። ኣብኡ ካብ ኲናት ናይ ኮይት ኣትሒዞም ንገለ ንዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ዝተኣሰሩ ሰባት ነይሮም።

ጉዳየይ ግን ድሕሪ 45 መዓልታት ክመውት ዝብል እዩ ነይሩ። እዚ ምዓልታት ከኣ ኣብ መጽሓፍ ናይ ዒራቕ ሓደ ሰብ ክመውት እንተኾይኑ፡ 15 ምዓልታት ናይ ንስሓ ምዓልታት እዩ ዝወሃቦ። ብድሕሪኡ ውን ሓዳሩ ከመሓድር (ከናብር) ግዜ ይወሃቦ እዩ። በታ ሕጊ እቲኣ እየ ኣብታ ቦታ ነይረ። እቲ ስዓት ናይ መወዳእታ ግዜይ ኮይኑ እዩ ዝስምዓኒ ነይሩ። ግናኸ እናጸለኹ እንከለኹ ጎይታ፡ “ዓቢ ነገር ክትገብር ኢኻ። ገና ብዙሓት ነፍሳት ኣብዛ ከተማ ኣለዉኒ።” ኢሉኒ። ኮታስ ብዙሕ ጥቕስታትን ብዙሕ ተስፋታትን ሂቡ ኣጸናኒዑኒ።

ካባና ተወሲዶም ዝርሸኑ ሰባት ነይሮም እዮም። ኣነ ግና ተስፋ ኣይቆረጽኩን። እንታይ ከም ዝገብር እኳ እንተዘይፈለጥኩ፣ እግዚኣብሄር ሓደ ነገር ከም ዝገብር ግና እኣምን ነይረ። ኣብታ ዝነበርክዋ ቤትማእሰርቲ ውን ንብዙሓት ሰባት ንምድሓን ምኽንያት ኮይነ። ብዙሓት ሰባት ጎይታ ተቐቢሎም። ቅድሚ ምሟቶም (ምርሻኖም) ጎይታ ዝተቐበሉ ሰባት ውን ነይሮም።

ኣብታ ቤት ማእሰርቲ ኮይነ፣ ኣብ ዓቢ ቤት ትምህርቲ ኳንካ ክትመሃሮ ዘይትኽእል ትምህርቲ ተማሂረ። በቃ ንዓይ ፍሉይ ቦታ እዩ ነይሩ። ኣብኡ ብርክኽ ክብል እንከለኹ እየ ንእግዚኣብሄር ዝረኽቦ ነይረ። እቲ ቦታ ሓርፋፍ ግን ከኣ ጽቡቕ ቦታ እዩ ነይሩ። በቲ መንፈሳዊ ነገር ሃናጺ ዝኾነ ቦታ እዩ ነይሩ። ካብኡ ተዓጢቐ እየ ወጺኤ።

ሓሙሽተን ምዓልቲ ኣቢሉ ይኸውን ነይሩ። ሃንደበት ኣነ ደቂሰ ከለኹ ግን ማዕጾ ይኽፈት። ዋዕዋዕ ይሰምዕ እሞ እንታይ ደኣ “ኼንኩም” ኢለ ቁሊሕ ተበልኩ፣ ኩሉ ምዓጹ ተኸፊቱ እርኢ። ውጽእ ተበልኩስ ናይ ኣመሪካ ወትሃደራት ከኣ ኣብቲ ኣፍደገና እርኢ። እንተርኣኹስ ዓዲ ተገምጢላ፡ ብትክን ብገለን መሲሉ።

እታ ንሕና ዝነበርናያ ህንጻ ምኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ትብሃል፣ ናይ እንዳ ፖሊስ ሓንቲ ዓባይ ፐላሶ ብምዃና እታ ቀንዲ ክትህረም ትጽበያ ንሳ ከነሳ፣ ኩለን ፐላሶታት ክህረማ ከለዋ፣ ኩለን ፐላሶታት ክወድቃ ከለዋ፣ እዛ ፐላሶ ግና ደው ኢላ ነይራ።

እዚ ኣዝዩ ዘገርም እዩ። እዚ ናይ እግዚኣብሄር ሓለዋ እዩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፡ ኣገልገልቲ ኣብ ኢድ ኣምላኽ እዮም።

ብድሕሪኡ ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ወጺኤ፣ ናብ ገዛ ናይ ሓደ ምሳይ ኮይኑ ዝዓዩ ዝነበረ፣ ግናኸ ምስቶም ዝወጹ ዝወጸ “ፋዲ ፒስዮ” ዝብሃል ሓው (ትኽ ትንፋስ ዓርከይ) እየ ከይደ። ገና ሳዳም ሑሴን ኣይተታሕዘን ዘሎ። እቲ ውግእ ውን ተወዲኡ ድዩ ኣይተወደአን ገና ኣይተፈለጠን ዘሎ፡ ነታ ከተማ ግና ኣመሪካውያን ኣትዮማ ኣለዉ።
ፋዲ ፒስዮ ዓርከይ፣ ርእይ ምስ ኣበለኒ ሰንቢዱ። “ሞይትካ እንድየ ደኣ ሰሚዔ! በል ንዓ ሕጂ ውን” ኢሉ ናብ ሓንቲ ክፍሊ ኣእትዩ ዓጽዩኒ።




ብስጋ ክትርእዮ ከለኻ ኸኣ ኣዝዩ ዘፍርህን ዘሸብርን ቦታ እዩ ነይሩ። ተስፋ ዘቑርጽ ቦታ እዩ። ይዝከረኒ ሓደ ምሸት ጸጥ ኢሉ። ድምጺ ዋርድያ ኣይሰማዕናን። መግቢ ኣይመጸናን፣ ንጽባሒቱ ንግሆ ውን ከምኡ። ብዘይ ሓደ ነገር ኣርብዓን ሓሙሽተን ስዓታት ኣቢሉ ሓሊፉ። እዚ ካብ ዝእሰር ድሕሪ ሰለስተ ወርሕን ዓሰርተው

ምናልባት መንግስቲ እንተተመልሰሰ ብዛዕባይ ሰብ ከይፈልጥ ኢሉ እዩ። መቸስ ኣዝዮም ይፈርሑ። ጸኒሖም ግን ነገር ኩሉ እናተጋህደ ከይዱ። ነታ ከተማ ወትሃደራት ኣመሪካ ተቋጻጺሮማ። ኣነ ኸኣ ንደገ ወጺኤ ማለት እዩ። ኣነ ከም ዝወጻኹ ዝፈለጠ ዘበለ ሰብ ከኣ ብምልኡ ግልብጥ ኢሉ መጺኡኒ።

ኣብቲ እዋን እቲ (ከምቲ ጎይታ ዝበሎ ኣገልግሎትና ክንቕጽል) ቤተክርስትያን ክንካረ እንከለና፣ ሓደ ሚእቲ ሰባት ኣቢልና ኢና ንኸውን ኔርና።

ብድሕሪኡ ግን ጎይታ ዓቢ ኣጋጣሚታት እዩ ከፊቱልና። ኣብዝኸድናዮ ቦታ ጎይታ ዕድል እናሃበና፡ ንዝተዛረብናዮ ዘበለ እናሃበና፣ እታ ቤተክርስትያን ቅጽጽ ኢላ። ብድሕሪኡ ንሓሙሽተ ዓመታት ዝኣክል ነታ ቤተክርስትያን መሪሐያ፡ ኣገልጊለያ።

እቲ ዝገርም ኣብቲ ናይ ዓሰርተ ዓመታት ናይ ማእከላይ ምብራቕ ኣገልግሎተይ፣ መጀመርታ ብቛንቋ እንግሊዝ እየ ዝሰብኽ ነይረ። ሓንቲ ስሓቕ ትብሃል ዒራቓዊት ሓብቲ ኸኣ ትትርጉመለይ ነይራ።

ኣብቲ ኣገልግሎት ናይ እንግሊዝኛ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንቢበ፡ ትርጉም መዝገበ ቃላት ኣንቢበ፡ ኮታስ ኣዝየ ተዳልየ እየ ዝመጽእ ነይረ። ጽቡቕ ዝኾነ መንፈስ ከኣ ነይሩኒ።

ሰባት ነቲ ኣገልግሎተይ ባህ ኢልዎም የስተማቕርዎ ነይሮም። ሓደ ምዓልቲ ነዛ ሓብቲ (ንስሓቕ) ብዓል ቤታ ከይትኸዲ ኢሉ ይኽልክላ እሞ ንሳ ኸኣ ከይመጽኣት ትተርፍ።

ንሳ ከይመጸት ምስ ተረፈት፡ እቲ ኩሉ ትርጉማ ይሰምዖ ስለ ዝነበርኩ፡ ሽዑ ዝገብሮ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረንን። “ድሓን ብዓረብ ክሰብኽ እየ!” ኢለ ባዕለይ ኣትየዮ።

ይዝከረኒ ከምኡ ምዓልቲ ተፈቲሐ ኣይሰበኽኩን። እቶም ሰባት ክሳብ ሕጂ እዮ ዝሓምዩኒ። “ዓረብኛ ትፈልጥ ከለኻስ፡ ትኽእል ከለኻስ፡ ‘ኣይክእልን እየ’ እናበልካ ንዝተወሰነ ኣዋርሕ ብእንግሊዝ ሰቢኽካ” ይብሉኒ።

ኣነ ኸኣ፡ “ኖኖእ ኣይክእልን እየ ነይረ፣ ንመጀመርታ ግዜ ኣብታ መዓልቲ እየ ብዓረብ ሰቢኸ። ሓቂ እዩ ምሳኻትኩም ብግሊ ክንዘራረብ ከለና ብዓረብኛ እየ ዝዛረብ ነይረ።

ግን ክሳዕ ኣብ መድረኽ ወጺአ ብዓረብ ክሰብኽ ኣይክእልን እየ ነይረ” እብሎም።

ድሕሪ እታ ምዓልቲ ግን ኣስቶርጓሚ ገይረ ሰቢኸ ኣይፈልጥን እየ። ካብታ ስዓት ጀሚረ ብእንግሊዝኛ ንዝሰብኩ ናብ ዓረብኛ ዝትርጉመሎም ኣነ እየ። ብዓረብኛ ንዝሰብኽ ናብ እንግሊዝ ዝትርጉመሎም ኣነ እየ ነይረ።

ብድሕሪኡ ግን ኣብ ዒራቕ ወጻእተኛታት ኣገልገልቲ ዝሕረዱላ፡ ሚሽነሪታት ዝቑረጹላ፡ ዝነበሩ ሓንቲ እዋን ነይራ። ኣነ ግን ንዒራቓውያን

ተመሳሲል እንብር ስለ ዝነበርኩ ድሓን ነይረ። ኣብ መወዳእታ ግን እናተፈለጥኩ ከይደ። ስለዚ ኸኣ ኣብ ዕላማ ኣትየ። መንግስቲ ነቲ ነገር ምቁጽጻር ስለ ዝስኣኖ ተፈንዩ ኢዩ ነይሩ። ብብረት ዕላማ እናኣሰሩ ክቐትሉና ጀሚሮም፡ ንመትዓይይትና ክንቀብሮም ጀሚርና።

ብድሕሪኡ እቶም ኣብ ዒራቕ ዘለዉ ኣዕሩኽተይ፡ "እዚ እቲ ክትወጻሉ ዘሎካ ግዜ እዩ። ግድን ሕጂ ክትወጽእ ኣለካ!" ክብሉኒ ጀሚሮም። ኣብቲ እዋን እቲ ካብ መንግስቲ ኣይኮነን ተጸብኣ ዝመጽኣካ ነይሩ። ዝኾነ ሰብ ክቐትለካ ይኽእል ነይሩ። ገለ ክልተ ሰለስተ ሻዕ ተፈቲነ ምስ ወጻእኩ፡ ክወጽእ ከም ዘለኒ እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጠይ ይዛረበኒ'ሞ፣ ነታ ዝነበረት ቤተክርስትያን ምስ ኩሉ ትሕዝቶኣ ገዲፈያ ወጺኤ። ናብ ዒራቕ ክኣቱ ከለኹ 150 ቅርሺ ናይ ዒራቕ ሒዘ ኣትየ፡ ካብ ዒራቕ ክወጽእ ከለኹ ድማ 100 ዲላር ሒዘ ወጺኤ። ናይ ዒራቕ ኣገልግሎተይ ወዲኤ ብሓጎስ ብጥዑም መንፈስ ወጺኤ። ናይ ዒራቕ ኣገልግሊተይ ከኣ ከምዚ ይመስል ነይሩ።

ካብ ዒራቕ ሽዑ ናብ ዮርዳኖስ እየ ኣትየ። ናብ ዮርዳኖስ ምስ ኣተኹ፡ "ሕጂ ኸ ከምስረት ዘለዎ ቤተክርስትያን ኣሎ ድዩ፡ ሕጂ ኸ ክትብጻሕ ዘለዋ ሃገር ኣላ'ድያ?" እናበልኩ ክጽሊ ጀሚረ። ጎይታ ግን፡ "ሕጂ ሰባት ኢኻ ከተሰልጥን። ናይ ወደ መዝሙር ስልጠና ኢኻ ክትህብ።" ይብለኒ።

"ኣብ ዮርዳኖስ ይኹን ኣብ ብዓል ግብጺ ዘሎ ህዝቢ፣ ገና ናይ መንፈስ ቅዱስ ምልኣት ዘይተረድኦ ህዝቢ እዩ። እዚ ኣባኻ ዘሎ ኣብ ብዙሓት ምእንቲ ክህሉ፣ ሕጂ መንፈስ ኢኻ ክትመቅል። እዚ ቅንኣት ኣብ ብዙሓት ምእንቲ ክህሉ፡ ብዙሓት ድማ ክወጹ፡ በይንኻ ካብ ትኸውን ምስ ብዙሓት ኳንካ ንኣገልግሎት ምእንቲ ክትወጽእ፣ ሕጂ መንፈስ ኢኻ ክትመቅል።" ኢሉ ጎይታ ይዛረበኒ ማለት እዩ።

ብድሕሪኡ ናይ ወደመዝሙር ስልጠና ማእከል ኣብ ዮርዳኖስ ከፊትና። ንብዙሓት ሰባት ስልጠና እናሃብና፡ ካብቶም ዘጠመቕናዮ ነቶም ፓስተራት ክኾኑ ዘለዎም ኣሰልጢንና ፓስተራት ጌርናዮም። ሕጂ ኣብቲ ቦታ እቲ ተማሂሮም፡ ኣብኡ ተጠሚቖም ናብ ኣገልግሎት ዝተዋፈሩ ናይ 400 ኣባላት ፓስተራት ዘለውዋ ቤተክርስትያን ኣለትኒ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ውን፣ ናይ እስልምና ድሕሪ ባይታ ዝነበሮም ብዙሓት ሰባት ናብተን ዝነበራ ቤተክርስትያናት ክኸዱ የጸግሞም ስለ ዝነበረ ናባና ይመጹ ነይሮም። ብኸምዚ ኣብ ዮርዳኖስ ኣብታ ተኻሪናያ ዝነበርና ገዛ ኳንና፣ ምስ ባርናባስ ንሓደ ዓመትን ገለን ምስ ዓየና፣ መንግስቲ ዮርዳኖስ ብዛዕባና ይፈልጥ።

ክፈልጥ ዘኸኣሎ ምኽንያት ከኣ፣ ናይ ማእከላይ ምብራቕ ዓቢ ኮንፈረንስ ምስ ገበርና እዩ። ካብ ዒራቕ፡ ካብ ሶርያ፡ ካብ እስራኤል፡ ካብ ፈላሽ፡ ካብ ኣይሁድ፡ ኮታስ ካብ ሸውዓተ ሸሞንተ ዝኾና ሃገራት ዓረብ ጸዊዕና ኢና ስልጠናን ምምቓል ጸጋን ጌርና። ሽዑ ንሪቨረንድ ተመስገን ከገልግለና ጸዊዕናዮ ኔርና።

ሓቂ እዩ ዕዮና ጥበብ ስለ ዝንደሎ፣ ኣብታ እዋን እቲኣ ናብ መንግስቲ ዮርዳኖስ ተጠቆምና ማለት'ዩ። ብድሕሪኡ መንግስቲ ንኽንመጽእ ደብዳበ ሰዲዱልና። ናብ ኦፊስ ክንከይድ እንከሎና ኩሉ ነገር ወዲእና ኢና ኬድና።

ንሳቶም ፓስፖርት ሓቲቶምና። ፓስፖርትና ሕጋዊ



ኣይነበረን። ናብራና ኩሉ ሪኦም፣ ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመት ተኣሲረ ከም ዝነበርኩ ተፈሊጡ። "እሞ ንስኻ ደኣ ከምዚ ኢልና ዘፋኖናካ ሰብ እንዲኻ!" ኢሎምኒ። ኣነ ኸኣ፡ "እወ ኣነ እየ፣ ከምዚ ኢለ ከምዚ ኢለ መጺኤ" ኢለዮም። ሽዑ ብኡስራትና ንኤርትራ ክንጥረዝ ተወሲኑልና።

ብ 2006 ናብ ኤርትራ ክንጥረዝ ተኣሲርና ናብ ኤርፖርት ምስ ኣተና፣ ናይታ ንሕና ክንከደላ ዝነበርና ነፋሪት ገለ ምድንጓያት የጋጥም እሞ፣ ነቲ ዓጀቡና ዝኸይድ ዝነበረ ሰብ፡ "እሞ በዛ ነፋሪት ብኬንያ ገይራ ናብ ኤርትራ ክንከይድ?" ንብሎ፣ "ትኬት ከ?" ይብለና፣ ንሕና ኸኣ፡ "ዘይንገዝእ እንታይ ጸገም ኣለዎ፡ ካብ ብኬንያ ጌርና ንኸይድ ብቐጠር ጌርና ንኸይድ" ንብሎ። ንሱ ድማ፡ "ሕራይ ግበርዎ።" ይብለና።

ሽዑ ናብቲ ማናጀር ንኸይድ። እቲ ማናጀር ነታ ናይ ግብጺ ትኬት ምስ ረኣየ፡ "ናኖእ ንስኹም ብግብጺ ኣይትኸዱን ኢኹም!" ይብለና።

ዋላ ገንዘብና ውን ክመልሰልና ኣይደለየን። ካርድ ነይሩና ትኬትና ገዚእና ናብ ቐጠር ኬድና። ኣብ ቐጠር ምስ ከድና ኸኣ ትኬትና ቀይርና ኣብ ክንዲ ኣብ ኤርትራ ኣብ ኬንያ ከም እንዓርፍ ጌርና። ናብ ኬንያ ተረዲኡና፡ ፈቲና ኣይኮንናን ኬድና። ብእሱራትና ኢና ኬድና። ጎይታ ግና ናብኡ ክንከይድ ደልዩ ብ መደብ እዩ ወሲዱና። ኣብኡ ዕረፍቲ ኔሩና። ኣብኡ ናይ መርዓ ጉዳይ ዓቢ ኣጀንዳ ነይሩ። ምስ ሰላም ድማ ተመርዒና።

ብድሕሪኡ ድማ ናብ ግብጺ መጺእና። ኣብ ግብጺ ዝነበረና ኣገልግሎት ከምዚ ይመስል። ልክዕ እታ ኣብ ዮርዳኖስ ከለኹ ዝተዋህበትኒ መምርሒ ሒዘ እየ ናብ ግብጺ ከይደ። ስለዚ ኣብ ግብጺ ነቲ ናይ ጸጋ ምምቓል ይኹን ኩሉ እቲ ምንቅስቓስ፣ ነቲ ናብ ብዘሎ ማእከላይ ምብራቕ ከበጽሕ ዘለዎ ሰብ ንምልዕዓል ኢልና ኢና ጀሚርናዮ። ነቲ ዕዮ ብዓሰርተ ክልተ ሰብ ኢና ጀሚርናዮ። እቶም 12 ሰባት ድማ ነንዓሰርተ ክልተ ሰብ ከምዘንቀሳቕሱ ተገይሩ። ሚእትን ዕስራን ምስ በጽሕና ኸኣ ንሽሕን ክልተ ሚእትን ከምዝበጽሑ ተገይሩ።

ሽዑ እቶም ኣብ ግብጺ ዝነበሩ ሓበሻ (ኤርትራውያን) ውን ምሳና ሓደ ዓይነት መንፈስ ንኽህልዎም ክንሰርሕ ፈቲንና። ኣብ ፈዩም፡ ኣብ ሙምያ፡ ኣብ ኣሌክሳንድርያ፡ ኮታስ ኣብ ኩለን እተን ከተማታት እቲኣተን እናኸድና፡ ክንፈረንሳት እናወደብና ናይ ምንቕቓሕ ግዜ ንገብር ኔርና።

ኣብኡ ብዙሓት ሰባት ተፈዊሶም፡ ዓበይቲ ነገራት ተገይሩ፡ ብትምህርቲ ውን ንብዙሓት ሰባት ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ሓደ ደረጃ ኣሰጋጊርና። ኣብ ከምዚ ኹነታት እንከለኹ እዩ እቲ ተቓውሞ ናይ ግብጺ ተበጊሱ፣ ካብ ግብጺ ምውጻእ ውን ዝመጸ።

እዚ ናይ ህይወት ምስክርነተይ ከምዚ እናሃለወ፣ ትምህርቲ ካብ 12 ዘይሓለፍኩ፡ ብጽቡቕ ነጥቢ ዘይወዳእኩ፡ ኣብ ዓድና ብዙሕ ዝኾነ መጽሓፍቲ ዘየንበብኩ፣ ብጀካ እታ መጽሓፍ ቅዱስን ንእሽቶ ናይ ጸሎት ቦታንሲ ብዙሕ ተመኩሮ ዘይነበረኒ ሰብ እየ ነይረ።

ግን እግዚኣብሄር ዝጨንቆ ነገር የለን። እግዚኣብሄር ካብ ሓመድን ሓሙኽሽትን ኣልዒሉ ኣብ ዝደለዮ የቐምጠካ እዩ። ብሓጺሩ ከምዚ ይመስል እቲ ጽዑቕ ናይ ዓሰርተ ዓመታት ናይ ማእከላይ ምብራቕ ኣገልግሎተይ።

---- ተፈጸመ ----

(ምንጪ - ሺሎ ቲቪ - 2015)

እግዚኣብሄር ንህይወትን ኣገልግሎትን ፓስተር ጆሲን ሺሎ ቲቪን ይባርኽ! ኣሜን!



# ካብ ዘንበብናዮ

## ሕግንጸጋክርስቶስን

### ኣመጻጽኣ ሕጊ

ሕጊ ዘበሃል እግዚኣብሄር ብ ባርያኡ ሙሴ ገይሩ ንስራኤላውያን ዝኣዘዞም 10 ትእዛዛትን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ተወሰኽቲ ካልእ ትእዛዛትን ዘጠቓለለ እዩ።

እዚ ሕጊ እግዚኣብሄር ንምንታይ ዕላማ እዩ ሂቡና ክንፈልጥ ይግበኣና እዩ። መጀመርያ፣ ክንሕልዎ ንኽእል ‘ዶ፧ ዝብል ሕቶ ንመልስ።

ሂወትና እንተመርሚርናያ፣ ነዚ ሕጊ ብዘይ ዝኾነ ጉድለት ብምልኣት ሓሊናዩ ከምዘይንፈልጥ ሕልናና ይረትዓና እዩ። ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ብዛዕባ ሕጊ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ፡ “ነቶም ቀዳሞት ‘ ኣይትዘሙ ’ ከም ዝተባህለሎም ሰሚዕኩም ኣለኹም፣ ኣነ ግና፣ ንሰበይቲ ክብህጋ ዝጥምታ ኩሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ፣ እብለኩም ኣለኹ።” ይብለና (ማቴ 5፡27-28)። ከምዚ እናሃለወ ግና (ብ ስጋ ዘሎ) ብልቡ ዘይዝሙን ዘይሓጥእን ሰብ የለን!!

ስለዚ ትምኒት ኣብ ልብና እንተነደደ፣ ዋላ ነቲ ሓጢኣት ብግብሪ እንተዘይፈጸምናዩ፣ ኣብ ልብና ቦታ ስለዝሃብናዮ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሓጢእና ኢና! እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ እግዚኣብሄር ልብን ኮላሊትን ዝምርምር ኣምላኽ ስለዝኾነ እዩ።

### ዕላማ ሕጊ

ሞት ብሰሪ ሓጢኣት እዩ ዝመጽእ፣ ሓጢኣት ዝገብር ሞት ይመውት! እዚ መንፈሳዊ ሕጊ ብዘይ ምእዛዝ ሓደ ሰብኣይ ማለት ኣዳም፣ ኣብ ዘርኢ ደቂ ሰብ ክገዝእ ጀሚሩ። ባሮት ሓጢኣት ክንከውን ዝኸኣልና ብዘይ ምእዛዝ እዚ ሓደ ሰብኣይ (ኣዳም) እዩ። እቶም ካልኦት ኣብዚ ዝተጻወትናዮ ተራ የለን። ደቂ ሰብ ብባህርና ሓጢኣተኛታት ምኳንና ተሓታቲ ኣዳም ጥራይ ከም ዝኾነ እዚ ቓል የረድኣና። ዕላማ ሕጊ ደኣ እንታይ እዩ፧ “ሕግስ ሓጥያት እዩ ዘፍልጥ እሞ፣ ስለዚ ስጋ ዘበለ ኩሉ ኣብ ቅድሚኡ ብግብሪ ሕጊ ዝጸድቕ የልቦን።” - ሮሜ 3፡20።

እግዚኣብሄር ሕጊ ምግባሩ ምስ ተሳእነና ብባህሪና ሓጢኣተኛታት ምኻንና ከነስተውዕል እምበር ጌርናዮ ክንጸድቕ ኣይሃበናን።

እቲ ቃል “....ስጋ ዘበለ ኩሉ....” እዩ ዝብል፣ እዚ ማለት ዋላ ሓደ ሰብ ሕጊ ጌሩ ዝጸድቕ የለን ማለት እዩ!

ሓጢኣተኛታት ምኻንና ዘፍልጠናን ዘረድኣናን ሕጊ እዩ። ብባህሪኡ ሓጢኣተኛ ምዃኑ ዝተረደአ ሰብ ምድሓን ከምዘድልዮ የስተውዕል እዩ። ምድሓን ድማ ብየሱስ ብምእማን እምበር ብግብሪ ሕጊ ኣይኮነን።

ሓጥያት ባህሪ ሰብ ስለዝኾነ፣ ወዲ ሰብ ብዛዕባኡ ሓንቲ ነገር ክገብር ኣይከኣሎን እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ፣ ኣብ ሮሜ7፡18-23፣ ሰናይ ክገብር እናደለየ ሓጢኣት ልክዕ ከም ሕጊ ተፈጥሮ ኣንጻር ድላዩ ብሓይሊ ከምዝመለኾ ይዛረብ እዩ።

እግዚኣብሄር ግና ንኣና ካብ ናይ ሓጢኣት ባህርን ካብቲ ብሰሪ ሓጢኣትና ዝመጽእ ፍርድን፣ ብምሕረቱ ከቢድ ዋጋ ከፊሉ (ንወዱ ብፍታው ንመስቀል ኣሕሊፉ ብምሃብ) ኣውጺኡና እዩ።

“ሞት ብኣበሳ እቲ ሓደ በቲ ሓደ ካብ ገዝአ፣ እቶም ትርፊ ጸጋን ውህበት ጽድቂን እተቐበሉ ከኣ፣ በቲ ሓደ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወት ኣዝዩ ብዙሕ ክገዝኡ እዮም።” ይብል ሮሜ 5፡17።
ስለዚ ኸኣ ብእምነት ምእንቲ ክንጸድቕ ‘ሲ፣ ናብ ክርስቶስ ምእንቲ ከብጽሓና ኣዩ እቲ ሕጊ ቀጻዒና ዝኾነ (ገላ3፡24)።

### ጽድቅን ጸጋን

ጽድቂ ማለት ካብ ሓጢኣት ሓራ ዝኾነ ሂወት እዩ። ጸጋ ዘይግባኣካ ክነሱ ግናኸ እግዚኣብሄር ብፍታዉ ብኸምኡ ዝገብረልካ ሰናይ ነገራት እዩ።

### ዕላማ ጸጋ

የሱስ እምበኣር ጽድቅን ጸጋን ኣብ ሂወትና ክገዝኡ እዩ ብፍታዉ ንመስቀል ርእሱ ኣሕሊፉ ዝሃበ። ንየሱስ ከም መድሓኒ ኣብ ልብኻ እንተተቐቢልካዮ፣ ካብ ሓጢኣት ሓራ ዝኾነ ሂወት ክትነብር ዘኽእል መንፈሳዊ ሓይሊ (ብመንፈስ ቅዱስ) ኣባኻ ይለቅቕ እሞ፣ ባርያ ሓጢኣት ሙኳን ተቋርጽ።

ንእግዚኣብሄር ከተሐጉስ ላዕሊን ታሕትን ስለዝበልካ ኣይኮነን እግዚኣብሄር ሰናይ ነገር ኣብ ሂወትካ ዝገብር። እግዚኣብሄር ንየሱስ ብልቦም ንዝተቐበሉ ሰባት እዩ ብፍታዉ ብዙሕ ሰናይ ዝገብረሎም።
እዚ እዩ እቲ ብየሱስ ዝርከብ ጸጋ። እዚ እዩ እቲ የሱስ ኣብ መስቀል ዝሰርሖ ውዱእ ዕዮ። ተረዲኡና ብእምነት ኣብ ልብና ምስ እንቐበሎ ድማ ኣብ ሂወትና ጸጋን ጽድቅን ይልቀቕ። እምበር ብገዛእ ርእስና እንገብሮ ከምዝገን ከምትን ወይ ላዕልን ታሕትን ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን።

### ዕዙዝ ጸጋ

ገሌና ሓጢኣትና ኣዝዩ ብዙሕ ክመስለና ይኽእል ይኸውን። ምናልባት ውን፡ “ኣምላኽ ንኻልኦት ይቕረ ክብል ይኽእል እዩ። ናተይ ሓጢኣት ግን እዝዩ ብዙሕ እዩ!” ንብል ንኸውን። ግናኸ ቃል ኣምላኽ፡ “ኣበሳ ምእንቲ ክዓዝዝሲ ሕጊ ኣተወ። ኣብቲ ሓጥያት ዝዓዘዞ ግና ኣብኡ ጸጋ ኣዝዩ ዓዘዘ።” እዩ ዝብለና (ሮሜ5፡20)።

ሰብ፡ “ኣይትግበር!” እንተተባሂሉ፣ ናይ ምግባር ባህሪ ኣለዎ። ኣብ ርእሲ እዚ፣ ንሕጊ ብዝተረድኣና መጠን ኢዩ ማዕረ ኸንደይ ሓጢኣተኛታት ምኳንና ነስተውዕል። ውጺኢት እዚ ድማ ኩነኔ እዩ። እዚ ማለት ብግብርና ርእስና ንኹንን።

ቃል ኣምላኽ ግና ካብ ሓጢኣትና ኣዝዩ ዝበዝሐ ጸጋ (ምሕረት) ብየሱስ ከም ዝተለቐቐልና እዩ ዝዛረብ። ኣምላኽ ንኣና ዘለዎ ምሕረት፣ ካብ ዝኾነ ወዲ ሰብ ክፍጽሞ ዝኽእል ሓጢኣት ከም ዝዓቢ፣ ከነስተውዕል ይግባእ።

ሕጊ ሙሴ እምበር የሱስ ሒዝዎ ኣይመጸን። “ሕጊ ብሙሴ ተዋህበ፣ ጸጋን ሓቅን ግና ብየሱስ ክርስቶስ መጸ።” ይብል ዮሃ 1:17። የሱስ ሲ ጸጋን ሓቂን እዩ ሒዙ ዝመጸ።

እዚ ድማ ኣብ ልቢ እግዚኣብሄር ዘሎ ጸጋ ምዃኑን ባህሪ እግዚኣብሄር ድማ ጸጋ ምዃኑ ምእንቲ ክነስተውዕል እዩ። ስለዚ ኣብ ልቢ እግዚኣብሄር ዘሎ ጸጋ ካብኮነ፣ በዚ ነገር ብእምነት ኽንብርትዕ ይግባእ።

## ጸጋን ሓጢኣትን

ጸጋ ምብዝሑን ምሕረት ምብዝሑን ንልብና ብሓልዮት እግዚኣብሄር ተንክዩ፣ ንንሰሓ ክመልሰና ይግባ እምበር፣ “እግዚኣብሄር ምሕረተኛ እዩ!” እናበልና ክንሓጥእ ኣይግባእን እዩ።

ንምሕረት ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ንንሰሓ ንምኽንያት ሓጢኣት ዝገብሮ ግን ፍርዲ ኣምላኽ መዓልቱ ሓልዩ ይረኽቦ እዩ (ሮሜ 2፡4-6)።

ስለዚ ሮሜ 6፡13-14 “ትሕቲ ጸጋ እምበር ትሕቲ ሕጊ ስለ ዘይኮንኩም፣ ሓጥያት ኣይመልከኩምን እዩ እሞ፣ ከም ምዉታት ዝተንስኡ ርእስኹም ንኣምላኽ ወፍዩ እምበር፣ ንኣካላትኩም ኣጽዋር ዓመጻ ንሓጢኣት ኣይትግበርዎ። ንኣካላትኩምሲ ኣጽዋር ጽድቂ ንኣምላኽ ደኣ ግበርዎ።” ክምዝብለና ንኹን።

ከመይሲ ኣብ ጸጋ ዘሎ ሰብ ባርያ ሓጢኣት ኣይኮነን። ንርእስና ኣብ ትሕቲ ጸጋ ምህላውናን ዘይምህላውናን ንፍትሸሉ መንገዲ ድማ እዚ እዩ። ልዕሊ ሓጢኣት ምምልላስና። ብሓቂ እቲ ኣብ ትሕቲ ጸጋ ዘሎ ካብ ሓጢኣት ሓራ እዩ።

እምብኣርከስ ጎይታ የሱስ ኣብ መስቀል ብዝፈጸሞ ዕዮ ብእምነት ምስ እንወርሶ ኢና ጽድቅን ጸጋን ብነጻ እንቕበል።

ብእምነት ክንወርሶ እንተኼንና ግና፣ ኣብቲ ጸጋ ክርስቶስ ዝገልጽ ቃል ኣምላኽ ልብና ክነውድቕን ጊዜ ወሲድና ንእኡ እናሰላሰልና ምስኡ ብእምነት ክንሓብርን ይግባእ። እምበር ናትና ላዕልን ታሕቲን ዘፍርዮ ነገር የለን (ገላ 3፡10-11)።

## ኣዝዩ ኣገዳሲ ሓበሬታ

ክርስትያን ዝኾነ ኹሉ እዚ ሓበሬታ ይምልከቶ እዩ።




ሻሎም! ዝተፈተኹም ኣሕዋተይን ኣሓተይን፣ መብዛሕትኹም ብዛዕባ ዕዮ new International version (NIV) ከም እትፈልጡ እግምት እየ። ነቶም ዘይትፈልጡ ግና፣ NIV መጽሓፍ ቅድስ ኣብ ዓለም ምሉእ ብደረጃ Hard copyን ብsoft copyን ዘሕትምን ዘከፋፍልን ከምኡ ውን ንመጽሓፍ ቅዱስ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት እናተርጎመ ዘዳሉ ኩባንያ እዩ።

መጀመርታ ን NIV ዘሕተሞ ዞንደርቫን ዝብሃል ሰብ ክኸውን ከሎ፣ ሕጂ ግና ሀፐር ኮሊን ዝተባለ ሰብ ተረኪብዎ ኣሎ። እቲ ብጣዕሚ ዘገርም ነገር ድማ፣ እዚ ኮሊንስ ዝተባህለ ሰብ፣ ግብረሰዶማዊ (homosexual / gay) ክኸውን ከሎ፣ ናይ ሰይጣን መጽሓፍ ቅድስ ዘሕተመ እዩ።

ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ ንሱ ናይ NIV ዋና ኣሕታሚ እዩ።

ኣብዚ እዋን NIVን ናይ እንግሊዝኛ ESV ኣብ ሓድሽ ሕታሞም ካብ መጽሓፍ ቅዱስ 45 ቃላት ኣልዮም ኣለዉ።

ንኣብነት ከኣ Jehovah (ያህወ), calvary (ጎልጎልታ), omnipotent (ኩሉ ዝኽእል) ን holy ghost (መንፈስ ቅዱስ)ን ሒደት ካብቶም ዝኣለይዎም እዮም። እቶም ዝተኣለዩ ቃላት እቶም ናይ ምድሓንና ቁልፊ (መሰረት) ዝኾኑ ቃላት እዮም። መብዛሕቴና soft copy መጽሓፍ ቅድስን ብ ኮምፒዩተር፣ ታብለትን ሞባይልን ኢና እንጥቀም እሞ እስከ ነዞም NIV ን ESV ዘሕተምዎም ጥቕስታት ኣብ ሞባይልና ዘለዉ aps ንድለዮም።

ማቴ 17:21, 18:11, 23:14; ማር 7:16, 9:44,9:46; ሉቃ 17:36, 23:17; ዮሃ 5: 4; ግብ 8:37

በተወሳኺ NIV ን ESV ካብ መጽሓፍ ቅዱስ 45 ዝብዝሑ ጥቕስታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣልዮ (ሓኺኹ) ኣሎ።

## ስለዚ እንታይ ንግበር፧

### ስጉምቲ - 1

hard copy **መጽሓፍ ቅዱስ ንጠቐም**

### ስጉምቲ - 2

soft copy መጽሓፍ ቅዱስ ንጥቀም እንተኾይንና ኸኣ፣ update ዘይኮነ ናይ ቀደም app ንጽዓን እምበር፣ ነዚ ሓድሽ ሕታም ብፍጹም update ኣይንግበር! ጽዒንናዮ ዘሎና app updated ዝኾነ ምስ ዝኸውን ሕጂ ካብ ሞባይልና ንደምስሶ። ብኻልኦት ኣሕተምቲ ዝተሰርሑ Bible apps ተጠቐሙ። ኣርእስትና ንሓድሽ ሕትመት NIVን ESV ምውጋድ ምዃኑ ኣይንረስዕ።

ፈተውተይ ኣብ መወዳእታ ዘመን ከም ዘለና ኣይትዘንግዑ። ድያብሎስ ቀሩብ ዘመን ከም ዘለዎ ፈሊጡ፣ ብብርቱዕ ቁጥዓ ኣበርቲዑ እናሰርሐ እዩ። ስለዚ ንሕና ውን ነቲ ዘሎና ግዜ ንጠቐመሉ። ነዚ መልእኽቲ እንተውሓደ ን 15 ሰባት ብምልኣኽ ናይ ሰይጣን ኣጀንዳ ነፍርስ።

ዕላማ ናይዛ ዓለም ገዛኢ hard copy መጽሓፍ ቅዱስ ብምጥፋእ፣ ንምድሓንና ዝኸውን መሰረታዊ (ቁልፊ) ቃላት ዘይብሉ soft copy መጽሓፍ ቅዱስ ክንጥቀም እዩ።

ስለዚ ኣብ hard copy መጽሓፍ ቅዱስ ነተኩር። hard copy መጽሓፍ ቅዱስ ግድን ኣብ ኣእዳው ነፍስወከፍና ክህሉ ኣለዎ። ምጽኣት ጎይታ የሱስ ቀረባ እዩ!

Yabsira:@holyghostfire

# ዓምደ ትምህርቲ

"ንስኻ ግና ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ኸም ዚግባእ ዘረባ ንገር"

ቲቶ 2:1

## ቅኑዕን ግጉይን ምህሮን ኣገልገልቱን (4ይ - ክፋል)

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ብዛዕባ ማይ ብሑቕ ሄሮዶሳውያን፡ ሰዱቃውያንን ፈሪሳውያንን ርኢና ኔርና። ሽው ማይ ብሑቕ ንጉስ ሄሮድስ ዓለማውነት (ማሪ 6:20)፣ ማይ ብሑቕ ሰዱቃውያን ድማ ናይ ሓሶት ትምህርቲ፡ ማይ ብሑቕ ፈሪሳውያን ድማ ብቐንዱ ግብዝና ከምዝኾነ ርኢና ኔርና።

ቀጺልና ውን ሄሮዶሳውያን ናይ ኣምላኽ ሰባት ክሰምዑ ደስ ዝብሎም ግናኸ ነቲ ኣጸያፊ ዝኾነ ዓለማዊ ነገራት ከኣ ካብ ምፍጻሙ ድሕር ዘይብሉ፣ ነቶም ዓለማውነትን ክርስትናን ዝሓዋውስዎ ስጋውያን ክርስትያናት ከም ዝውክሉ፣ ሰዱቃውያን ድማ ኣብ መላእኽቲ፡ ተኣምራት፡ ኣብ ትንሳኤ ሙታን፡ ኮታስ ነቲ መንፈሳዊ ዓለም ዘይኣምኑ ኮይኖም፣ ነቶም፡ "ውህበታት መንፈስ ቅዱስ (ቋንቋታት፡ ፈውሲ፡ ትንቢት...) ኣብታ ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን እንበር ሎሚ የለን።" ዝብሉ ክርስትያናት ከም ዝውክሉ ርኢና ኔርና።

ማይ ብሑቕ ፈሪሳውያን ድማ ብቐንዱ ግብዝና ኮይኑ፣ ነቶም ዘይነብሩሉ ቃል ዝምህሩ፣ ወይ ውን ጽድቂ ገዛኣ ርእሶም ክተኽሉ ዝጽዕሩ፣ ንሰብ ድማ ናብ ናይ ሓሶት ቅድስናን ፍረ ዘይብሉ ናይ ጽድቂ ገዛእ ርእሲ ሸንኮለል ስለ ዝመርሑ፣ እዞም ክርስትያናት ኣዝዮም ሓደገኛታትን ኣስጋእትን ከም ዝኾኑ ርኢና ኔርና።

ንሎሚ ኸኣ ነቶም ሰለስተ ግን ከኣ ብዙሕ ፍልልይ ዘይብሎም ምህሮታት ማለት ምህሮ በልዓም፡ ምህሮ ኒቆላውያንን ምህሮ ኢዛቤልን ክንርኢ ኢና።

### ምህሮ በላዓም

ኣብ ራእ 2:14 ናይ ጴርጋሞስ ቤተክርስትያን ንምህሮ በላዓም ሽለል ሰለዝበለት ክትግናሕ ከላ ንርኢ። በላዓም ብተወሳኺ ኣብ 2 ጴጥ 2: 15 ን ይሁ 1:11 ተጠቒሱ ንረኽቦ። ኣብ ክልቲኡ ኣጋጣምሚታት ድማ ምስ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ተኣሳሲሩ እዩ ስሙ ተጠቒሱ ዘሎ።

እዚ በላዓም እዚ ግን ኣብ ብሉይ ኪዳን ኢና ፈለማ ንረኽቦ። ንሱ ድማ ኣብ ዘሁ 22 ብዘይ ዓወት ኣንጻር ደቂ እስራኢኣል መርገም ክረግም ንረኽቦ። ምርጋሞም ምስላጥ ምስ ኣበዮ ግና ን ባላቕ ንጉስ ሞኣብ ሓደ ሕማቕ ምኽሪ መኸሮ።
በልዓም ኣብ ሞሶጶጣምያ ነብዩ እዩ ነይሩ። ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝተዋህቦ ናይ ትንቢት ውህበት ድማ ንናይ ገዛእ ርእሱ ረብሓ ክጥከመሉ ፍቓደኛ ነይሩ።

ባላቕ ናይ እግዚኣብሄር ጸላኢ ምኳኑ እናፈለጠ ከሎ ድማ ንናይ ትንቢት ውህበቱ ሸይጡ ንባላቕ ክሕግዞ ፈተነ። እዚ ምስላጥ ምስ ኣበየ ድማ በላዓም ንባላቕ፣ ንደቂ እስራኤል ዘድክመሉ ምኽሪ ሂብዎ።

ንሱ ድማ ንእስራኤላውያን ምስ ኣዋልድ ሞኣብ ክምንዝሩን ንጣኦታት ዝተሓርደ ክበልዑን ብጥበብ ከስድዖም እዩ።

እዚ ምኽሪ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ነይሩ። እቶም ነዚ ዝፈጸሙ እስራኤላውያን ውን ናይ ኣምላኽ ፍርዲ ናብ ገዛእ ርእሶም ኣምጺኦም። እቶም በቲ መዓት ዝሞቱ ከኣ 24 ሽሕ ኮኑ (ዘሁ25:9)።

ብመሰረት 2 ጴጥ 2:15፡ ናይ በላዓም መገዲ መገዲ ዓመጻ ኢልዎ ኣሎ። እዚ ድማ ን ገንዘባዊ ረብሓ ኢሉ ሓሶት ምዝርጋሕ ማለት እዩ።

ብመሰረት ይሁ 1:11 ድማ ስሕተት ናይ በላዓም ካብ ስስዐ ተላዒሉ ንናይ ጣኦት ኣምልኾ ምቕባል እዩ።

ነዞም ሓሳባት እንተድኣ ርኢናዮም ንምህሮ በላዓም ብንጹር ክንገልጾ የኽእለና። ንሱ ድማ መስ ዓለም እናተስማምዕና ንኣምላኽ ከነገልግሎን ክንስዕቦን ይከኣል እዩ ዝብል ኣረኣእያ እዩ።

ምህሮ በልዓም ተወላወልቲ ንዝኾኑ ኣመንቲ ክፍለዩን ክቕደሱን ከም ዘለዎም ከም ዝርስዕዎ ይገብሮም። ምህሮ በላዓም ን ኣመንቲ ካብ ዓለማውያን ክትፈላለዮም ኣጸጋሚ ይገብሮ።

### ምህሮ ኒቆላውያን

ሰዓብቲ ኒቆላስ፣ ብኣንጻር ግብ 15:20,29 ንጣኦት ዝተሰውአ ምብላዕን ዝሙት (ስጋዊ ርክብን) ፍቑድ ሙኳኑ ይምህሩ። ብሓፈሽኡ ኒቆላውያን ብዝሙት ዝብዓሉ ብዓላት ዝነበርዎም ንዝሙት ከም ኣካል ናይ ሰረተ እምነቶም (Doctrine) ዘእተውዎ፡ ንዘይተመርዓዉ ርክብ ክገብሩ ዘፍቅዱ፡ ንዝተመርዓዉ ኸኣ ክዝምዉ ዝምህሩ፡ ክሳዕ ሰብኡት ናይ ሓባር ኣንስቲ ዝሕዙ ዘተባብዕ ምህሮ ዘተኣታተዉ፡ ንጣኦት ዝተሰውአ መግቢ ክበልዑ ዝምህሩ ሕብረት እዮም ነይሮም።
ብዛዕባ ምህሮ ኒቆላውያን ብዘይካ ኣብ ራእይ ዮሃንስ (ራእ 2:6, 14-15) ኣብ ካልእ ኣብ ክፍሊ መጸሓፍ ቅዱስ ተጠቒሱ ኣይንረኽቦን ኢና።

ምንጪ ናይ ኒቆላውያን ካበይ ምኳኑ ዝገልጽ ቃል ውን ኣይተጻሕፈልናን። ኮይኑ ግን ብዛዕባ መቦቆል ናይዚ ምህሮ ክልተ ዝተፈላለየ ሓሳባት ይወሃብ እዩ።

እቲ ቀዳማይን ብዙሓት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ምሁራት ዝኣምኑሉ ሓሳብ ግን፣ እዞም ኒቆላውያን ናይ ሓደ ኒቆላስ ዝበሃል ሰብኣይ ሰዓብቲ ምንባሮም እዩ። እዚ ኒቆላስ ተባሂሉ ዘሎ ሰብ ድማ፣ እቲ ኣብ ግብ6:5 ተጠቒሱ ዘሎ፣ ሓደ ካብቶም ናይታ ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን ዲያቆናት ዝነበረ እዩ።

እዚ ጀማርን መምህርን ኒቆላውያን ከም ዝነበረ ዝእመነሉ ኒቆላስ፣ ጸኒሑ ሃዋርያ (መራሒ ናይ ሓንቲ ቤተክርስትያን) ከም ዝኾነን፣ ነቲ ሓቀኛ ትምህርቲ ገዲፉ ድማ ናብ ናይ በላዓም ምህሮ፣ ንሱ ድማ ንዝሙትንን ንጣኦት ዝተሰው መግቢ ምብላዕን ዘተባብዕ ምህሮ ከም ዝዘንበለ ይእመነሉ።

እዚ ሰረተ እምነት (Doctrine)፣ ኒቆላስ ንሓንቲ ጽብቕቲ ሰበይቲ ብዝሙት ምስ ተመርዓዋ ርእሱ ነጻ ከውጽእ ዘተኣታተዎ ከም ዝኾነ ገለ ጽሑፋት ይገልጹ (Gill Commentary)።

ካልኦት ምሁራት መጽሓፍ ቅዱስ ዝብልዎ ድማ፡ "እዞም ነቆላውያን ናይ ሓደ ሰብ ሰዓብቲ ዘይኮኑ እቲ ኒቆላውያን ዝብል ቃል፣ ኣብቲ ናይ ግሪኽ መቦቀሉ ክንሪኦ ከሎና ካብ "Nichiah" ዝብል ቃል ትርጉሙ ድማ "ንብላዕ" እዩ መጺኡ" ይብሉ። "እዚኦም ድማ ንጣኦት ዝተሰውአ ንኽበልዑ ንሓድሕዶምን ንሰዓብቶምን የተባብዑ ነይሮም" ይብሉ።

ካብዚኦም ኣየናይ ሓሳብ እዩ ቅኒዕ ብዘየገድስ እዚ ምህሮ ነቆላውያን ኣብ ቅድሚ የሱስ ዝጽላእ ምንባሩ ንጹር እዩ። እዚ ትምህርቲ ከም ብዙሓት ናይ ሕሶት ትምህርታት ንናይ ጸጋ ትምህርቲ ክብለጻሉ ይፍትን ኣብ ሂወት ኣመንቲ ድማ ስጋውነት ወይ ዓለማውነት የእቱ (2 ጴጥ 2:15 , 19; ይሁ 1:4)።



# ምህሮ ኢዛቤል

ኢዛቤል ማለት ንጹህ፡ እዱብ፡ ድንግል ንዝብሉ ቃላት ዘጠቓለለ ስም እዩ። ኣዚ ግን ብኣንጻር ባህርን ተልእኾን ብምዃኑ፣ ብዙሕ ግዜ ናይ ኢዛቤል መንፈስ ክበሃል ሰሚዕና ኣሎና። እዚ ናይ ኢዛቤል መንፈስ ምስ ዝሙት፡ ናይ ሓሶት ትምህርቲን ካልእን ተተሓሒዙ ይጥቀስ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና “ናይ ኢዛቤል መንፈስ” ዝብል ቃል ወይ ሓረግ ኣይንረክብን ኢና። ብዛዕባ ኢዛቤል እታ ሰብ ግን ብዙሕ ተጻሒፉ ንረኽቦ።

ታሪኽ ናይ ኢዛቤል ኣብ 1ይ ን 2ይ ነገስት ንረኽቦ። ኢዛቤል ጓሉ ን ናይ ሲዶን ንጉስ ኢትባዕል እያ ነይራ። ትርጉም ስም ኢትበዓል ክንሪኦ ከሎና፣ “ንበዓል ዝተወፈየ” ማለት እዩ። ካህን በዓል ውን እዩ። ኣክኣብ ንጉስ እስራኤል ንኢዛቤል ምስ ተመርዓዋ፣ ንደቂ እስራኤል ናብ ኣምልኾ “ብዓል” ዝተባህለ ጣኦት መርሖም (1 ነገ 16፡31)።

ካብዚ ቀጺልና ንባህርያትን መንነትን ኢዛቤል ዝገልጹልና ሰለስተ ኣብነታት ክንርኢ ኢና። እቲ ቀዳማይ ንኻልኦት ንምዕብላልን ንምቁጽጻርን ዘለዋ ክቱር ድሌታ ኮይኑ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዝንጸባርቕ እዩ። ስለዚ ድማ እያ ልክዕ ኣብ እስራኤል ምስ ነገሰት ነቲ ምስ ኣምልኾኣ ዘይሳነ ናይ እግዚኣብሄር ኣምልኾ ከተጥፍእ ዘመተ ጀሚራ።
ከም ውጽኢቱ ድማ ሞት ናይ ኩሎም ነብያት ኣዊጃ፡ ንመሰውኢታቶም ድማ ብናይ ብዓል መሰውኢ ተኪኣቶ (1 ነገ 18፡4,13 ፣ 2ነገ9፡7)።

ኣብቲ እዋን ቀንዲ ጸላኢኣ ዝነበረ ነብዩ ኤልያስ እዩ። ንሱ ንኹሎም ነብያት ብዓል ጸዊዑ፡ “እቲ ብሓዊ ምላሽ ዝህብ ከኣ፣ ንሱ ኣምላኽ ይኹን።” በሎም (1ነገ18፡24)። ሽዑ እቲ ሓቀኛ ኣምላኽ እግዚኣብሄር ምዃኑ ተገለጸ (1ነገ18፡ 38-39)።

እቲ ዝገርም ድሕርዚ ውን ኢዛቤል ካብ ናይ ስሕተት መገዳ ክትንሳሕ ኣይንሪኣን ኢና። እኳ ድኣ ንኢልያስ ሂወቱ ከተጥፍኣ ምዃና ፈከረትሉ። ንሓይልን ክእለትን እግዚኣብሄር ኣናርኣየት ዝሃበቶ ነቓጽ ዝኾነ ምላሻ ድማ መወዳእትኡ ሕሱም ዘኾነ ዕጫ (ናይ ዓሌት ምሉእ ጥፉኣት) ኣምጺኡላ (2ነገ 9:29-37)።

እቲ ካልኣይ ባህርያት ናይ ኢዛቤል ድማ፣ ናይ ካልኦት ንብረት (ነገር) ንምግባት ትገብሮ ዓመጽ ዘርኢ ኮይኑ ኣብ ናይ ናቦት ታሪኽ ዝተቐልዐ እዩ። ንጉስ ኣክኣብ ነቲ ኣብ ጥቓ ገዝኡ ዘሎ ኣትኽልቲ ወይኑ ወይ ብለውጢ መሬት ወይ ብገንዘብ ክህቦ ንናቦት ምስ ሓተቶ፣ ናቦት ግን ከምቲ ሕጊ እግዚኣብሄር ዝብሎ ዘሌ (25:23)፡ “እቲ ርስቲ ኣቦታተይ ክህበካስ እግዚኣብሄር ካባይ የርሕቆ።” ኢሉ ስለ ዝኣበዮ፣ ኣክኣብ ጉህዩን ተቐጢዑን ናብ ገዝኡ ከም ዝኣተወ ነንበብ።

እዚ ዝራኣየት ኢዛቤል ድሌቱ ክገብረሉ ዘኽእል ስልጣን ከም ዘለዎ ኣዘኻኪራ፣ ተንሲኡ እንጌራ ክበልዕን ክሕጎስን ከም ዝተዛረበቶ፣ ቀጺላ ድማ፡ “ኣታ ኽልቲ ወይኒ ናቦት ይዝርኤላዊ ኣነ ክህበካ እየ።” ኢላ፣ ንናቦት ብናይ ብልያል ሰባት ናይ ሓሶት ምስክርነት፣ ምስ ደቁ ብዳርባ እምኒ ኣቕቲላ (2ነገ 9:26)፣ ነቲ መሬቱ ክወርሶ ንኣክኣብ ከም ዝለኣኸቶ ኣብ 1 ነገ 21:3 ተተሪኹ ኣሎ።

ንናቦት ምስ ደቁ ብዳርባ እምኒ ከም ዝቐተሉ ብምግባራ፣ ነቲ መሬት ወለሓደ ናይ ቀረባ ወራሲ ከም ዘይህልዎ ስለ ዝኾነ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ እቲ መሬት ንንጉስ ኮነ። እዚ እቲ ኻልኣይ ገጽ ናይ ኢዛቤል እዩ። ንሱ ድማ ጭካነን ንርእሰኻ ጥራይ ይጥዓመኒ ምባል እዩ።

እቲ ሳልሳይ ገጽ ናይ ኤዛቤል መንፈስ ድማ፣ እግዚኣብሄር ዝሰርዖ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ስርዓት ብምግምጣል፣ ሰበይቲ ካብ ቦትኣ ወጺኣ ርእሲ ሰብኣይ ክትከውን ዝሓብል ስዉር መንፈስ እዩ።

ኣብ ታሪኽ ናይ ኣክኣብን ኢዛቤልን እንተድኣ ኣንቢብና፣ ኢዛቤል ደስ ዝበላ ትገብር፣ ንሰብኣያ ትመልኽን ትድርኽን ሰብ (ሰብኣይ) እምበር ብናይ ሰብኣያ መምርሒ ዘይትኸይድ ሰበይቲ እያ ነይራ።

ኣክኣብ ኣብ ኣእዳዋ ልክዕ ከም ኣሻንጉሊት ከምዝነበረ እዩ ዝግለጽ። እዚ ውልቃዊ ታሪኻ ንደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ እግዚኣብሄር ዝሃበን ቦታ ወጺኤን ነቲ ናይ ሰብኣይ ማዕርግ ዕልዋ ክገብራ ዝምህር እዩ።

ኢዛቤል ብዝሙትን ብኣምልኾ ጣኦትን ኣዝያ ዝረኸሰት ብምንባራ፣ የሱስ ባዕሉ ንናይ ትያትራ ቤተክርስትያን ክነቅፍ ከሎ ጠቒስዋ ኣሎ (ራእ 2:18-29)። ኣብዚ ዝጠቕሳ ዘሎ ንሓንቲ ነቲ ቤተክርስትያን ንዝሙትን ኣምልኾ ጣኦትን ዝደፋፍኣት ሰበይቲ ንምውካል እዩ።

እዛ ሰበይቲ ልክዕ ከም ናይ ኢዛቤል ነቲ ዝተዋህባ ናይ ምንሳሕ ዕድል ከም ዝነጸገቶ ድማ ንርኢ። ከም ውጽኢቱ ድማ ጎይታ ናብ ናይ ሕማም ዓራት ደርብይዋ። እቶም ኩሎም ምስኣ ዝዘመዉ ዘበሉ ድማ ምስኣ ክቕጽዑ ከለዉ ንርኢ።

ንፍርዲ ኤዛቤልን ስዓብታን ዝምልከት፣ ካብዚ ኣብ ብሉይን ሓድሽን ኪዳናት ዘሎ ክልተ ተመሳሳሊ ፍጻሜታት ሓደ ነገር ኢና ንርዳእ፣ ኢዛቤልን ሰዓብታን ኩሉ ግዜ ሓደ ዕጫ እዩ ዘለዎም፣ ንሱ ድማ ሞት እዩ።







# ዕርክነት ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ይፍቀድ ‘ዶ፧ (1ይ ክፋል)

## ርእይቶታት ተወርወርቲ ፍላጻ

““ኣነ ሓዳር ዝገብረሉ ግዜ ክሳብ ዝኣክል፣ እሞ ኸኣ እታ ካብ ጎይታ ዝተውሃበትኒ ሓብቲ ክሳብ ዘለልያ፣ ዕርክነት ምስ ኣንጻር ጾታ ከይገብር ወሲነ እየ። ቀዳማይ መጽሓፍ ቁዱሳዊ ኣይኮነን። ካልኣይ ድማ ኣብ ክልቴና ተጻመድቲ ከቢድ ሃስያ ከኸትል ስለ ዝኽእል። እዚ ግዜ ናይ ምንታይ ከም ዝኾነ ከለሊ፣ ግዜ ዓዲገ ከም ለባም እምበር ከም ዓሻ ክመላለስ ከምዘይብለይ ተማሂረ እየ (ኤፌ5፡15-16)።” - ጆኒ



“ኣነ ነቶም ኣብነተይ ዝኽተሉ መንእሰያት በካይዳን ብንጽህናን ኣርኣያ ንምኧን ካብ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ዘይኮነ ዕርክነት ኣንጻር ጾታ ርሒቐ ኣሎኹ። “ነቶም ኣመንቲ ብቓል፡ በካይዳ፡ ብፍቕሪ፡ ብእምነት፡ ብንጽህና ውን ኣራኣያ ኩኖም እምበር፡ ነታ ንእስነትካ ሓደ እኳ ኣይንዓቃ” - 1 ጢሞ4፡12” - ጃኪ

“ኣነ ኣቡኡ ዘይሓፍረሉ ውሉድ ክኸውን እየ ዝመርጽ። ከም ኣምባሳደር ክርስቶስ መጠን ውን ካብ ዝተሓዋወሰ ህይወት ክፍለ እመርጽ። ጎበዝ ንመገዱ ብምንታይ የንጽሃ፧ ከም ቃልካ ንመገዱ ብምጥንቃቕ እዩ።” - መዝ119፡9

## ናይ ቤት ሓሞር ርክብት ናብ ቤተክርስትያን (ደቂ እስራኤል) ኣይነተኣታቱ

ዕርክነት ዝብል ቃል ካብ ዓለም ዝተወሰደ ቃል ኮይኑ፣ ኣብ ሞንጎ ሓደ ወድን ሓንቲ ጓልን ቅድሚ መርዓ ንዝግበር ከም ቃል ኣምላኽ ዘይኮነ ርክብ ዝውክል እዩ። መበገሲኡ ኣብ መርዓን ሓዳርን ዝበጽሕ ርክብ ንምፍጣር ዝብል ክኸውን ከሎ፣ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጻኢ፡ ግዚኡ ዘይሓለወ፡ እንተኾይኑ ግና ጉድኣት እምበር ጥቕሚ ዘይብሉ ነገር እዩ። እዚ ሓጢኣት መንፈሳውን ሞራላውን ውድቀታት ዘኸትል እዩ።



ንኣብነት ሎሚ ኣብ ዓለም ከይተመርዓኻ ምጥናስ፡ ብዘይ መርዓ (ቃል ኪዳን ከይኣሰርካ) ምትእኽካብ ንቡር እናኾነ ይኸይድ ኣሎ።

ነዚ ልማድ ኣብ ቤት ኣምላኽ ከተኣታትዎ ህርድግ ዝብል ሰይጣን ኣሎ። ቤት ኣምላኽ ግና ናታ ዝኾነ ስርዓትን ኣካይዳን ኣለዋ። ካብኡ ሓደ ድማ ቅድሚ መርዓ ንዝግበር ርክባት ዝምልከት ስርዓት እዩ። ሓደ ኣማኒ/ ሓንቲ ኣማኒት ንሓንቲ ሓብቲ / ንሓደ ሓዊ እንተ ፈትይዎ/ፈትያቶ ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎም። ምኽንያቱ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒ ምምስራት ንሓዳር ዝኸውን ዝምድናታት ኣማኒ ምስ ኣማኒ ስለ ዝብል፣ ካብ ሓፍቱ ሓሊፉ ንኻልእ ክሓትት ከኣ ስለ ዘይክእል።

ብድሕሪኡ እቶም ክልተ ኣካላት እንተ ተሰማምዑ፣ ነቲ ሓሳብ ናብ ቤተክርስትያን ከምርሕዎ ይግባእ። ቤተክርስትያን ውን ናይ ሕጸ ግዜ ክትህቦም እያ። እዚ ግዜ (ኣብ ጽምዋ ዘይብሉ ህዝባዊ ቦታታት) ብሓንሳብ ኮይኖም ሻሂ ዝሰትዩሉ፡ ብዝያዳ ካብ ካልእ ግዜ ንላዕሊ ዝቀራረቡሉን ዝወሃሃዱሉን፡ ብዛዕባ መጻኢኦም ድማ እሂን ምሂን ዝበሃሃሉሉ ግዜ እዩ። ብድሕሪኡ ናይ መርዓ ግዚኦም ሰሪዖም ይምርዓዉ።

ሎሚ ኣብ ቤት ኣምላኽ ዓለማዊ ዝኾነ ኣካይዳታት ይኣቱ ኣሎ። እንተኾነ ግን ቤት ኣምላኽ ድኣላ ንዓለም ክትጸሉ እምበር ቤት ኣምላኽ ብዓለም ክትጽሎ ኣይግባእን። ኣብ ዘፍ 34፡1-30 እንተድኣ ርኢና፣ ዲና ጓል ያቆብ ንኣዋልድ ሴኬም ክትርኢ ምስ ወጸት፣ ሴኬም ወሲዱ ምስ ኣነወራ (ኣርከሳ)፣ ናታ መጻኢ (destiny) ጸልሚቱ። ኣብ ቤት ኣቡኣ ጸበባ፡ ኣብ ኣሕዋታ ኸኣ መርገም ንኽመጽእ ምኽንያት እያ ኮይና።

ምኽንያቱ ኣብ ቤት ያቆብ (ደቂ እስራኤል) ኪዳን ዓቢ ትርጉም እዩ ዘለዎ። ማለት ናይ ኪዳን ነገር ካብ ኣብሓጉኦም ኣብርሃምን እግዚኣብሄርን ዘሎ ኪዳን ተማሂሮም እዮም። ንቤት ሓሞር ግን ቅድሚ ኪዳን ርክብ (ሓጢኣት) ምግባር ተራ ነገር እዩ። ምኽንያቱ ናይ ኪዳን ትርጉም ስለ ዘይርድኦም።

ስለዚ ናይ ዓለም ነገር ስሒቡካ ክትርኢ (ንእኡ ክትመስል) ካብ ቤት ኣቦኻ እንተ ወጺእካ ንኹሉ ሳዕቤኑ ምስኡ ክትቅበሎ ብግዲ እዩ። ዓለም ከምኡ እንተገበረት ናይ ኪዳን ትርጉም ስለ ዘይትርድኦ እዩ። ንሕና ግና ትርጉም ኪዳን ዝበርሃልና ህዝቢ ኢና።

ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ንመርዓ ክንሓትት እንተኽኢልና ግን

1-ኣእምሮኣዊ ብስለት

2-ኣካላዊ ብስለት

3-መንፈሳዊ ብስለት ክህልወካ ኣለዎ። እዚ ማለት ሓዳር ብኣእምሮ ተመሓድሮ ጉዳይ ስለ ዝኾነ እዩ።

ብሓፈሽኡ ሰብ ምስተወለደ ናይ ህጻንነት ግዜ፡ ናይ ቁልዕነት ግዜ፡ ናይ ትምህርቲ ግዜ፡ ናይ ስራሕ ግዜ፡ ናይ ሓዳር ግዜ ኣለዎ። ንኣብነት ነቲ ናይ ትምህርቲ ግዜ ንሓዳር ወይ ነቲ ናይ ሓዳር ግዜ ንትምህርቲ ክትጥቀመሉ ኣይግባኣን። እዚ እንተገይሩ እቲ ሰብ ኣብ ህይወቱ ዓቢ ክሳራ እዩ ዝኸስር። ስለዚ ምእንቲ ክጽብቐልና ንኹሉ ገግዚኡ ክንሕልወሉ፣ ኣብ ገግዚኡ ድማ ክንገብሮ ኣሎና (መክ3፡11)።

# ዓምዲ - ኣነቓቓሒት ስብከታት

"ሓጺን ንሓጺን ከም ዝስሕሎ፣ ከምኡ ኸኣ ሰብ ንብጻዩ ይስሕሎ።" ምሳ22:7

## መንፈሳዊ ስሕበት (Spritual Gravity)




"እታ ብክርስቶስ የሱስ እምነትኩምን ንኹሎም ቅዱሳን ዘላትኩም ፍቕርን ምስ ሰማዕና፡.... ስለቲ ኣብ ሰማያት ተኣርኒቡልኩም ዘሎ ተስፋ...." ብምባል ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብዘን ሰለስተ ጥቕስታት ሰለስተ ዓበይትን ኣገደስትን ቃላት ተጠቒሙ ኣሎ (ቆሎ1:3-5)። ንሳተን ከኣ እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ እየን።

ኩሉ ብየሱስ ኣሚኑ ዳግም ዝተወልደ ዘበለ ውሉድ፣ ክዓጥቀን ዝግብኦ ቃላት እየን። እዘን ቃላት ንሓድሕደን ተኣሳሲረን ኣብ ሂወት ሓደ ኣማኒ ዕዉት ሂወት፡ ኣገልግሎት፡ ናብራ.... ክመርሕ ዓቢ ተራ ዝጻወታ ቃላት እየን። እምብኣር ብዛዕባ ነፍስወከፍ እዘን ቃላት እስከ ክንርኢ፡-

1. እምነት፡- ሰብ ቆሎሴ ንሃዋርያ ጳውሎስ ዘሐጎሰ እምነት ከም ዘጥረዩ ካብዛ ጥቕሲ ንረዳእ። እምነት ካብ መጀመርያ ጉዕዞ ክሳብ መወዳእታ ጉዕዞ 'ያ ትሰርሕ። የሱስ ክንቅበል ብእምነት፡ ጎይታ ምሳና ከም ዘሎ ክንርዳእ ብእምነት፡ ኩሉ ከምዝገብር ነስተውሎ ብእምነት እዩ (እብ11:3,6)።

ሓደ ኣማኒ ከገልግል እንተኾይኑ ውን ብእምነት እዩ ዘገልግል። መንፈስ ቅዱስ ዝሃቦ ሓሳባት ብእምነት ተቐቢሉ እዩ ዘገልግል እምበር ብዓቕሙ ኣይኮነን። ሓደ ኣገልጋሊ ብእምነት ተቐቢሉ ምግልጋል እንተዘይ ጀሚሩ ኣይዓብን'ዩ።

2. ፍቕሪ፡- ሰብ ቆሎሴ ንኹሉ ብማዕረ ዘፍቅር (ዝቕበል) ሂወት'ዩ ነይርዎም። ንሃብታም ንድኻ፡ ንፍሉጥ ንዘይፍሉጥ፡ ብቕብኣት ንዝተገለጸ ንዘይተገለጸ.... ብማዕረ ምቕባልን ምኽባርን ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ ብማዕረ ብምክብባርን ብምቕብባልን እያ ትፍጻም።

ፍቕሪ ኣብ ንሓድሕድና ከመይ ኣላ፤ ብትኽክል ንኹሉ ሰብ ብማዕረ 'ዶ ፍቕርና ንገልጽ ኣሎና፤ ንሃብታም (ብጸጋ ዝተገለጸ) ምስ መጸና በብሉጹ መግቢ 'ዶ ንቕርበሉ፤ ጽቡቕ ተቓውሞ የለን። ግናኸ ድኻ (ብጸጋ ዘይተገለጸ) ሓው ምስ መጸና ከምቲ ነቲ ሃብታም ዝገበርናሉ በብሉጹ መግቢ 'ዶ ንቕርበሉ፤ ወይስ በርበረ ብማይ በጽቢጽና ኢና ንቕርበሉ፤

ንዘለዎ ጥራይ ፍሉይ ክብሪ ምሃብ ናይ ዓለም ፍቕሪ እዩ። ዓለም ንዘለዎ ተኽብሮ ንዘይብሉ ኸኣ ተሕስሮ እያ። ኣብ ቤት ኣምላኽ ዓለማዊ ፍቕሪ ዓዚዙ ኣብ ዘሎ ግዜ ኢና ዘለና። ካብ ከምዚ ዓይነት ፍቕሪ እንተወጻና ንርእስና እዩ ዝሕሸና። ካብዚ ከምዚ ዝበለ ፍቕሪ ምውጻእ ማለት ካብ ዓለም ወጺእካ ናብታ ኣምላኻዊት ፍቕሪ ምእታው ማለት እዩ።

ከመይሲ እታ ኣምላኻዊት ፍቕሪ ለዋህ እያ። ኣይትቕንእን፡ ኣይትጅሃርን፡ ኣይትንፉሕን፡ ኣይትቕየምን፡ ብዓመጽ ባህ ኣይብላን...." እዩ (1ቆሮ13:4-5)። ኣብዛ ፍቕሪ ጭካነ፡ ትዕቢት፡ ቅንኢ፡ ቂም፣ ዓመጽ.... የለን። ካብዚ ሕማቕ ባህሪ ሓንቲ ለቢሱ ዝመላለስ ኣገልጋሊ ይኹን ካልእ እንተሎ፣ ኣብ ሓደጋ እዩ ዝነብር ዘሎ። እዚ ንህዝቢ ኣምላኽ ስሕበት (Gravity) እዩ።

እምነ ንላዕሊ ተደርቢናያ ብናይ ስሕበት ሓይሊ ናብ ምድሪ ትምለስ እያ። ህዝቢ ኣምላኽ ውን ኣብ ፍቕሪ ይነብር እንተዘየለ፣ ኣብ ልቡ ስሕበት ሒዙ እዩ ዝመላለስ። ቅብኣት ክሳዕ ዝተገልጸ ይገለጽ፡ ስሕበት እንተሎ ናይ ህይወት ክሳራ እዩ።

መንፈሳዊ ስሕበት ክጠፍእ ዘለዎ ሕማም እዩ። "ሓውና'ዩ" እናበልካ፣ ዝግብኦ ውዕለት ምድንጓይ ወይ ምኽላእ፡ ወይ ካብ ዝግብኦ ንላዕሊ ጽዕነት ምውሳኽ፡ ወይ ውን ገንዘቡ በሊዕካ ምጥፋእ.... እዚ ኹሉ ዓመጽ'ዩ። መንፈሳዊ ስሕበት። ስለዚ መጻኢና ክጽብቕ ሓቢርና ናብ ፍቕሪ ኣምላኽ ንመለስ።

3. ተስፋ፡- ኣብ ቆሎ1:5 ክልተ ተስፋ ከምዘሎ'ዩ ዝግለጽ። እቲ ሓደ ገና ብሕጂ ክንረኽቦ ንጽበዮ ዘለና፣ እቲ ሓደ ኸኣ ክርስቶስ ባዕሉ እዩ ("…. ክርስቶስ ኣባኻትኩም ተስፋ ኽብሪ እዩ።" ይብል 1ቆሮ1:2)።

ክንረኽቦ ተስፋ ንገብረሉ ብዙሕ ተስፋታት ኣሎ። ገለ ካብኡ ምድሓን ናይ ስድራና፡ ህዝብና፡ ምድርና፡ ብውልቂ ብቕብኣት ምትንሳእ፡ በረኸት ኣብርሃም፡ መርዓ፡ ምስ ጎይታ ምንባር.... ኮታስ ብዙሕ ተስፋታት ኣሎ። ካብዞም ኩሎም ተስፋታት ግን እቲ ዝዓበየ ተስፋ ክርስቶስ ክመጽእ እሞ ክወስደና፣ ምስኡ ውን ንሓዋሩ ክንነብር እዩ (1ተሰ4:17)።

ብሩኻት እዚ ዘለናዮ ዘመን ናይ መወዳእታ ዘመን እዩ። ጎይታ መጺኡ ንህዝቡ ዝእክበሉ ግዜ ኣኺሉ'ዩ። ጎይታ (ብቕብኣት፡ ብሓይሊ፡ ብጸጋ፡ ብቓል....) ንዘገልግሉ ዘይኮነስ ንዝተዳለዉ ክወስድ እዩ ዝመጽእ።

ምድላው ማለት ምግልጋል፡ ምንባብ፡ ምጽላይ፡ ምሃብ፡.... ዘይኮነስ፣ ልብኻ ብፍቕሪ ኣምላኽ መሊእካ፣ ካብ ስሕበት (Gravity) ቂም፡ ጽልኢ፡ ዓመጽ፡ ትዕቢት፡.... ንልብኻ ምሕላው እዩ።

ኣብ ልብና መንፈሳዊ ስሕበት (Gravity) ከም ዘለና እንተ ተረዲኡና፣ ቀልጢፍና ክንኣልዮ ይግብኣና። ከምዚ'ዩ ምድላው ማለት! እምኒ ብናይ ስሕበት ሓይሊ ናብ ምድሪ ከም ዝምለስ፣ ከምኡ ውን የሱስ ክመጽእ ከሎ መንፈሳዊ ስሕበት ኣብ ልብና እንተጸኒሑ፣ ዝኾንና ንኹን ካብ ምንጣቕ ክንተርፍ ኢና።

እዚ መንፈሳዊ ስሕበት (ቂም፡ ጽልኢ፡ ዓመጽ፡ ትዕቢት፡ ፍትወት ስጋ....)፣ ከይንንጠቕን ንሓዋሩ ምስ ጎይታ ከይንነብር ዝዕንቅጽ ክብደት ዝፈጥር ከልካሊ ሓይሊ እዩ እሞ፣ ኣብ ጸጽባሕ ካብዚ እናተሓጸብና ክንነብር ይግብኣና።

እምበኣር ነቲ ዝዓበየ ተስፋ (ምስ ጎይታ ምንባር) ክንወርስ እንተ ኮይንና፣ ኣብ እምነትን ብእምነትን እናተመላለስና፡ ምስ ኩሉ ሰብ ብዘይ ምፍልላይ ብፍቕሪ ክንነብር ይግብኣና።

ፍቓደኛታት ምስ እንኸውን መንፈስ ቅዱስ ካብ መንፈሳዊ ስሕበት (Gravity) ከውጻኣናን ክጽርየናን ኩሉ ሳዕ ምሳና ኣሎ።

ስለዚ ካብ ፍቕሪ ወዲቕና ከይንርከብ ንርእስና ብምፍታሽ፣ ናብ መንፈስ ቅዱስን ቃሉን ብምቕራብ ካብ መንፈሳዊ ስሕበት (Gravity) ንገላገል። ኩሉ ግዜ ዝተዳለና ንኹን!!! የሱስ ይመጽእ ኣሎ!!! ኣሜን!!!



# ኩርናዕ ምኽርን ማዕዳን

## ነቲ ሰማያዊ ጸውዒትካ ተላበሶ

ኣብዛ ኣንነብረላ ዘለና ዓለም፣ ሰባት ነቲ ድኩን ውሽታዊ መለለይኦም ካብ ምኺን፣ ቅዱ ናይ ካልእ ምቕዳሕ ዘዘውትሩ፣ ርእሶም ምምሳል ግና ዝረስዑ እናኾኑ ናብርኦም ይመርሑ ብምህላዎም፣ ብቕዓቶም ከየበርከቱ ክሓልፉ ድማ ግዲ ይኾኖም። እዚ ተዋስኦ ንተዋስኣይ ኣብ ደሙ ዘየለ ዘተግብር ብኽልተ መሓውሩ ዘይረግጽ ተንሳፋፋይ ይገብሮ። ልዑል እግዚኣብሄር ኣምላኽና፣ ነታ ኣብ ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤቱ ዘልምዖም ደቁ፣ ናይ ሓቂ ምስሊ ክላበሱ ሂብዎም ኣሎ።

ኣብ ዝተሃንጸ ርሻን፣ ብዓል ቤት ዝጥቀመሎም ቁሳቑስ ብዙሓት እኳ እንተኾኑ፣ ንገለ ካባኣቶም ኣብ ከብሒ፣ ንገለ ካባቶም ኣብ ጊድጊዳ ይሰቕሎም። ነቶም ዝተረፉ ኸኣ ኣብ ሓመድ ምድሪ-ቤት የንብሮም። ይኹን እምበር እቲ ዝተዋህቦም ስፍራ ኣይምጥኖምን፣ ብልክዖም ዝቐርብዎ ዕማም ግና ንኡዳት ይገብሮም። ሎሚ ብደም የሱስ ኣብ ዝተጠርየት ማሕበር ኣምላኽ፣ ተደፋዲፉ ዘሎ ሕብረ ብዙሕ ጸጋ፣ መኣዝኡ ከይኸድን፣ ሓደ ካብቲ ዝድርታ ዘሎ፣ ኣብ ውሽጢ ኩልና ቅዱሳን ዝተነብረ ንወለዶታት ዝተርፍ ናይ እግዚኣብሄር ነገር ክንብርብሮ ዘይምኽኣልና እዩ።

ኩሉ ዘዝተወለደ ነብዩ ክኸውን ዝውርወር ንምንታይ እዩ፧ ምናልባሽ ዝብልዓሉ ስም ወይ ማዕርግ (title) ነብያት እዩ ተባሂሉ'ዶ ይኸውን፧ ወይስ ብጣቕዒትን ህቡብነትን ዚተዓጀበ ንተዓዛባይ ዘስተንክር ዕዮ ድዩ ንኣልባብ ዚጨውዮ ዘሎ፧ በዚ ኮይኑ በቲ ካብ ሓዲድካ ተፈንጪሕካ ናይ ገዛእ ርእስኻ ብሉጽነት ምሕራጅ'ዩ። ኣብዚ እዋን መድረኻት ብነብያትን ሃዋርያትን እናተዓብለለ ምስ ምምጽኡ፣ ብርቕነትካ ደቢኻ ካልእ ከተጨብጭብ ምድንዳን ጣቋ የብሉን። ሰብ ካብ ላዕሊ እንተዘይ ተዋህቦ ካብ ርእሱ ዋላሓንቲ ከምጽእ ኣይክኣሎን እዩ።

ስለዚ ነቲ ዝተጠጅአ ተውህቦኻ ብዘይጨበጥካዮ ግኑንነት ኣይትለክዓዮ። "ውሃ!" እኳ እንተዘይተባህለልካ፣ ንኡስሲ ኣይኮንካን። ሳንቲም ነቶም ገንዘብ ዝፈትዉ ካህናት (ሰባት) ጥራይ እያ ቁንጣሮ። እቲ ርትዓዊ መምዘኒ ግና ኣብ እግዚኣብሄር ኣሎ።

ኣብ ሕልፍኚ ቤንካ ኣብ ስቱር ምጽላይ ልብኻ ዝተታሕዘ፣ ውሉድ ኣምላኽ፣ ወሎዶኻ ፍርስራሱ ክንደቕ እጃምካ ገዚፍ እዩ እሞ ንግዳም ኣይትናፍቆ። ኣታ ነቲ ቃል እምነት ብቕንዕና እተማቕል መጋቢ፣ ካብ ሪቕካ ከርሶም ዓንጊሎም ሓለፉኻ እንተኸበዱ ኣይትጃጁ። ኣብ ከተማኻ ንኻልኦት ዝጋዋሕ ናይ ኣግርሞት ድምጺ መስፈሪካ ኣይኮነን። ብክርስቶስ ዝተሾምካሉ ሽመት ግዳ ፍለዮ።

ዘይኮረሻኻ ኣይተማሙቕ። ዋሕዚ ናይቶም ሽግራቶም ዝተፈትሓሎም ኣእጋር ተዓዚብካ ልዳት ቤትካ ኣይቑረርካ። ኮኾብ ካብ ኮኾብ ሰማይ ዚፍለየሉ ግዜ ምስ ኣኸለ፣ ምልስ ኢልካ፣ ምድሪ ዚተጠቕመትሎም ስርዓታት መለክዒ ክብሪ ምስ ረኣኻ፣ ቁምነገር ህቡብነት ክትስእኖ ኢኻ።

ሕጂ ግና፣ ኣብ ዝተተኸልካሉ ስፍራ ኣጉላዕልዕ። ኣእላፍ ዘጽልል ዓርሞሸሽ ሳግላ እኳ እንተዘይኮንካ፣ እንተ ብብዙሕ እንተ ብሒደት ግና ህላውነትካ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ዝኾንካዮ ጽናዕ። ዘመንካ ይለምልም። ንሕና ግና እቲ ብኣምላኽ እተዋህበና ምእንቲ ክንፈልጥሲ፣ ነቲ ካብ ኣምላኽ ዚኸውን መንፈስ እምበር፣ መንፈስ ዓለም ኣይተቐበልናን (1ቆሮ2:12)።



# ኩርናዕ መንፈሳዊ ሕጹጣ

## ሓይሊ ኣሎ ኣብ ደሙ

{ (ደሙ'ሎ ኣብ ልዳተይ - መን ይደፍሮ ንቤተይ) 2×
(ደሙ'ሎ ኣብ ልዳተይ - መን ይደፍሮ ነዚ ቤተይ) 2×) } 2×
ካብ ጸላእተይ ዘውዕለኒ - ብግልግሊኡ ኣጎልቢቡ
ኣብታ ጽንዕቲ ከተማ ኣርእዩ'ኒ - ዘደንቕ ሳህሉን ኩሉ ምሕረቱን

{ኣይትንከፍ ኣይትንከፍን'ዩ ብእኡ ዝተቐጽረ
ኣይቅረብ ኣይቅረብን'ዩ ኣብኡ እተሰወረ} 2×

ሰዊሩኒ መሰወርያ ገጹ - ኣጎልቢቡኒ ብግልግሊኡ
ሸፊኑኒ በቲ ኽቡር ደሙ - ቀጺሩኒ ብቀጽሪ ሓው
{ቤተይ ኣይቀርቦን እዩ እቲ ናይ ሞት መንፈስ
ሓይሊ ኣሎ ኣብ ደም የሱስ
ሓይሊ ኣሎ ኣብ ደም የሱስ
ሓይሊ ኣሎ ኣብ ደም የሱስ
ሓይሊ ኣሎ ኣብ ደም የሱስ} 2×

{(ደሙ'ሎ ኣብ ልዳተይ - መን ይደፍሮ ንቤተይ) 2×
(ደሙ'ሎ ኣብ ልዳተይ - መን ይደፍሮ ነዚ ቤተይ) 2×) } 2×

እግሪ ብዙሓት ነኺሱ ዝቐተለ - ብዘለዎ ሓይሊ ተወርወረ
ኣብ ካልኦት እንተሰለጦ - መሲልዎ ኣባይ ዝሰልጦ
{ኣይክእልን ኣይክእልን'ዩ ቤት መቕደስ'የ'ሞ
ኣይሰልጦን ኣይሰልጦን'ዩ ቀጽሪ ሓዊ ኣሎ} 2×

ክርስቶስ ኣባይ ብርቱዕ እዩ
መርዚ እቲ ተመን ኣባይ ኣይሰርሕን እዩ
ክርስቶስ ኣባይ ብርቱዕ እዩ
መርዚ እቲ ተመን ኣባይ ኣይሰርሕን እዩ

ኣባይ ኣይሰርሕን እዩ ናይቲ ተመን መርዚ
{ጸግ ከብሎ እየ ናብቲ ሓዊ} 4×
ኣባይ ኣይሰርሕን እዩ ናይቲ ተመን መርዚ
{ጸግ ከብሎ እየ ናብቲ ሓዊ} 4×
ኣባይ ኣይሰርሕን እዩ ናይቲ ተመን መርዚ
{ጸግ ከብሎ እየ ናብቲ ሓዊ} 4×
ኣባይ ኣይሰርሕን እዩ ናይቲ ተመን መርዚ
{ጸግ ከብሎ እየ ናብቲ ሓዊ} 4×

(ደሙ'ሎ ኣብ ልዳተይ
መን ይደፍሮ ንቤተይ) 2×
(ደሙ'ሎ ኣብ ልዳተይ
መን ይደፍሮ ነዚ ቤተይ) 2×) } 2×
መን ይደፍሮ ነዚ ቤተይ - ደሙ'ሎ ኣብ ልዳተይ
መን ይደፍሮ ነዚ ቤተይ - ደሙ'ሎ ኣብ ልዳተይ
መን ይደፍሮ ነዚ ቤተይ - ደሙ'ሎ ኣብ ልዳተይ
መን ይደፍሮ ነዚ ቤተይ - ደሙ'ሎ ኣብ ልዳተይ

ብዘማራይን ፓስተርን ዮናታንን ዘማሪት ሶሱናን
(Volume 6 - ንቃልካ ተጊህካሉ)

# ኩርናዕ - ጥቕሲ

## እግዚኣብሄር፣ ናትካ ሰናይ ዝደሊ ሰናይ ኣምላኽ ኢዩ !

"እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ እሞ፡ ጸጋኡ ንዘለኣለም፡ እምነቱ ኸኣ ንወለዶ ወለዶ ይነብር።" መዝ 100፡5

መጽሓፍ ቅዱስ፣ ኣምላኽ ሰናይ ምዃኑ ኢዩ ዝነግረና። ንሱ ሰናይ ዝኾነ ኣምላኽ ኢዩ ኣይኮነን ዝብለና ዘሎ። ንሱ ሰናይ ኢዩ ማለት፣ ንሱ በዓል ሰናይ መንነት ኢዩ፣ ሰናይነት ናቱ ባህሪኡ ኢዩ ማለት እዩ።

ኣብ ግብ 10፡38 ብዛዕባ የሱስ በዓል ናዝሬት፡ "…ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓይልን ከም ዝቐብኦ፣ ኣምላኽ ምስኡ ስለ ዝኾነ እናዞረ ጽቡቕ ከም ዝገበረ፣ ነቶም ሰይጣን ዝሰዓሮም ኩሎም ከኣ ከም ዘሕወየ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም።" ኢዩ ዝብል።
የሱስ ነቶም ኣብ ትሕቲ ዲያቢሎስ ተኣሲሮም ዝነበሩ ኩሎም ሰናይ ነገር ጌይሩሎምን ፈዊስዎምን። እዚ ዝገበረ ምኽንያት እቲ ሰናይ ዝኾነ ኣምላኽ፡ ናይ ኩሉ ሰብውን ሰናይ ዝምነ ኣምላኽ ምስኡ ስለዝነበረ ኢዩ።

ኣምላኽ ንደቁ ሰናይ ነገር ምግባር የሐጉሶ ኢዩ። "ኩሉ ጽቡቕ ውህበትን ምሉእ ውህበትን ካብ ላዕሊ ኢዩ። ካብቲ ለውጢ ወይስ ምምልላስ ጽላሎት ዘይብሉ ኣቦ ብርሃናት ኢዩ ዚወርድ።" ይብል ቃል ኣምላኽ (ያዕ 1፡17)። ከምኡ ውን ኣብ ኤር 29፡11 "'ኣነ ዝሓስበልኩም ዘሎኹ ሓሳብ እፈልጦ እየ፣ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ፣ ሓሳብ ደሓን እምበር ናይ ክፉእ ኣይኮነን።' ይብል እግዚኣብሄር።" ኢዩ ዝብል።

"ሰናይ" ዝብል ቃል፣ ኣብቲ መበቆሉ ዝኾነ ናይ እብራይስጥ ቋንቋ "ሻሎም" ኢዩ ዝብል። እዚ ኸኣ ፍጹም ሰላም፡ ምሉእነት፡ ጽቡቕ ምህላው፡ ብልጽግና፡ ውሕስነት፡ ዕረፍቲ.... ንዘኣመሰሉ ነገራት የጠቃልል።

ስለዚ ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ናትካ ሰናይ ኢዩ ዝደሊ። ናትካ ምሉእነት፡ ናትካ ጽቡቕ ምህላው፡ ናትካ ጥዑይን ብልጹግን ምዃን.... ብጣዕሚ ኢዩ ባህ ዝብሎ።
እዚ ኢዩ እቲ ንስኻ ተገልገሎ ዘለኻ። ኣምላኽ ሊሎ ኣይኮነን፡ ካብ ላዕሊ ኮይኑ ጥራይ ንታሕቲ እናጠመተ፡ "ስለ ዝሓጣእካ ክትነድድ ኣለካ" ዝብል ኣይኮነን። ብንጻሩ ደኣ ንዓኻ ሰናይ መታን ኪገብር ኢሉ እዩ ካብ ላዕሊ ይጥምተካ። "ሓጎሰይሲ ሰናይ ክገብረሎም እዩ።…." ዝበለ፣ ንዓኻ ጽቡቕ ብዝገበሮ መጠን ስለ ዝሕጎስ እዩ (ኤር 32፡41)።
ኣብ 2ዜና16፡9 ዘሎ፡ "ነቶም ፈጺሙ ልቦም ናብኡ ዚጽጋዕ ምእንቲ ኺጽንዖምሲ፣ ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ናብ ብዘላ ምድሪ እየን ዝዙራ።" ዝብል ቃል፣ ኣምላኽና ዘፍቅር ሰማያዊ ኣቦ ከም ዝኾነ ዝገልጽ ኢዩ። ነቲ ንሱ ዘዳለወልካ ሰናይ ነገር ከይወሰድካዮ ከይትተርፍ ዝግደስ ኢዩ።
እዚ የሱስ ኣብ ሉቃ 6፡30 "ንዝለመነካ ዘበለ ሃብ፡ ገንዘብካ ኻብ ዝወሰደውን መሊስካ ኣይትድለ።" ዝብሎ ዘሎ ኣስተውዕል። የሱስ ናብ ኩሉ ሰብ ዝቐንዔ፡ ናይ ኣቦ ለውሃትን ድንጋጸን ናብ ከምኡ ዝበለ ባህሪ ክንዓቢ ኢዩ ዝምዕደና ዘሎ።

ሕጂ ኣምላኽ ብቃሉ ጌይሩ ኢዩ ዝእዝዘና ዘሎ። ስለዚ ንኹሉ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ እንኮላይ ንዝጸልኡኻ (ከምቲ ናትካ ሰናይ ኪገብር ዘይክእልውን እንተኾነ፣ ኣምላኽ ንዓኻ ሰናይ ክትገብር ይጽበየካ ኣሎ። ነዚ ነገር ኩሉ መዓልቲ ንገዛእ ርእስኻ ኣዘኻኽሮ። ጸላኢ ኣንጻርካ ውዲት እንተፈሓሰውን ኣምላኽ ንሰናይካ ክልውጦ ኢዩ። ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰናይነት ንክትርእይ ንሱ ኩሉ ግዜ ቁሩብ ኢዩ።

# ኩርናዕ ሒደት ብዛዕባ

## ትዕግስቲ

"ትዕግስቲ ኣምላኽ መወዳድርቲ የብላን።" - 1ይጴጥ3፡20
"ፈራዲ ብትዕግስቲ ይቕለስ።"-ምሳ25፡15፤
"ትዕግስቲ ልበሲ ቅዱሳን እያ።"- ቆሎ3 ፡12
"መንፈስ ገዛኢ ኣብ ልዕሌኻ እንተ ተላዕለ ትዕግስቲ ንዓብዩ ኣበሳ ተህድእ" -መክ10፡4
"ትዕግስቲ ፍረ ትፈሪ" -ሉቃ8፡15
"ትዕግስቲ ኣብ ጸበባ ትጥረ" - ሮሜ5፡3
"ብትዕግስቲ ጽንዓት ብጽንዓት ከኣ ተስፋ ይርከብ"-ሮሜ5፡4
"ንተስፋና ብትዕግስቲ ኢና ንጽበዮ።"- ሮሜ8፡25

## ትዕግስቲ

"ጐይታ ንልብና ናብ ፍቕሪ ኣምላኽን ናብ ትዕግስቲ ክርስቶስን የቕንዮ።"-2ይተሰ3፡5፤
"ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ካብ ፍቕሪ ገንዘብ ሃዲሙ ንትዕግስቲ ይስዐብ።" - 1 ጢሞ 6፡11
"ብትዕግስቲዝተጸበየእዩ ነታ ተስፋ ዝረኸባ።"- እብ6፡15
"ትዕግስቲ ዘለዎ ስለ ስም የሱስ ተጻዊሩ ኣይስልከን።" - ራኢ2፡3
"እቶም ዝዐገሱ ብጹኣን እዮም፡:"- ያዕ5፡11

## ትዕግስቲ

"ነቲ ትዕግስቲ ጐይታና ንምድሓንና ኢና እንቖጽሮ" - 2 ይ ጴጥ3፡15
"ፍቓድ ኣምላኽ እናገበርና ነታ ተስፋ ኽንረኽባ ትዕግስቲ የድልየና" - እብ10፡36
"በቲ ኣብ ቅድሜና ተሐንጺጹልና ዘሎ መቐዳደሚ ብትዕግስቲ ኢና እንጎዩ።" - እብ12፡1
"እቲ ምፍታን እምነትና ትዕግስቲ ይገብር" - ያእ1፡3

## ትዕግስቲ

ካብ እግዚኣብሄር ብእምነት ናይ ጸሎትና መልሲ ኣብ እንጽበየሉ ግዜ ካብ ሰይጣን ዝመጽእ ጸቕጢ ኣሎ። ዕላማ እዚ ጸቕጢ እዚ ድማ ምእንቲ ተመሪርና ተስፋ ክንቖርጽ እዩ። እምበኣርስ ድሕሪ ናይ እምነት ጸሎት ምጽላይና፣ መልሲ ጸሎትና ክሳብ ኣብ ሂወትና ዝግሃድ ትዕግስቲ የድልየና እዩ (ማር11፡24)። ትዕግስቲ እምነትና ኺይደኽመ ሕቶና ክሳዕ ዝምለስ ሃዲእና ክንጽንሕ ተኽእለና ጸጋ ኣምላኽ እያ።

ትዕግስቲ ሰናይ ባህሪ ጥራይ ኣይኮነትን። ትዕግስቲ ፍረ መንፈስ እያ (ገላ5፡22-23)። እግዚኣብሄር ኣዝዩ ዕጉስ እዩ። ንሕና ድማ ውሉዱ ስለዝኾንና ተማቕልቲ እዚ ባህሪ ኢና። እዚ ጎይታ የሱስ ኣብ መንፈስና ዘቐመጦ ትዕግስቲ ክሰርሕ እንተኾይኑ ግን፣ ልብና ብትዕግስቲ ክመላለስ ፍቓደኛ ምስ ዝኸውን ጥራይ እዩ (ያዕ1፡4)። ምዕጋስ ንጽልእ እንተኾይንና ትዕግስቲ ልዕሊ ማንም ዘድልየና ንሕና ኢና።
እምነትና ክፍተን ከሎ ብልብና ትዕግስቲ እንተመረጽና ክንሕጎስ ይግበኣና እዩ። ምኽንያቱ ፍጽም ትዕግስቲ እንተተዓጊስና ጎይታ ጎደሎና ክመልእ ስለዝኾነ (ያዕ1፡2-4)።

ኣብ ቃል እግዚኣብሄር ዘሎ መብጽዓ ብትዕግስቲ እዩ ዝውረስ (እብ10፡32-36)። ብዓወት ክንመላለስ ነቲ ኣብ ሂወትና ዘሎ መገዲ ትዕግስቲ የድልየ እዩ (እብ12፡1)። ነቲ ቃል እግዚኣብሄር ብእምነት ምስ እንመላለሰሉ እዩ ዓወት ዝርከብ።

# ሕብራዊት ብርዒ

## ርእስና ንፈትሽ

### ኣዘምዱ

1

**ነብዩ ዝተነበዮ ትንቢት / መጽሓፍ**

| | |
|---|---|
| 1. ነብዩ _______ ወዲ ጴቱኤል | ሀ. ትንቢት ዘካርያስ |
| 2. ነብዩ _______ ወዲ በረኪያ | ለ. ትንቢት ናሆም |
| 3. ነብዩ _______ ወዲ ኣሞጽ | ሐ. ትንቢት ዮናስ |
| 4. ነብዩ _______ ወዲ ኩሺ | መ. ትንቢት ጸፎንያስ |
| 5. ነብዩ _______ ወዲ ህልቅያ | ረ. ትንቢት ኤርምያስ |
| 6. ነብዩ _______ ወዲ ኩዚ | ሰ. ትንቢት ህዝቅኤል |
| 7. ነብዩ _______ ወዲ ብኤር | ሸ. ትንቢት ሚክያስ |
| 8. ነብዩ _______ወዲ ኣሚታይ | ቀ. ትንቢት ኢሳይያስ |
| 9. ነብዩ _______ወዲ ሞረሽታይ | ቐ. ትንቢት ሆሴእ |
| 10. ነብዩ _______ወዲ ኣልቆሻዊ | በ. ትንቢት ዮኤል |

### ልዕሊ ኣእምሮ ዝኾኑ ተኣምራታት

1-ፉስ ኣብ ማይ ጸብለል ዝበለሉ - 2 ነገ 6፡6
2-ሩባ ዮርዳኖስ ንድሕሪት (ንዓቐብ) ዝተመለሰሉ - መዝ 114፡3
3-ጸሓይን ወርሕን ደው ዝበላሉ - እያ 10፡13
4-ጽሓይ 10 መድረኽ ንድሕሪት ዝተመለሰትሉ - ኢሳ 38፡3
5-ባሕሪ ከም ኩምራ (መንደቕ) ኣብ ክልተ ዝተመቐለሉ - መዝ 78፡13
6-ሬሳ ናይ ኤልሳእ ምዉት ዘተንስኣሉ - 2ነገ 13፡21

### ካብ ብሂል ናይ ኣምላኽ ሰባት

** “ምእዛዝ እቲ ዝዓበየ ደረጃ ኣምልኾ እዩ።” ጆን ፓይፐር

** “እቲ ኣምላኽ ዝሃበና ሓይሊ ትንሳኤ፣ ኣብ ናይ ህይወት ማዕበላት ዓወት፡

** ኣብ ኣፍደገ ሞት ድማ ተስፋ ንኽምጽኣልና ዝሓንጸጸ እዩ።” ዳግላስ ኮኔሊይ

** “ቀጻሊ ዓወት ዘለዎ መንፈሳዊ ህይወት መስቀልካ በብመዓልቲ ብምልዓል እዩ ዝርከብ።” ዎችማን ኒ

** “ብዘይካ የሱስ ዋላሓደ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይዛ ሃገር ኣይኮነን።” ስኬት

** ቀዳማይ ሚኒስተር ኒው ጊኒ፡ ብናቱ ዕድመ ኣብ ሃገሩ ዝተገብረ ናይ በንሂን ኮንፈረንስ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቡ ዝተኣመኖ።

** “ኣብዚ ቦታ እዚ ካትሪን ኩልማን ሽሕ ግዜ ሞይታ!” ካትሪን ኩልማን ነቲ ናብ መድረኽ ትድይበሉ መሳልል እናመልከተት ዝበለቶ።

** “እቲ ንኻልኦት ምሕረት ዘይገብር ነቲ ካብ ኣምላኽ ምሕረት ዝቕበለሉ ድልድል የዕኑ።” ጆን ዋይት

** “ሰይጣን ብፈተናን ስደትን ክሳዕ ጫፍ ገደል ሒዙና ይኸይድ። ግናኸ ንሱ ይጸድፍ እሞ ንሕና ኸኣ ንምለስ።” ፓስተር ጎይትኦም ገብረዮናስ

** “እንታይ (ጸጋ) ከም ዘለካ ዘይትፈልጥ እንተ ኼንካ፣ እንታይ (ጸጋ) ከም ተጥፍእ ኣይትፈልጥን።” ዘይተፈለጠ

** “ምንቕቓሓት ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ እዮም ዝውለዱ።” ዘይተፈለጠ

** “ኣብ ቤተክርስትያን ተስፋ ክህልወካ ኣገዳሲ እዩ። ምምቓል ተስፋ ኸኣ ዕዮ መንፈስ ቅዱስ እዩ።” ጆርጅ ኦህያ።

** “መኣዛ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ህልውና ኣምላኽ ዘይቀውም ኣይጸንሕን እዩ።” ጆን ፓይፐር

ምንጪ - መጽሄት ጠሊ ሄርሞን (ጎይታ ኣዕዚዙ ይባርኽኩም!)

## ምሳሕ ምስ ኣምላኽ

ሓደ ቆልዓ ንኣምላኽ ኪረኽቦ ደለየ። ስለዚ ከኣ ንቦርስኡ ከክልተ ቅያር ክዳውንቱን ብሽኮትን መሊኡ ጉዕዙኡ ጀመረ።

ነዊሕ ምስ ተጓዕዘ ድማ ደኺሙ ኣብ ሓደ ሳዕሪ ዘለዎ ቦታ ኮፍ በለ። ካብቲ ተማሊእዎ ዝነበረ ብሽኮቲ ኪበልዕ ምስ ተቐረበ ግን ሓንቲ ኣብ ገጸን ጓህን ጥሜትን ዝንበብ ዓባይ ሰበይቲ ኣብቲ ጥቓኡ ኮፍ ኢለን ረአየ።

ካብቲ ናቱ ብሽኮቲ ውን ሓንቲ ሃበን። እተን ሰበይቲ ብባህታን ፍሽኽታን ነታ ዝሃበን ብሽኮቲ ተቐቢለን በልዓኣ።

እቲ ቆልዓ እቲ ኣብተን ሰበይቲ ዝረኣዮ ፍሽኽታ ኣዝዩ ስለዝመሰጦ ደጊሙ ሃበን።
እቲ ኣብ መጀመርታ ዝረኣዮ ፍሽኽታ ውን ደጊሙ ርእይዎ።

እቲ ቆልዓ በቲ ዝርእዮ ዚነበረ ኣዝዩ ስለዝተሓጎሰ፣ ክልቲኦም ካብቲ ኮፍ ኢሎሞ ዝነበሩ ከይተሰኡ ነቲ ብሽኮቲ ክበልዑ፣ ምድሪ ሰማይ ጸልመተ። እቲ ቆልዓ ስለ ዝመሰዮ ናብ ገዝኡ ክብገስ ኢሉ ክልተ ሰለስተ ምስ ሰጎመ፣ ተመሊሱ መጺኡ ኣብዘን ሰበይቲ ተጠምጠመ። ንሰንውን በቲ ናይ ቅድም ባህታን ፍሽኽታን ሓቝፈን ሰዓማኦ።

እዚ ኩሉ ክገብሩ ግና ዋላሓደ ቃል ኣይተዘራረቡን።

እቲ ቆልዓ ናብ ገዝኡ ከይዱ ማዕጾ ናይ ገዝኡ ምስ ኳሕኩሐ፣ ኣዲኡ ከፊታቶ። ኣብ ገጹ ዝነበረ ባህታ ርእያ። “ሎሚ ደኣ እንታይ ረኺብካ፧” በለቶ።

ንሱ ኸኣ: “ሎሚ ምስ ኣምላኽ ተመሲሔ!” በላ። ዘረብኡ ቐጺሉ ኸኣ: “ማማ ትፈልጢ ዲኺ፣ ኣብ ህይወተይ ርእየዮ ዘይፈልጥ ፍሽኽታ እዩ ዘለዋ!” በላ።

እተን ሰበይቲ ውን እናተሓጎሳ ናብ ገዝ ኣን ከዳ። ኣብ ኣፍደገ ናይ ገዝኣን ኮይነን ማዕጾ ምስ ኳሕኩሓ ወደን ከፊተን ።

እቲ ወደን በቲ ኣብ ኣዲኡ ዝረኣዮ ሓጎስ ተገሪሙ: “ማማ ሎሚ ደኣ እንታይ ተረኺቡ፧ እንታይ ኢኺ ክንድዚ ተሓጒስኪ፧” በለን። ንሰን ከኣ: “ሎሚ ኣብ ሓደ መናፈሻ ምስ ኣምላኽ ምሳሕ ተመሲሔ!” በልኦ።

ዘረብኣን ብምቕጻል ከኣ: “ትፈልጥ ዲኻ፣ ካብቲ ኣነ ዝተጸበኹዎ ንላዕሊ መንእሰይ ኢዩ!” በልኦ።

እስከ ንዘክር፣ ኣምላኽ እንታይ ከም ዝመስል ዝረኣዮ ሰብ የለን።
ኣብ ህይወትና እንረኽቦም ሰባት ብዘይ ምኽንያት ናባና ኣይመጹን እዮም። ስለዚ ንኹሎም ብማዕረ ንቀበሎም። ንኣምላኽ ኣባና ከም ዚርእይዎ ንግበሮም።

# ሕብራዊት - ብርዒ

## ኩርናዕ - ግጥሚ

### እምንቶይ

እምንቶይ ኣምላኽ ሰማይ
ትምክሕተይ ኣምላኽ ሰማይ
ከሊ ልብሰይ ዘልዓለ
ደስታ ኣብ ልበይ ዘንበረ
ንሓሞኽሽቲ ርእሰይ ነጊፉ
ቅዱይ ዘይቲ ኣፍሲሱ
ንሓዘነይ ቀንጢጡ
ናብ ምስጋና ለዊጡ
ጽዩቕ ጨርቂ ጽድቀይ
ካባይ ኣርሒቕዎ
ጽድቂ ገዛእ ርእሱ
ኣባይ ኣንቢርዎ።

ኣቤት እቲ ዝእመና ኣምላኸይ!
ንሱ እዩ 'ቲ እንኮ እምንቶይ፣
ዘይ ብኹናት ሰይፊ
ጸላእተይ ይሃድሙ
ንዓይ ርእዮም መዓስ ኮይኖም
ኣምላኸይ እንደኣሉ፣
ከፉእ ምኽነይ ረሲዑ
ፍቕሩ ምስ ሃበኒ
ኣነ ተሓዲሰ
መንፈሱ ኣትዩኒ።

ከወጽእ ከኣቱ ብመላእኽቲ ቐጺሩ
ይሕልወኒ 'ዩ ከይጉድኦ ኢሉ።

ብሓያሉ ሓያል ገይሩኒ
ብፍቕሩ ምድሓኑ ኣርእዩኒ።
ብብርሃኑ ብርሃን ኮይነ ኣነ
ብኣምላኸይ ክንደይ ተዓዲለ።

ምድሪኳ እንተ ተገልበጠት
ሰራዊት እንተተላዕለኒ
ኣነ ዝውከሎ
እሙን ኣምላኽ ኣሎኒ።
ማያት እንተዓፈረ ዋላ ቐላይ
እምንቶይሲ ንሱ 'ዩ ኣምላኽ
ሰማይ።

## ኩርናዕ - ስእሊ

### ናይ እያሱ ወለዶ ንቕድሚት !



### ተዓዚብካኒ

ንሓንቲ ስራሕ ዘይነበራ ሓብቲ ኣሕዋት መጺኣም፡ "ምስ ሞያኺ ትኸይድ ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ ወጺኣ ስለ ዘላ፣ ኬድኪ ኣመልክቲ" በልዋ። እታ ሓብቲ ድማ ኣለኒ ዝበለቶ ኩሉ ሰነዳታ ኣዋዲዳ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ኣረከበት። ክንዮ እቲ ዝነበራ ወረቓቕቲ፣ ንሳ ናይ ጎይታ ስለዝኾነት፡ "ክቕንዓኒ እዩ! ክዕወት እየ!" ኢላ ተስፋ ገበረት። እንተኾነ ግን ነታ ስራሕ ኣይተዓወተትላን።

እዚ ብዝርኣየት ድማ ሕማቕ ተሰምዓ። ኣዝያ ውን ጉሃየት። ካብ ምረት ድማ፡ "ጎይታ ተዓዚበካ!..." ኢላ ጸለየት።
ድሕሪ ቅሩብ ግዜ ኸኣ እቶም ኣሕዋት ናብኣ መጺኦም፡ "ሕጂ ውን ካልእ ናይ ስራሕ ዕድል ተኸፊቱ ኣሎ እሞ ኣመልክቲ" በልዋ።

እታ ሓብቲ፣ ነቲ መምዘኒ ነጥብታት ምስ ርኣየቶ ኸኣ ክንዮ ደረጃ ትምህርታ ነበረ። ሽዑ ድማ ንሳ፡ "ኣብ ደረጃይን ኣብ ዓቕመይን ተወዳዲረ እኳ ዘይትዓወትኩስ፣ ካብ ዓቕመይ ንላዕሊ ምስ ዝኾኑ ሰባት ተወዳዲረ ክዕወት? እዝስ ዘይመስል እዩ።" ኢላ ንሓሳብ እቶም ኣሕዋት ነጸገቶ።

ንሶም ግና ደጋጊሞም ኣረድእዋን ኣበራትዕዋን። ኣብ መወዳእታ ኸኣ እታ ሓብቲ ንስለ ምፍታን ኢላ ኣብታ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ዝነበራ ትካል ኣመልከተት። ካብ ትጽቢታ ወጻኢ ድማ ንሳ ተዓዋቲት ኮነት። እዚ ምስ ርኣየት ድማ፣ በቲ ኣቓዲማ ዝገበረቶ ነገር ሓፊራ ናብ ኣምላኻ ብትሕትና ቀሪባ፡ "ጎይታ ተዓዚብካኒ!..." ኢላ ጸለየት።

# ናይ የሱስ ህጻናት

### “መን ይበልጽ፧”

ሓደ ምዓልቲ፣ እዝኒ፣ ኣብ ሓደ ነዊሕ ከረን ተበላዕካዮ ንዘልኣለም ዘንብር ምቑር ፍረ ትፈሪ ኦም ከም ዘላ ሰምዐት እሞ ንብጾታ ዓይኒ፡ ኣፍንጫ፡ መልሓስ፡ እግሪ፡ ኢድ፡ ከተበስርም ከደት። ሽዑ ኹሎም ተሓጎሱ። ናብቲ ቦታ ብሓደ ክኸዱ እሞ ነቲ መግቢ ክማቐልዎ ውን ተሰማምዑ። ከይተበገሱ ኸለዉ ግና ሓደ ዘየሳኒ ሓሳብ ተላዕለ። ንሱ ድማ ንኣመቓቕላ ናይቲ ነገር ዝምልከት ዓይኒ ዘምጽኣቶ ካብ ስስዐ ዝነቕለ ሓሳብ እዩ።

ዓይኒ፡ “ኣነ ብርሃን ናይ ኩላትኩም እየ። ስለዚ ዕጽፊ ግደ ኢኹም ክትህቡኒ ዘለኩም። እንተዘይኮይኑ ግን ምሳኹም ኣይከይድን እየ። ብዘይ ብኣይ ከኣ ኮለል ኢልኩም ብዘይ ፍረ ክትምለሱ ኢኹም እምበር፣ ተፍርይዎ ነገር የሎን።”እያ ዝበለቶም።

በቲ ነገር ደስ እኳ እንተዘይበሎም፣ ብዘይካ እግሪስ ኩሎም ነቲ ሓሳብ ተቐቢሎሞ ነይሮም እዮም። እግሪ ግን፡ “ከምኡ እንተኾይኑ ደኣ ንዓይ ውን ዕጽፊ ግደ ኢኹም ክትህቡኒ ዘለኩም።

“ከም ናይ ዓይኒ ዕጽፊ እንተዘይ ተዋሂበ ግን ካብዚኣ ምንቅ ኣይብልን እየ። እዚ ኹሉ ጎቦታትን ስንጭሮታትን ብዘይ ብኣይ ክትበጽሕዎ



ከምዘይትኽእሉ ኸኣ ርዱእ እዩ።” በሎም።

ዋላኳ ዓይኒ ፍቓደኛ ተኾነት፣ ብዘይ እግሪ ግና ኣብኡ ክብጻሕ ስለዘይክኣል፣ ተገዲዶም ንድሌት እግሪ ከተግብሩ ቃል ኣተዉ። ጸኒሑ ውን ኢድ ኣደመ። ንሱ ብግዲኡ፡ “ኣብቲ ቦታ ምስ በጻሕና ብዘይ ብኣይ ናብቲ ኣእዋም ክትሓኹሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ነቲ ፍረ ዘቕንጥቦ ድማ ኣነ ባዕለይ እየ። ኣነ ውን ዕጽፊ እንተ ዘይተዋሂቡኒ ምሳኹም ኣይነቕልን እየ።” በሎም።

እዝኒ ውን እንተኾነት፡ “ዘይ ኣነስ ሲቢ ኣዕብየ እየ እምበር፣ ቀዳማይ ሓበሬታ ናይ ዘምጻእኩ፣ ከም ካልኣይ ነጥቢ ድማ ኣብቲ ዕሙር ኣግራብ ምስ ኣተና፣ ካብ ዝኾነ ሓደጋ ሓራ ምእንቲ ክትኮኑ ተጸናጺነ ስለ ዘድሕነኩም ዕጽፊ ግደ ኢኹም ክትህቡኒ ዘለኹም።” ኢላ ዕጽፊ ክህብዋ ብግዲ በሎቶም።



ኣፍንጫን መልሓስን ውን፣ ዘእምን ምኽንያት ኣቕሪቦም ዕጽፊ ክወስዱ ከም ዝግብኦም ኣረድኡ። “ንዓይ እዩ ዕጽፊ ዝግብኣኒ”፡ “ንዓይ እባ ደኣ” እናተባሃሃሉ ሓድሕድ ስለ ዝተኳራረዩ ጸጸግዖም ሓዙ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ድማ እዩ እቲ ደቂሱ ዝጸንሐ ሓንጎል ዝመጸ። ነገሮም ብዝፈለጠ ድማ ኣዝዩ ሓዘነ። ዓይኒ ብዘይ እዝኒ፡ ኢድን እግርን ውን



ብዘይ ኣፍንጫን መልሓስን ዋልሓደ ክገብሩ ከምዘይክእሉ ነገሮም።

ኣብ ሓድሕዶም ዘሎ ጸጋ ክገልጽ፣ ነፍስወከፎም ከኣ ክባረኹ እንተኾይኖም ብፍቕሪ፡ ብሓልዮት፡ ብዘይ ስስዐት ይኣኽለኒ ብምባል ሓቢሮም ክሰርሑ ከም ዘለዎም ከረድአ፡ “እንሆ ኣሕዋት ብሓደ ሓቢሮም ኪነብሩስ፣ ክንደይ ሰናይን ክንደይ ጥዑምን እዩ። ከምቲ ክቡር ዘይቲ ኣብ ርእሲ፡ ኣብ ጭሕሚ፡ ኣብ ጭሕሚ ኣሮን፣ ናብቲ ዘፈር ልብሱ ዚወርድ እዩ። እግዚኣብሄር ኣብኣ በረኸትን ህይወትን ንዘለኣለምን ኣዚዙ እዩ እሞ፣ ከምቲ ናብ ኣኽራን ጽዮን ዚወርድ ጠሊ ሄርሞን እዩ።” ኢሉ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምኽሪ ለገሰሎም (መዝ133፡1-3)።



ሽዑ ኩላቶም ማዕረ ኣገዳስነት ከም ዘለዎም፡ ሓደ ካብ ሓደ ውን ከምዘይበላለጹ ኣሚኖም ጌግኦም ኣረሙ።

“ይቕረ” ተበሃሂሎም ውን ብስኒት ጉዕዝኦም ጀመሩ። ብዓወት ናብቲ ቦታ ምስ በጽሑ ድማ ካብታ ንዘልኣለም ዘንብር ምቑር ፍረ ትፈሪ ኦም ተቛደሱ።

ካብታ ግዜ እቲኣ ንደሓር ድማ ኣብ ፍቕርን ሕብረትን ዘሎ ህይወትን በረኸቱን ዕዙዝ ምዃኑ ተረዲኦም፣ ነቲ ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ጌሮም ክሕልውዎ ተጋደሉ (ኤፌ4፡3)።

ፍቱዋት ናይ የሱስ ህጻናት፣ ካብዛ ዛንታ እንታይ ተማሂርኩም፧

ኣሰይ! ንፉዓት! በሉ ምስቶም ጎይታ ንበረኸትኩም ኢሉ ዝሃበኩም ኣሕዋት፣ ንዓይ ንዓይ ኣይትበሃሃሉ፡ ምስኦም ኣይትወዳደሩ፡ ኩሉ ግዜ ኣፍቕርዎም፡ ሓግዝዎም፡ ጸልዩሎም፡ ካብቲ ጎይታ ዝመሃረኩም ከኣ ኣካፍልዎም!

ሕራይ ‘ዶ፧ ጎይታ ይባርኽኩም! ቻው በሉ!